ናይ ዕለታዊ ንበብ
"መዓልታዊ ትንቢታዊ ቃል ንዓኻ"

ሕታም 2

ሚያዝያ – ጉንበት – ሰነ
2025


# ጥዑም ብስራት
## መዓልታዊ



**ናጻ**
ክሽየጥ ይብሉን
እዚ ናይ ዕለታዊ ንባብ
ብተሓባበርትና ድሮ ስለ እተኸፍለሉ
ብናጻ ኽትዝርጋሕ ኣለዎ።

ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። (መጽሓፍ ምሳሌ 25:25)

Uebert & BeBe
ANGEL



## ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ናይ ምሉእ ግዜ ኣገልግሎት ብምንጣፍ፣ ናብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ብምብሳር፣ ከምኡውን ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምእዋጅ ፈለምትን መራሕትን ድምጺ ኰይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ክልቲኦም Spiritual Warfare, Intimacy, Prayer Banks, Supernatural Power of The Believer ከምኡውን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ብምድራስ፣ ኣዝዮም ህቡባት ደረስቲ ኢዮም።

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ኣብ መላእ ዓለም ተደለይቲ ዝኾኑ መደርቲ ዋዕላ (conference) እዮም። ከም ዓለምለኻዊ መራሕቲ መጠን ድማ በቲ ዘለዎም ራኢ፣ ምህዞን ትብዓትን ክብሪ ረኺቦም እዮም። ከም መስረትቲ ቤተ-ክርስትያን ዘ ጉድ ኒውስ ቸርች (ስፒሪት ኤምባሲ) (The Good News church (Spirit Embassy)) ምኳኖምን ናይ ነብዪ ኦፊስ ብምሓዞምን፣ ነፍሳት ንምድሓን ኣብ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ንምዝርጋሕ ዘለዎም ወፈያን፣ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዚቑጸሩ ሰባት ተንኪፉን ደሪኹን እዩ።

## ብዛዕባ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዕለታዊ ንባብ

ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ዓመት መንፈሳዊ ሃብቲ ንምሃብ ብጥንቃቐ ዝተጻሕፈት ልዑል ክብሪ ዘለዋ ናይ ክርስትና ጸጋ እያ። ንኣንበብቲ ክርስቶስ ዘማእከለ ህይወት ንምምራሕ ዝዓለመ ዓሚቝ ርድኢታትን፣ ሓያል ምግላጻትን፣ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጃትን ተቕርብ። እዚ ድማ ኣብቲ ለውጢ ዘምጽእ ትምህርትን ምግላጽን ናይ ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ረርብዒ ዓመት እናተሓትመት፣ እዛ መጽሓፍ ናብ መላእ ዓለም ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጕማ ብናጻ ብምዝርጋሓን፣ ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታት ብምስጋራን፣ ከምኡ ውን ነቲ ህይወት ዝልውጥ መልእኽትታታ ኣብ መላእ ዓለም ብምብጽሓ ጸብለል ዝበለት ኢላ ትርከብ።



ሰሉስ፣ 1 ሚያዝያ

# ኣይትውደቕ

**መልእኽቲ ይሁዳ 1:24**
**ነቲ ኻብ ውድቀት ዘበለ ኺሕልወኩም፡ ብሓጐስውን ብዘይ ነውሪ ኣብ ቅድሚ ኽብሩ ኬቐውመኩም ዚከኣሎ፡**

ብዙሓት ክርስትያናት ካብ ኣብ ንመንፈሳዊ ህይወቶም ንላዕሊ ኣብ ናይ ስጋዊ ህይወቶም ዘተኮረ ኣዘራርባን ቃላትን ይግደሱ። ። ብዙሓት ንናይ ሂወቶም መምርሒ ኣብክንዲ ከም ክርስትያናት ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ማለት ብጸጋ የሱስ ክርስቶስ ምምባርሲ ኣብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ሕግታት የተኩሩ።ሓድሽ ኪዳን ክንብል ከለና፣ እቲ ካብ ድሕሪ ወንጌል ማቴዎስ ዝተጻሕፈ ማለት ዘይኮነስ፣ ከምቲ ኣብ እብራውያን 9:16-17 ዝገልጾ፣ ፣ ሓድሽ ኪዳን ካብ ሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ ኢዩ ዝጅምር።

ብዙሓት ክርስትያናት ካብ ብሉይ ኪዳን ዝኣምኑሉ ልሙድ ሓረግ ንርአ፡ "ጻድቕ [ሰብ] ሾብዓተ ሳዕ ይወድቕ እሞ ይትንስእ።" እዚ ሓቂ እኳ እንተኾነ ንክርስትያናት ሓድሽ ኪዳን ግን ንእሽተይ ኣተሓሳስባ ወይ ምግላጽ እዩ። ኣብ መልእኽቲ ይሁዳ፣ ኣምላኽ ንኸይንወድቕ ክሕልወና ከም ዝኽእል ይነግረና። በዚ ዝበለጸ ሓቂ፡ ነቒሕና፣ ኣምላኽ ናብ ሓጢኣት ከይትወድቅ ዝከላኸለልካ ሓያል ምኳኑ እመን። በዚ ጸኒዕካ ውን "ኣይወድቕን እየ" በል።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብሓይሊ ኣምላኽ እየ ዝድገፍ። ብጸጋን ሓይልን እግዚኣቢሄር፣ ካብ ሓጢኣት ነጻ ንኽኸውን ከም ዘኽእለኒ ይፈልጥ። ብጸጋ ተመሪሐ ውን ዕዉት ህይወት ክነብር ክኢለ እየ። ኣብዚኣ ዓመት እዚኣ ኣይወድቕን እየ፦ ጐይታ ሓላውየይ እዩ እሞ ብዘይ ጉድለት ብብዙሕ ሓጐስ ክቀርብ ኢየ። ሃሌሉያ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 6:1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 30:11-31:13; 2 ሳሙኤል 1-2





# ብሓዊ ሃብታም

**መዝሙር ዳዊት 5:3**
**ኣንጊህካ ንድምጸይ ትሰምዖ ኢኻ፣**

ብኹሉ ወገን ህይወት ጸገማት ኣጋጢሙካ ይፈልጥዶ፧ ኩሉ ጸገምን ኩሉ ብድሆን ኩሉ ዘጋጥመካ ዕንቅፋትን መንፈሳዊ መልሲ ኣለዎ፡ እቲ መልሲ ድማ ሓዊ እዩ።

የሱስ ባዕሉ ነዚ ተረዲእዎ እዩ። ዋላ እኳ ነታ መዓልቲ ናብ ህላወ እንተ ኣምጽኣ፡ ሓዊ ኣብ ዘይኣውፈርካላ ወይ ድማ ዘይዘራእካላ መዓልቲ ክትኣቱ ከም ዘይትኽእል ይፈልጥ ነይሩ። ጸሓይ ቅድሚ ምብራቃ ኣንጊሁ ተንሲኡ ናብታ እትቕጽል መዓልቲ ሓዊ ከባርዕ ይጅምር። እቲ ንመዓልትታት ዝፈጠረ እምላኽ ብሓዊ ኪዳሎ ካብ ደለየ፣ ንሕና ደኣ ኸንደይ ኣብዚሕና ዘይንዳሎ፧

ኩሉ ጸገም ሓደ ዓይነት ደረጃ ሓዊ ዝሓትት ኣይኮነን። ከምቲ ኣውፈርቲ ዝተፈላለዩ ዕዳጋታት ዝተፈላለየ ስትራተጂ ከም ዝሓትት ዝርድኡ፡ ገለ ጸገማት ድማ ዝዓበየ ወፍሪ ሓዊ ከም ዝሓትት ክንፈልጥ ይግባእ።

ነቲ ኣብ ስድራ ቤትካ ኣብ ስራሕካ ወይ ኣብ ጥዕናኻ ዘጋጥመካ ብድሆታት ንምስጋር እኹል ሓዊ ኣለካዶ፧ ከይተዳሎኻ ናብ መዓልትኻ ኣይትእቶ። እቲ ጸገም እንታይ ምኳኑ ብዘየገድስ መልሲ እዛ ሕቶ እዚኣ ሓዊ እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዛ ዓመት እዚኣ ብዘይ ሓዊ ሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ከም ዘይኣቱ ኣዋጅ ኣውጻእኩ። እኹል ጅግንነታዊ ተግባር ክገብር ዝኽእል ብቢልዮናት ዝቕጻር ሓዊ ኣሎኒ። ናይ ጸሎት ህይወተይ ዳግማይ ይቃጸል ኣሎ። ኩሉ ጸገማት ብሓያል ስም ኢየሱስ ኵውዳእ እዩ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ነገስት 18:38

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ሳሙኤል 3:1-6:11



ሓሙስ፣ 3 ሚያዝያ

# ፍታሕ ተዛረብ

**2ይ ነገስት 4:2**
**ኤልሳሕ ድማ፡ እንታይ እሞ ኽገብረልኪ፧**

ኣምላኽ ዋላ ሓንቲ ጸገም ከም ዘይብሉ ሓሲብካሉ ትፈልጥዶ፧ ዝኾነ ይኹን ኣካል ኽቃወሞ ስለ ዘይክእል ጸላእቲ የብሉን። ኣዝዩ ዓብዪ ስለ ዝኾነ ኸኣ ጸላእቲ ኺህልዉዎ ኣይክእሉን እዮም፣ ጸገማት ውን ካብ ህላወኡ ይሃድሙ እዮም።

ሕጂ፡ እዚ ስምዑ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ክርስቶስ ከምዘለና ይነግረና፣ እዚ ማለት ድማ ኣብቲ ጸገም ዘይብሉ ኣለና ማለት እዩ። ግና፡ ሓደ ኻብቲ ዓብዪ ጌጋታት ክርስትያናት ዚገብርዎ፡ ሓደ ሰብ ካብ ጸገማቶም ከናግፎም ምጽባይ እዩ። እዚ ኸኣ፥ ገና ብክርስቶስ መን ምዃኖም ከምዘይፈለጡ መርትዖ እዩ።

ጐይታ የሱስ ንዓይ ዝረኣየ ንኣምላኽ ራኣየ በለ። ንስኻ እውን ከምኡ ክትብል ትኽእል ኢኻ። መድሓኒ ዝጽበ ዘሎ ንስኻ ኣይኮንካን፤ ንስኻ ኢኻ እቲ መድሓኒ። ኤልሳእ ተሸካሚ ፍታሕ ምኳኑ ፈሊጡ። ንስኻ ውን መፍትሒታት ሒዝካ ኪድ። ከም ኦራክል፡ኣፍ፡ኣምላኽ ኢኻ ። ዝኾነ ነገር ጸገም ከምጽእ ኣብ ቅድሜኻ ርእሱ ከልዕል ዝደፈረ ፡ ኣዚዝካ መፍትሒኡ ተዛረቦ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣዝየ ዓቢ እየ ብዲያብሎስ ክሽገር ኣይክእልን ኢየ። ንኣምላኽ ተሰኪመዮ ኣለኹ፤ ስለዚ መፍትሒታት ተሰኪመ እየ ዝኸይድ። ንዓይ ምስ ረኣኻኒ ንኣምላኽ ትርእዮ። ኣነ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ፣ ኣነ መድሓኒ እየ፤ ኣነ ምስ መጻኹ፣ ጸገማት ይወጹ። ሕጂ ከም ቃለ እግዚኣብሔር እየ ዝዛረብን ንነፍሲ ወከፍ ጉዳይ እእዝዞን፣ ብስም የሱስ ውጹ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ዮሃንስ 14:9

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ሳሙኤል 6:12-10:19



ዓርቢ፣ 4 ሚያዝያ

# ንህይወት ዝተዳለወ መደብ

**2ይ ቆረንቶስ 5:17**
**ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኲሉ ሓድሽ ኰይኑ።**

ኵሉ ሓሳባት ኣብ ዲኤንኤ (DNA) ኢዩ ተደኲኑ ዘሎ። ብዛዕባ እዚ ኣብታ ጀነቲክስ ኦቭ ዎርድስ (Genetics of Words) ዘርእስታ መጽሓፈይ ኣስፊሐ ተዛሪበሉ ኣለኹ። እዚ ጽሑፍ እዚ ካብ ኣቦሓጎታትካ ዝረኸብካዮ ጽቡቕን ክፉእን ሓሳባት ዜጠቓልል እዩ፣ እዚ ሓሳባት እዚ ንዓኻ እውን ተመሓላሊፍልካ ኣሎ ኣብ ዲኤንኤ (DNA)። ነዚ ንምኽፋት ግን ቃላትካ ኣገዳሲ ኢዩ።

ሓካይም ሓደ ሕማም እንተ ኣስፋሕፊሑ፣ ጠንቂ ሓደ ሰብ ከም ዝኾነ ስለ ዚርድኦም፣ ብዛዕባ ታሪኽ ጥዕና ስድራ ቤቶም ይሓቱ። እዞም ሓካይም እዚኣቶም ንመሰረታዊ ስርዓታት ስነ መትኒ (Neuroscience) ወላ እንተ ዘይተረዲኦምዎ ኣምላኽ ግን ከምኡ እዩ ዚገብር፣ እቲ ቐንዲ ረቛሒ ኸኣ ቃላትካ እዩ፡- ብህይወት፡ ትነብር፡ ትመውት፡ ትትንስእ፡ ወይ ትወድቕ፡ ኲሉ ብቓላትካ።

ዋላ እኳ ብምኽንያት ስጋዊ ስድራቤትካ ብጀነቲካዊ (Genetically) መንገዲ ንሕማም፡ ንውድቀት ወይ ንጉድለት ዝተቓላዕካ እንተኾንካ፡ ከም ክርስትያን ግን ድሕሪ ሕጂ ምስ ዝኾነ ኣሉታዊ መደብ ኣይተኣሰርካን። ናይ ኣምላኽ ዲኤንኤ (DNA) ኣለካ። ብቓላትካ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን “ውርሻ” (inherited) ደረት ስልጣን ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ። ንብዙሕ ህይወትን ጥዕናን ጽቡቕ ዓወትን ኣወጅ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንባዮሎጂካውን መንፈሳውን ዲኤንኤ ናይ ስድራይ ቀየርኩ፣ ኣብ መስመር ደመይ ብልጽግና የእተኹ። ስጋይ ቤተ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ እዩ፡ ክርስቶስ ድማ ኣባይ ይነብር። ንኹሉ ቃንዛ፡ ሕማም፡ ውድቀትን ስእነትን እነጽግ። ጥዕናን ብዙሕ ዓወትን ብሓጎስን ሰላምን ዝተመልአ ህይወት ብስም የሱስ እእውጅ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ዮሃንስ 10:10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ሳሙኤል11-13





# ወኪል ለውጢ

**ወንጌል ማቴዎስ 5:13**
**ንስኻትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም። ጨው መቐረቱ እንተ ኸደ፡ ብምንታይ ይምቅር፧ ...**

ጨውሲ ጨው ካብ ምዃን ኣየቋርጽን እዩ። ይኹን እምበር፡ ምስ ተበከለ፡ ምስ መኸኸ፡ ወይ ምስ ኵነታት ኣየር ተቃሊዑ መቐረቱን ስርሑን ከጥፍእ ይኽእል እዩ። ብተመሳሳሊ፥ ክርስትያናት ብርስሓት ዓለም ተጸልዮም ወይ ብሸለልትነት እምነቶም ክትፈርስ እንተፈቒዶም መንፈሳዊ ጽልዋኦም ከጥፍኡ ይኽእሉ እዮም።

ኢየሱስ "ጨው ምድሪ" ኢሉ ይጽውዓና፣ ዕላማና ኸኣ ኣብ ከባቢና ዘሎ ዓለም ምዕቃብን መኣዛ ምውሳኽን ምዃኑ የዘኻኽረና። ህይወትናን ክብርታትናን እንተ "ተበኪሉ" ወይ ብጒድለት እምነት "እንተፈረሳ" ግን፡ እቲ ጽልዋ ከሕድር ዝኽእል ክእለትና ይንእስ።

ከም "ጨው ምድሪ" ምኳንና ዕላማና እንተ ፈሊጥና፡ ነቲ ኣምላኽ ክንዕቅቦን ከነጽርዮን ክንልውጦን ዝሃበና ዓሚቝ ጽልዋ ከነስተውዕል ንኽእል ኢና። ልክዕ ከምቲ ጨው ንከባቢኡ ዝቕይሮ ንሕና እውን ከም ወከልቲ ኣምላኽ መጠንን ሕብረት መንግስቱን፣ ሃዋህው ክንቅይርን ዑደታት ክንሰብርን ህይወት ክንዛረብን ስልጣን ተዋሂቡና ኣሎ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኣብ ስድራ ቤተይን ማሕበረሰበይን መንግስተይን ከም መርገም ሰባሪ ኮይነ ይዛረብ ኣለኹ። ብዘይ ናተይ ፍቃድ ኸኣ ኣብ ሃገር ወይ ሃገራዊ መንግስቲ ፖሊሲ ዝሕንጸጽ የለን። ኣነ ናይ ዘባ ኣዛዚ ኢየ። እቲ ዝዛረቦ ቓላት ከኣ ነቲ ጻድቕ ዕላማ ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ኰውዕል እዩ ብሓያል ስም የሱስ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ናብ ሰብ ሮሜ 12:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ሳሙኤል 14-16




ሰንበት፣ 6 ሚያዝያ

# እተዓጽወ

**ትንቢት ኢሳይያስ 59:19**
**ጸላኢ ኸም ውሒዝ ደረኹ እንተ መጸ፡ ትንፋስ እግዚኣብሄር ኪሰጎ እዩ።**

ኣብ ትንቢት ዘካርያስ 2:8፣ እግዚኣብሄር ጐይታ መርዓት ዓይኑ ኢሉ ይጽውዐና፣ ዓይኒ፣ ሓንቲ ኻብተን ኣዝዩ ተነቃፊ ኽፍልታት ኣካላትና ዝኾነት እያ። ስለዚ፣ ከይትጐዳእ ባዕላ ትከላኸልን ብንብዓት ውን ነብሳ እተጽርየሉ ብሉጽ ክእለት ኣለዋ።

እግዚኣብሄር ንህዝቡ ከም ዋልታ ኮይኑ፣ ጸላኢ ክጎድኣና ወይ ከፈራርሖና ከሎ ይከላኸለልና። ልክዕ ከምቲ ዓይኒ ብሓመድ፡ ብተረር ብርሃን፡ ወይ ብሓደጋ ክትንከፍ እትኽእል፡ ህይወትና እውን መንፈሳዊ መጥቃዕቲ ከጋጥማ ይኽእል እዩ። ከምቲ እግዚኣብሔር ንዘካርያስ ዝሃቦ ኣዋጅ፣ ዝኾነ ኣብ ልዕሌና ዝመጽእ መጥቃዕቲ እግዚኣብሄር ባዕሉ ሓላፍነት ከም ዝወስደሉ የዘኻኽረና።

ኣብ ክርስቶስ ስለዘለኻ ብእግዚኣብሔር ዝተሓለወን፡ ካብ ማእከል ሓደጋ ውን ከይተረፈ ዝተዓሸግካን ኢኻ። ኣብዚኣ ዓመት እዚኣ ኸኣ ዝኾነ ኣንጻርካ ዝተፈጥረ ኣጽዋር ኽሲ ኣይክትንክፈካን እዩ፡ ምኽንያቱ ኣምላኽ ተኸላኺላይካን ኣብ ዝኾነ ግዜ ውን ካብ መጥቃዕቲ ንክሕልወካ ድሉው እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ እግዚኣብሄር መርዓት ዓይኑን ካብ ኵሉ መጥቃዕቲ እተዓቐብኩን እየ። ጸላኢ ከም ሓያል ውሕጅ እኳ እንተመጸ፡ መንፈስ ጐይታግና ንዕቤት ጸላኢ ደው ንምባል ብሓይሊ ከም ዘየቋርጽ ይገብሮ። ክትንክፈኒ ዝኽእል ጉድኣት የለን፣ ብጐይታ ሰራዊት፣ ዘይድፈር ተሓላቒየይ እየ ዝሕሎ፦ ድያብሎስ ተዓጊትካ ኢኻ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ትንቢት ዘካርያስ 2:8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ሳሙኤል 17-19



ሰኑይ፣ 7 ሚያዝያ

# ውጹእ ሓራ

**ወንጌል ዮሃንስ 8:32**
**ንሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኽተውጽኣኩም እያ።**

ናጽነት ኣውቶማቲክ ኣይኮነን፤ ሓቂ ብምፍላጥ እዩ ዝመጽእ። ኣብ እዋን ኣዋጅ ሓርነት ጊላታት፡ ባሮት ዝኾኑ ሰባት ነጻ ምዃኖም ተኣዊጁ። ምስናይዚ ግን ብዙሓት ነቲ ዜና ስለዘይሰምዑ ወይ ስለዘይኣመኑ ካብ ባርነት ኣይተናገፉን። ብተመሳሳሊ ብመንፈሳዊ መዳይ ሓራ ክንከውን ንኽእል ኢና፡ ግን ነዚ ሓቂ እዚ እንተዘይፈሊጥናዮን እንተዘይተግቢርናዮን ገና ምሩኻት ኮይንና ክንነብር ኢና።

ናጻ "ምዃንን" "ምስራሕን" ፍልልይ ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ቆፎ ተዓጽያ ዘላ ዑፍ እሞ ሕሰብ። ማዕጾ ጋብላ እንተተኸፊቱ፡ እታ ዑፍ ናጻ ትወጽእ፡ ግን ክትነፍር ከም እትኽእል እንተዘይተረዲኣቶ፡ ብሓቂ ኣብቲ ናጽነት ክትነብር ናጻ ኣይኮነትን። ብተግባር ነጻ ምዃን ማለት ተመክሮኣዊ ፍልጠት ምህላውን በቲ ሓቂ ቃል ምንባርን ማለት እዩ።

ነቲ ሓቂ 'ክንፈልጦ'፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ክንጥሕል ኣሎና፡ ድሕሪኡ ድማ ብእምነት ክንዋሳእ ኣሎና። ከምዚ እንገብር ዘለና ሓራ ስለ ዝወጻእና ጥራይ ዘይኮነ ሓራ ውን ስለ ዝኾና ኢዩ። ድሕሪ ሕጂ ብድንቁርና ባርያ ምዃን እበ፦ ነቲ ቃል ፍለጦ ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብድንቁርና ኣይክእሰርን ኢየ። ኣብቲ ሓቂ ቓል ክጥሕል ብእምነት ክዋሳእ ከለኹ ድማ ኣብ ህይወተይ ዘሎ ኹሉ ሰንሰለት ክስበር እዩ። ኣብቲ ክርስቶስ ዝሃበኒ ሓርነት ብትብዓት እየ ዝነብር። መዓልታዊ ኣብ ዓወት ክነብር ምሉእ ብምሉእ ነጻ ኮይነ ኢየ፦ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ሳሙኤል 20:1-22:34



ሰሉስ፣ 8 ሚያዝያ

# ንቓሕ

**ወንጌል ማቴዎስ 13:25**
**እቶም ሰብ ደቂሶም ከለዉ፡ ጸላኢ መጺ፡ ኣብቲ ማእከል ስርናይ ድማ ክርዳድ ዘሪኡ ኸደ።**

ንቓሕ ማለት ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ነገራት ከተስተውዕሎ ምኽኣል ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ዝበለጸ ኣብነትና እዩ። መጽሐፍ ቅዱስ ፈጺሙ ከምዘይድቅስ ይነግረና (መዝሙር ዳዊት 121:4)። ንሱ ኩሉ ግዜ ንቑሕን ኣብ ሓለዋን ስለ ዝኾነ፣ ዋላ ሓደ ከታልሎ ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ነገር ውን ፈጺሙ ኣይስእንን እዩ፤ ንሱ ሓላዊ እዩ።

እቲ ዘሕዝን ግን፣ ብዙሓት ክርስትያናት ነዚ ፍሉይ ባህርይ ኣምላኽ ዕሽሽ ይብሉ እዮም። ጸላኢና ንእተወሰነ እዋን መንፈሳዊ ድቂ ኽሳዕ ዚዘርእ ከም ዝጽበ ኣይግንዘቡን እዮም። ጐይታ የሱስ ድማ፣ ነዚ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 26:41 ኣብ ፈተና ወይ ጐድኣት ምእንቲ ኸይንወድቕ ክንጥንቀቕን ክንጽልን ተማሕጺኑና ኣሎ።

ጸላኢ መንፈሳዊ ፈዛዝ ክትከውን እዩ ዝምነ፣ ምእንቲ ነቲ ትኽስክኣ ክጥቀመሉ። ስለዚ ንቑሓት ኴንና ንኣምላኽ ክንደሊ ኣሎና። ጸገማት ንቤትካ ኽሳዕ ዚወቕዓካ ኣይትጸበ። ንጡፍ ሓላዊ ኹን፣ ጸላኢ ምስ መጸ፡ ንቑሕ ኮይኑ ንኽረኽበካ ናይ ምሉእ ለይቲ ጸሎት ኣዳሉ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንህይወተይን ስድራይን ገንዘበይን ደው ኢለ እየ ዝከታተል። ብመዓልቲ ሽግር ኣይክተሓዝን እየ። ካብ ኵሉ መጥቃዕቲ ንኽከላኸለሉ ሓይሊ ተዓጢቐ እለኹ። ኣነ ሓላዊ እየ፣ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ፣ እቲ ኩሉ ዝህበኒ ኣቦ ሰለዘለኒ፣ ዋላ ሓንቲ ኣይስእንን እየ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር ዳዊት 132:4-5

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቅሲ፡ 2ይ ሳሙኤል 22:35-24:17



ረቡዕ፣ 9 ሚያዝያ

# ኣኽራን ተግዕዝ

**ትንቢት ዘካርያስ 4:7**
**መን ኢኻ፧ ኣብ ቅድሚ ዘሩባቤል ጐልጐል ክትከውን ኢኻ።**

ከረን ኤቨረስት፡ 8,848 ሜተር (29,029 ፊት)፡ ካብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ኸረን እዩ። ሓደገኛ ጉዕዞ እኳ እንተ ኾነ፡ ዓመት ዓመት፡ ኣሽሓት ሰባት ግን ኪድይብዎ ይፍትኑ እዮም፣ ዕላም እዞም ሰባት ድማ ንሓደ ዓብዪ ነገር ንምስዓር ዝዓለመ ኢዩ። ኣረ መብዛሕትኡ ሎሚ እንጕዓዘሉ ዘለና መገድታትሲ ኣኽራናት ተጸሪጎምን ተጸሪቦምን ኢዮም ጽቡቃትን ልሙጻትን ጽርግያታት ኮይኖም ንጥቀመሎም ዘለና። ኣኽራን ንኽንስዕር ኢና ተፈጢርና።

ኩሎም ኣኽራን ስጋውያን ኣይኮኑን። ገሊኦም ኹነታት ግና ኣኽራን እዮም ዚመስሉ። ኣብ ህይወትካ፡ ቍጠባዊ ጸገማትን ስድራቤታዊ ሽግራትን ወይ ናይ ጥዕና ጸገማት ከጋጥመካ ይኽእል እዩ፡ ከምዘይ ትቛጻጸሮ ወይ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ኲይኑ ይስምዓካ ክኸውን ይኽእል እዩ ፡ ግን ኩሉ እዚ ኣብ ትሕቲ እግርኻ እዩ።

ጐይታ የሱስ ባዕሉ "እዚ" ኸረን ብእምነት እንተ ተዛሪብናዮ ክግዕዝ እዩ ኢሉ እዩ (ማርቆስ 11:23)። እዚ ምባሉ ድማ ንሓደ ፍልኡጥ ዝኾነ ከረን ወይ ብድሆ ይዛረብ ከም ዝነበረ ንጹር ኢዩ። ምስ ብድሆታትካ ኽትገጥሞ ከለኻ ኣስተውዕል። ብዘይንጹር መንገዲ ኣይትጸሊ፤ ነቲ ፍሉይ ጸገም ኣስሚዕካ ክእለ ምኺኑ ምእዋጀሉ። ሎሚ ኣብ ህይወትካ ንዘለዉ ኣኽራን ብድፍርዲ ተዛረብ። ጐልጐል ክኾኑ ኣዝዞም።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኹሎም ኣኽራነይ ኣነ ባዕለይ ከረን ከም ዝኾንኩ እእውጅን ኣለኹ፡- ሎሚ ዓመት ንዓይ ኣዝዩ ዓቢ ዝኾነ ብድሆ የብለይን። ንኹሉ እቲ ኣብ ህይወተይ ዝመጸ ዕንቅፋት እዛረብ ኣለኹ። ኣቱም ኣኽራን ሃብቲ ኣነ እቈጻጸረኩም ኣለኹ፡- ኣታ ኸረን ሕማም ኣነ ሕምሽሽ የብለካ ኣለኹ፡- ኣብ ህይወተይ ዘለኹም ኣኽራን እዛረበኩም ኣለኹ፡- ኣብ ቅድመይ በቲ ሓያል ስም የሱስ ጐልጐል ኹኑ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ማርቆስ 11:23

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ሳሙኤል; 1ይ ነገስት 1:1-2:18



ሓሙስ፣ 10 ሚያዝያ

# ኣየናይ መንፈስ ከም እትደሊ ምረጽ

**ኤፌሶን 5:18**
**ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትስከሩ። ግናኸ ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቕኔን ብልብኹም ንጐርታ እናተቐኔኹምሉን እናደረስኩምሉን ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኩም።**

ሰብ ከምዚ ኢሎም ክሓቱ ኸለዉ፡ መስተ ኽሰቲ እኽእልዶ፣ እቲ ሓቂ ዝደልይዎ ዘለዉ ፍቓድ እዩ። እወ፡ ኣልኮላዊ መስተ ክትሰቲ ትኽእል ኢኻ። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ንኣፍካ ክዓጽዎ መልኣኽ ኣይልእኽልካን ኢዩ ወይ ውን ኲሎም ኣብ ከባቢኻ ዘሎዉ ትካላት መስተን ባራትን ኣይክዓጽዎን እዩ። እቲ ዘገድስ ሕቶ፡ ኣልኮላዊ መስተ ክሰቲ ኣለኒ ድዩ ኢዩ፧

እቲ መልሲ እዚ ኢዩ።ኣልኮላዊ መስተ ንስርዓተ ሓንጎል የጨንቖ ወይ ጸቕጢ ይፈጥር እዩ። ስለዚ ኸኣ ኢዮ፡ ሰባት መስተ ክሰትዩ ከለዉ፡ ንዘረባኦምን፣ ሚዛን ኣካይዳኦም፣ ኣጠማምታኦም፣ ናይ ምርኣይ ክእለቶም ኣተሓሳስባኦም ውን ከይተረፈ ዝትንክፎም ። ዋላ እውን ምሉእ ብምሉእ እንተ ዘይሰኸርካ ሓንቲ መስተ ጥራይ ንኹሉ ነገርካ ክትጸልወካ እያ።

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብለና፡ መንፈስ ቅዱስ ልክዕ ከምቲ መስተ ንኹሉ እንትትናና ኣብ ኲሉ መንገዲ ህይወትና ክትንክፈና እዩ ዝደሊ። ሕጂ ግና እቲ ጸገም እንሆ፡- ንሱ ምስ ካልእ መንፈስ ኣብ ውድድር ክኣቱ ኣይደልን ኢዩ። ኣየናይ መንፈስ ከም ዝጸልወካ ከም እትደሊ ንስኻ ኢኻ ክትውስን ዘለካ፡ ኣልኮላዊ መስተ ወይ መንፈስ ቅዱስ። ካብ ኣልኮላዊ መስተ ክቶጻጸረካ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ክትምላእ ምረጽ። ንነፍሲ ወከፍ ክፋል ህይወትካ ንኽጸልዎ ክትፈቅደሉ መዓልታዊ ቃል እቶ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኣካላተይ፡ ንኣእምሮይ፡ ወይ ንመንፈሰይ ዘደክም ዝኾነ ነገር ቁጽጽር ኣይህቦን እየ። ሰብነተይ ቤተ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ ሓሳብ ክርስቶስ ውን ኣሎኒ መንፈሰይ ከኣ ናይ ኣምላኽ ኢዩ። ብዘይካ መንፈስ ቅዱስ ካልእ መንፈስ ኣይኪቈጻጸረንን እዩ። ንኣምላኽ ዝግበኦ እህቦ፡ ብኹሉንትትናይ ድማ የኽብሮ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ቆረንቶስ 6:19-20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 2:19-4:19



ዓርቢ፣ 11 ሚያዝያ

# ሓዊ ዘስተንፍሱ

**ትንቢት ኤርምያስ 51:20**
**ንስኺ ሞደሻይን ኣጽዋር ውግኤይን ኢኺ ...**

ሓቀኛ ክርስትና ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃኡ ጥንቆላ እዩ ዝመስል። እዚ ከሰንብደካ ይኽእል ይኸውን እዩ ግን ሓቂ እዩ። እቲ ብዙሓት ዝሰማምዕሉ ክርስትና ናይቲ ሓቀኛ ክርስትና ድኹም ምስሊ እዩ። ጸሎት ኣብ ዝጀመርካላ ህሞት ሓዊ ኢኻ ትፈጥር ዘለኻ። እዚ ተምሳላዊ ኣብነት ወይ ዘይጨበጥ ሓሳብ ኣይኰነን፣ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ጸሎትካ ንመሰረት ሰፈር ጸላኢ ከናወጽ ዘኽእል ባህርያዊ ሓይሊ እዩ ዘለዎ።

ኤልያስ እዚ ስለዝተረድኦ ኢዩ፡ ንነብያት በዓል ፈኲስ መግናሕቲ ወይ ናይ ስምዒት ዘረባ ጥራይ ዘየቕረበሎም፡ ካብ ሰማይ ኢዩ ሓዊ ኣውሪዱ (1ነገ 18:38)። ፊልጶስ ሓይሊ ኣምላኽ ክሳብ ሓደ ጠንቋሊ ክዕድጎ ዝምነ ኣርእዩ፣ ድሒሩ ድማ እቲ ጠንቋሊ ዝነበረ ጸሎት ክሓትት ተገደደ (ግብ 8:9-24)።

ንነብስኻ ፈትሽ፡ እንታይ ዓይነት ክርስትያን ኢኻ፡ እቲ እትነብረሉ ዘለኻ ክርስትያናዊ ህይወት ንሓይሊ ጸልማት ዘየንቀጥቅጥ እንተ ኾይኑ ናይ ሓቂ መንነትካ እተበራብረሉ ግዜ እዩ። ብስም ጥራይ ክርስትያን ኣይትኹን። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ህይወትካ ሓይሊ ኣምላኽ ከምተርኢ ግበራ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሓይሊ ዘይብሉ ክርስትያናዊ ሕይወት ምንባር እኣብይ ኣለኹ። ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኣነ ኣጽዋር እየ። ንጸላእተይ ጨንቕን ምድንጋርን ኣንፈት ምጥፋእን ይኹነሎም። ብጸሎተይ፡ ብሓያል ስም የሱስ፡ ንነፍሲ ወከፍ ስራሕ ጸላኢ ዝዘርግን ዝፈትሕን ዘጥፍእን ሓዊ ሰደድኩ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 12:29

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 4:20-7:39



ቀዳም፣ 12 ሚያዝያ

# ትርጉም ስምካ ኣጽርይ

**1ይ ዜና መዋእል 4:9**
**...ኣዲኡ ኸኣ፡ ብጻዕሪ ወሊደዮ፡ ኢላ እያ እሞ፡ ስሙ ያዕቤጽ ኣውጽኣትሉ።**

ኣብ ውሽጢ ብገምጋም ሰማንያ ዓመት፡ ስምካ ንኣስታት 292,200 ግዜ ክጽዋዕ ክትሰምዕ ትኽእል ኢኻ ይብሉ። ጸውዒት ስምካ ኣብ ዝኾነ ቋንቋ፣ ፍሉይ ስምዒትን ባህታን፣ትርጉምን ይህበካ ኢዩ። ብተመሳሰሊ መንገዲ፡ ኣብ ክንዲ በረኸትሲ መርገም ዘምጽኣልካ ስም እንተ ተዋሂቡካስ እንታይ ትገብር፧

ኣስማት ስልጣን ኣለዎ። የሱስ ስሙ ምስ ተሰምየ፡ መልኣኽ "ንሱ ንህዝቡ ካብ ሓጢኣቶም ከድሕኖም እዩ እሞ ስሙ የሱስ ሰምይዎ" ኢሉ ኣወጀ። ስምካ ካብ ልደት ኣትሒዙ ኣብ ልዕሌኻ ዝተዛረበ ትንቢታዊ ኣዋጅ እዩ፡ ወይ ንጽቡቕ ወይ ንጉድኣት ድማ ይኸውን ። ንኣብነት ንያዕቤጽ ንውሰድ። ኣዲኡ ካብ ቃንዛኣ ተበጊሳ "ሓዘን" ኢላ ሰመየቶ፡ ንሱ ድማ ህይወቱ ጸሊኡስ ክሳብ ንለውጢ ስም ዝጸሊ ኾነ (1ይ ዜና 4:10)።

ትርጉም ስምካ ፍለጦ፤ ንህይወትካ ብኸመይ ከም ዝቐረጾ ውን ኣስተንትኖ። ትርጉም ስምካ ኣንጻርካ እንተይሰርሕ ኣሎ፡ ብጸሎት ውጽኢቱ ቀይሮ፡ ብሕጋዊ ስልጣን ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእስኻ ሓድሽ ትንቢታዊ ቃል ተዛረብ ብናይ ኣምላኽ ዕላማ ውን ንበር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ካብ ትውልደይ ዝመጸ ኩሉ ኣሉታዊ ሰንሰለት ይበትኮ ኣለኹ። ተራ ሰብ ካብ ምዃን የቋርጽ ኣለኹ። ምስ ድያብሎስ ዘራኽበኒ ሰንሰለት ብስም የሱስ ይበትኮ ኣለኹ። ምስ ድኽነትን ጥፍኣትን ዘተኣሳስረኒ ዝነበረ ርክብ በቲኸዮ ኣለኹ። ሃሌሉያ፡- ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ማቴዎስ 1:21

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 7:40-9:9



ሰንበት፣ 13 ሚያዝያ

# ሳዕቤን እኩይ ቃላት

**ትንቢት ኢሳይያስ 54:17**

**ንኣኺ ኺወግኡሉ እተሰርሔ ኣጽዋር ኩሉ ኣይኪጠቕምን እዩ፡ ነቲ ንፍርዲ ዚትንስኣኪ ዅሉ ልሳን ድማ ክትረትዕዮ ኢኺ። እዚ እዩ ርስቲ ባሮት እግዚኣብሄር፡ ጽድቆምውን ካባይ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር።**

ቃላት ሓያላት መትሓላለፊ መስመራት ኢዮም። ቃላት ብገዛእ ርእሶም ሓይሊ የብሎምን፡ እቲ ሓይሊ ግን እቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ቃል ዘሎ ትሕዝቶ፣ ማለት እምነት ወይ ፍርሂ ወይ በረኸት ወይ መርገም ኢዩ። ስለዚ ኸኣ ኢና ኣሉታዊ ወይ እኩይ ቃላት ኣብ ህይወትና ክዝረብ ክንፈቕደሉ ዘይብልና። ንኣዕናዊ ቃላት ክንድምስሶ እንድሕር ደሊና፣ ብኻልእ ስልጣን ናይ ምህናጽን ህይወትን ቃላት ብምእዋጅ ጥራይ እዩ ዝኸውን።

ኣምላኽ ንኽሉ ኣብ ልዕሌኻ ዝተባህለ ክፉእ ኣዋጅ ኽተፍሽሎ መሰል ሂቡካ ኣሎ። እዚ ክትገብር ውርሻኻ እዩ፡ ንስኻ ግና ስጉምቲ ኽትወስድ ኣሎካ። ኣምላኽ ኣይገብረልካን እዩ። ንግሆ ንግሆ ተንሲእካ ብጸሎት ኣብ ዋዕላ ቤት ፍርዲ እቶ፥ ተዛረብ፥ ንኹሉ መርገም ስበር፥ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍ እኩይ ቃል ድማ ቃል ፍርዲ ኣውጅ። ስቕ ኣይትበል። ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ድማ ናይ በረኸት ቃላት ተዛረብ። ዝኾነ ኣጽዋር፡ኣንጻርካ ዝተፈጥረ ቃል፡ ፈጺሙ ከምዘየስልጥ ኣውጅ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

**ብስም የሱስ ኣንጻረይ፡ ብስድራይ፡ ብጥዕናይ፡ ወይ ብሰልደይ፡ ብኣገልግሎተይ፡ ወይ ብመጻእየይ ዝተዛረበ ነፍሲ ወከፍ ቃል እኹንኖ ኣለኹ። ንመጻኢየይ ወይ ንዝምድናታተይ ዘባላሹ ዝኹነ ይኹን ኣጽዋር ኣይኪዕወትን እዩ። ብስልጣን መንፈስ ቅዱስ ንኹሉ እቲ ተስፋ ዘቝርጽ ወይ ጓሂ ኬምጽእ ተባሂሉ እተዳለወ እኩይ መደብ አፍርሶ ኣለኹ። ኣብ ልዕሊ ህይወተይ ዘሎ በረኸት፡ ሞገስ፡ ክውስኽን ክረግጋእን እእዝ ዝ ኣለኹ፡ በቲ ሓያል ስም የሱስ፡- ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ትንቢት ኢሳይያስ 54:14-17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 9:10-11:25



ሰኑይ፣ 14 ሚያዝያ

# ፍቕሪ ኣጽዋር እያ

**ግብሪ ሃዋርያት 26:17**
**ካብ ህዝብኻን ካብቶም ናባቶም ዝልእከካ ኣህዛብን ከኣ ከናግፈካ እየ፡**

መጽሓፍ ቅዱስ ጸላእትኻ ካብ ገዛእ ቤትካ እዮም ዘለዉ ይብል። ስለዚ ካብ ኣዝማድካ ልክዕ ከም ናይ ይሁዳ ዝኾነ ባህሪ እንተኣርዮምኻ ኣይትገረም። ኣብ መዝሙር ዳዊት ከምዚ ይብል ዚጸርፈኒ ጸላእየይ ኣይኰነን፡እንተ ዚኸውንሲ ምተዐገስኩ፡ዚዕበየለይ እቲ ዝጸልኣኒ ኣይኰነን፡እንተ ዚኸውንሲ ምተሐባእኩ፡ ግናኸ ማዕረይ፡ መሓዛይ ፈታውየይውን ዝነበርካ ሰብኣይንስኻ ኢኻ ዝገበርካዮ።" (መዝሙር ዳዊት 55:12-13)።

ጥልመት ካብ ናይ ቀረባ ስድራቤት፡ ወይ ዓርከይ ዝበልካዮ ሰብ ክመጽእ ከሎ ኣዝዩ ኢዩ ዜሰቕየካ። ኣምላኽ ውን ከይተረፈ ከምዚ ዓይነት ስቓይ ትሞኪሩ እዩ። የሱስ ብሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቱ፡ ይሁዳ ተጠሊሙ ኢዩ፣ ግናኸ ዕላምኡ ኣይሰሓተን።

ኣምላኽ ካብዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ጸላእትኻ፡ ኬድሕነካ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ጥልመት ኬጋጥም ከሎ ኣይትናወጽ። የግዳስ ኣምላኽ ከም ዘድሕነካ ፈሊጥካ ኣፍቅሮም። ዕጫኻ በቶም ኣንጻርካ ዝለዓሉ ዘይኮነስ በቲ ምሳኻ ደው ዝብል እዩ ዝውሰን። መድሓኒኻ እሙን ኢዩ፡ ንሱ ድማ ንነፍሲ ወከፍ ተግባር ክሕደት ናብ ዓወትካ ክቕይሮ ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጥልመት ከም ዘየናውጸኒ ወይ ንመጻኢይ ከም ዘየባላሽዎ እእውጅ ኣለኹ። ካብቶም ዝቐርቡኒ ዝወርድ ዝኾነ ይኹን መጥቃዕቲ ነቲ ኣምላኽ ንህይወተይ ዘውጸኦ መደብ ደው ከብሎ ኣይክእልን ኢዩ። ፍቕሪ ኣጽዋረይ እያ፣ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ኩሉ ሕቡእ ጸላኢ የድሕነኒ ኣሎ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፡ ነፍሲ ወከፍ ናይ ክሕደት ተግባር ንዓወተይ እዩ። ሃሌሉያ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ናብ ሰብ ሮሜ 12:20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 11:26-13:34



ሰሉስ፣ 15 ሚያዝያ

# ዕብየት ክትጽውዐካ ኽላ ኣለኹ በል

**መዝሙር ዳዊት 68:1**
**ኣምላኽ ይተንስእ...**

ኣምላኽ ናይ ድኻም ህይወት ኣይሃበናን። ንሱ ክዛረብ ከሎ በታ ናቱ ዝዓይነታ እምነት ግብረ መልሲ ክንህብ ኢዩ ዝጽበየና። ብዙሓት ክርስትያናት ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ ንስጋኦም ይዛረቦም ከምዘሎ ይመስሎም ንቃሉ ብጌጋ በቲ ናቶም ሰብኣዊ ርድኢቶም ይቕበልዎ። እቲ ሓቒ ግን ንሱ ነቲ ሰብኣውነቶም ዘይኮነስ ነቲ ኣብኦም ዘሎ ኣምላኽ እዩ ዝዛረብ ።

ኣህዛብ ክትገዝእ ኪጽውዓካ ኸሎ ብዛዕባ እቲ ባህርያዊ ተፈጥሮኻ ኣይኰነን ዚዛረብ ዘሎ። ምንጪ በረኸት ክትከውን ክጽወዓካ ከሎ ወይ ንዓለምለኻዊ ኣገልግሎት ክምድበካ ኢሉ ክነግረካ ኸሎ ብዛዕባ ሰብኣዊ ኽእለትካ ኣይኰነን ዝዛረብ ዘሎ። ነቲ ኣባኻ ዘሎ ኣምላኽ እዩ ዚዛረቦ ዘሎ። ሰብ ኪፍጽሞ ዘይክእል ዚመስል ዝኾነ ይኹን ትእዛዝ ኣምላኽ ኪፍጽሞ ይኽእል እዩ።

ሰብ ብልቡ ሓሳባት የዳሉ፡ መልሓስ እትመልሶ ግና ካብ እግዚኣብሄር እዩ። ይብል። (ምሳሌ 16:1)። ንሱ ክዛረበካ ከሎ፡ ቅድሚ ምምላስካ፡ መልስኻ ከምቲ ንሱ ዝዛረቦ እንተኾይኑ መርምር። በቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ዕብየቱ፡ ነቲ ተራእዩ ዘይፈልጥ ነገር ንምፍጻም እምነቱ ተጠቐም።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣባይ ዘሎ ኣምላኽ ይተንስእ፡- ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ውሽጠይ ስለ ዝስከም፡ ንእሽቶ ኣተሓሳስባ እነጽጎ። ንሃገራት ወይ ንቑጠባ ክምውል ኽጽውዓኒ ኸሎ፡ በቲ ናይ ኣምላኽ ዝዓይነቱ እምነት እየ ዝምልስ። ብናይ ደቂ ሰባት ኣተሓሳስባን ሓይልን ኣይዕገትን እየ። በቲ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ፣ ተረእዩ ዘይፍለጥ ዓቢ ነገር ክፍጽም እየ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ማቴዎስ 19:26

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 14-17



ረቡዕ፣ 16 ሚያዝያ

# ህደም

**መዝሙር ዳዊት 114:3**
**ባሕሪ ርእያቶ ሀደመት...**

እስራኤልላውያን ካብ ግብጺ ክወጹ ከለዉ በይኖም ኣይነበሩን። ምስ ኣምላኽ ይጎዓዙ ነበሩ፡ ምስኦም ዝኸይድ ዓንዲ ሓውን ደበናን፣ ሓይሊ ኣምላኽ ዘለዎ ሃዋህውን ይሕልዎም ነበረ። ኣብ ዘጸ 14:24-25 እግዚኣብሔር በቲ ዓንዲ ኣቢሉ ንሰራዊት ግብጺ ኣሸገሮም፡ ግብጻውያን "ንህደም... እግዚኣብሄር ይዋግኣሎም ኣሎ በሉ፡-" ጸላኢ ምስ ኣምላኽ ክወዳደር ከምዘይክእል ይፈልጥ እዩ።

ናይ ሎሚ ጥቕስና "ባሕሪ ርእያቶ ሃደመት፣ማለት ገጻ ለወጠት። ከምቲ ባሕሪ ንህዝቢ ኣምላኽ መገዲ ዝኸፈተትሎም፡ ጸላእትኻ ውን፡ ሕማም ይኹን፡ ፋይናንሳዊ ሕጽረት፡ ወይ ኣብ መንገድኻ ዝዓግተካ ዝኾነ ነገር፡ ኣምላኽ ምሳኻ ስለ ዘሎ ክሃድሙ እዮም።

ድኽነትካ ክሃድም ከሎ እሞ ሕሰብ። ሕማም ክዕወት ከምዘይክእል ፍለጥ። ሎሚ ዘጋጠመካ ጸገም ብዘየገድስ፡ ኣምላኽ ምሳኻ እዩ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ጸላኢ ካባኻ ክሃድም እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኵሉ ዕንቅፋት ብትእዛዘይ ከም ዚሃድም እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ። ልክዕ ከምቲ ባሕሪ ዝሃደመ ድኽነትን ውድቀትን በቲ ሓያል ስም የሱስ ካባይ ይህደም፡- እግዚኣብሄር ምሳይ ስለ ዘሎ ኩሉ ጸላኢ ይሰንብድ፡ ኩሉ ጸገም ኣብ ቅድሚኡ ይምበርከኽ፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኦሪት ዘጸኣት 14:24-25

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 18:1-20:25



ሓሙስ፣ 17 ሚያዝያ

# ምልእ ጥዕና ኣውድ

**ወንጌል ዮሃንስ 10:10**
**ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግን ህይወት ምስ ተረፋ ምእንቲ ኺረክባ እየ ዝመጻእኩ።**

ሕማም ሓደ ካብቲ ዝኸፍአ ዓይነት ባርነት እዩ። ንተግባራትካ ይጸሉ፡ ንናጽነትካ ይድርት፡ ንጠለባቱ ክትእዘዝ ድማ የገድደካ። ንሂወትካ ተቆጻጺሩ፣ ንነፍሲ ወከፍ እትገብሮ ውሳነ ውን ይጸልዎ።ንሱ ከም ጨካን ኣማሓዳሪ ስራሕ ኢዩ፡ ብድሕሪኡ ድማ ኢድ ዲያብሎስ ኣላ።

ኣካላትካ ንክሓምም ኣይኰነን ተፈጢሩ። ኣካላትካ ሕማም ይመጽእ ኣሎ ኢሉ ምስ ዝጥርጥር፣ ንዕኡ ንምጥፋእ ጽዑቅ መጥቃዕቲ ይጅምር። እግዚኣብሄር ባዕሉ ብዘይ ናትካ ጻዕሪ ንዝተበላሸወ ኣካላትካ ንኽጽግን ኣብ ኣባኻ ባህርያዊ መሳርሒታት ኣቐሚጡ ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፣ ኣባኻ ህይወት ኣእትዩ ኣሎ።እዚ ናይ ኣምላኽ ህይወት፡ ዞዌ (Zoé) ኮይኑ፣ልክዕ እቲ ንኣምላኽ ዘለዎ ህይወት ኢዩ።

ዋላ ንኣሽቱ ሕማማት ይኹኑ ሽለል እንተተባሂሎም፡ ንዲያብሎስ ጥዕናኻ ክሰርቕን ክቐትልን ከጥፍእን መርገጺ እግሪ ክህብዎ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ኣካላትካ ዝኾነ ዘይንቡር ነገር እይትቀበል። “ናተይ” ሽኮርያ፡ “ናተይ” ደም ብዝሒ፡ ወይ “ናተይ” ኣለርጂ ምባል ግደፍ። ኣብ ክንድኡስ ኣብ ኣካላትካ ጥዕና ኣዋጅ፡ እዚ እዩ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ጥዕናኻ፣ ህይወት ክርስቶስ ኣባኻ ዝኣክል እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

በቲ ሓያል ስም የሱስ ሕማም ወይ ስንክልና ንኣካላተይ ኪቈጻጸሮ ኣይፈቅድን እየ። ህይወተይ፡ ብመንፈስ ኣምላኽ ትብርትዕን ትቅየርን ኣላ፡- ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ዋህዮ ጥዑይን ምሉእን ኢዩ፡ ምሉእ ጥዕና ድማ ኣሎኒ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ናብ ሰብ ሮሜ 8:11

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 20:26-22:36



ዓርቢ፣ 18 ሚያዝያ

# ጥዑም ዜማ ናብ ኣምላኽ

**1ይ ቆረንቶስ 14:10**
**ኣብ ዓለም በ በይኑ ዝኾነ ብዙሕ ቋንቋታ ት ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን።**

ሙዚቃ መዘናግዒ ጥራይ ኣይኮነን ። እቲ እትሰምዖ ዓይነት ሙዚቃ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎካ ኣረኣእያ ኪቐርጾ ይኽእል እዩ። ሓድሓደ ግዜ እቲ ሳዕቤን ኣዝዩ ረቂቕ ስለ ዝኾነ ኣየስተብህለሎን ኢኻ። ንኣብነት ህርመት ልብኻ ነቲ እትሰምዖ ሙዚቃ ንምቕዳሕ ይቕይር እዩ።

መዝሙር ኣብ ኣእምሮኻ ክመላለስ ዶ ተዓዚብካ ኣሎኻ፧ እዚ ነገር እዚ ባህሪ ናይ ሙዚቃ ኮይኑ ንሓደ መዝሙር ብተደጋጋሚ ኽትሰምዕ ከለኻ እዩ ዜጋጥም፣ ከመይሲ ኣእምሮኻ ነቲ ድምጺ ቐዳምነት ስለ ዚህቦ ነቲ መዝሙር መዝጊቡ ከም ዝደጋገም ይገብር። ሙዚቃ ነቲ “ናይ ደስታ ከሚካል ዶፓማይን”ዝተባህለ ከም ዚወጽእ እውን ይገብር እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እዩ ሙዚቃ ወልፊ ኼትሕዝ ዚኽእል ። ሙዚቃ ክቈጻጸረካ ይኽእል እዩ ።

“መዚቃ ጥራይ እዩ” ኢልካ ፈጺምካ ኣይትሕሰብ። ነፍሲ ወከፍ ድምጺ ትርጉም ኣለዎ ኣብ ኣካላትካን ኣእምሮኻን መንፈስካን ድማ ጽልዋ የሕድር ። ነቲ ግጥሚ ኽትዝምሮ ከለኻ ትእውጀ ኢኻ ዘለኻ።ዝኾነ ድምጺ መንፈስ ዝጽውዕ መስመር ኢዩ።

ነቲ እትሰምዖ ዘለኽእ ሙዚቃ መርምርዕ። ንመን ኢኻ እትግዛእ ዘለኻ— ንኣምላኽ ወይስ ንድያብሎስ? መጽሓፍ ቅዱስ ኣካላትና ንኣገልግሎት ኣምላኽ ክንጥቀመሉም ይነግረና እዩ ። ኣእዛንካን ምስማዕካን ናቱ ህያብ እዩ። ስለዚ ኣእዛን ኣምላኽ ኪሰምዓኦ ዚደልያ ሙዚቃ ምረጽ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጸላኢ ኻብ ኣፍ ደገ እዝነይ ዝረኸቦ ኹሉ መእተዊ ነቕጣ እዓጽዎ ኣለኹ። ንኹሉ እቲ ድያብሎስ ብፍርሃት ኣምላኽ ብዘይብሉ ሙዚቃ ዝኣስረኒ ሰንሰለት እሰብሮ እለኹ። እዝነይ ንድምጹ ጥራይ ጽን ክብላን ክሰምዓን እውፍየን ኣለኹ ። ብስም የሱስ ሓራ እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ናብ ሰብ ሮሜ 12:1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ነገስት 22:37-53; 2ይ ነገስት 1:1-4:28




ቀዳም፣ 19 ሚያዝያ

# ኩሉ ግዜ ተሓደስ

**ወንጌል ማርቆስ 7:13**
**ምእንቲ እቲ ዝሰራዕኩምዎ ስርዓትሲ ቓል ኣምላኽ ትስዕሩ፡ ነዚ ዚመስልውን ብዙሕ ትገብሩ አሎኹም።**

ብዙሓት ሰባት ካብ ቃል ኣምላኽ ዝዓቢ ሓይሊ ከምዘየለ ብቕንዕና ይኣምኑ፡ ግናኸ ዝጋገይዎ ነገር ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስና ከም ዝብለና ግን ልምድን ባህልን ደቂ ሰብ ንቃል ኣምላኽ ከምዘይጠቅም ክገብሮ ኸም ዝኽእል ብንጹር ይነግረና ኢዩ። ልምዲ ወይስ ባህሊ ንዓወት ዘደስክል ኣድካምን ንሓቑ ዓጓትን ምኳኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና ኢዩ።

ኣብ ሰብ ምትእምማን ካብ ኣምላኽ የርሕቀካ ኢዩ። ተኣማንነት ኣብ ባህልኻ፡ ቀቢላኻ፡ ወይ ዓሌትካ ነቲ ካብቲ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ዜጋ ብምኳንካ እትረኽቦ ርብሓታት ከትርፈካ ይኽእል ኢዩ። ኩሉ ግዜ ምስ ኣምላኽ ተጓዓዝ። ቃሉ ንኹሉ ንልምድታትካ ከወግዶ ኢዩ። ዘይምቹእን ብርቱዕን ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብቲ ልክዕ መንገዲ ኣምላኽ ኢኻ እትኸውን።

ኣምላኽ ኣብ ዘለኣለማዊ ቦታ እዩ ዝርከብ። ምስ ኣምላኽ ዝምድና ምስ ዝህልወካ ኣብ ሓደ ደረጃ ድሩት ኮይንካ ከም ዘይትተርፍ ርጉጽ ኢዩ። ንሱ ምስጢሩ ምስቶም ናይ ልቡ ፍቕራት የካፍል ኢዩ። ኣብዚኣ ዓመት እዚኣ እቲ ሕጂ ዚገብሮ ዘሎ ምእንቲ ኽይሓልፈካ ንዕኡ ቐዳምነት ግዜ ሃቦ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኵሉ እቲ ንቓል ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ከም ዘይጠቅም ዝገበር ልምዲታት ይበትኮ ኣለኹ :- ኣምላኽ ኣባይ ሓድሽ ነገር ይገብር ኣሎ፣ ንዕኡ ዘሎኒ ጽምኢ በብመዓልቱ እናወሰኸ እዩ ዚኸይድ ዘሎ። መኻንነት ኣብ ዝነበረሉ ቦታ ሩባታት ብልጽግና ይውሕዝ ኣሎ። እቲ ዝጠፍአ ብስም የሱስ ይምለስ ኣሎ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ትንቢት ኢሳይያስ 43:19

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ነገስት 4:29-8:15



ሰንበት፣ 20 ሚያዝያ

# ሓድሽ ሓዊ

**መዝሙር ዳዊት 55:17**
**ምሸትን ብጊሓትን ቀትርን እቝዝም እህህውን እብል ኣሎኹ፣ ንሱ ኸኣ ድምጸይ ይሰምዕ እዩ።**

ጾም ልክዕ ከም ንኣካላትካ መዓልታዊ ንእሽቶ ዕረፍቲ ምሃብ ማለት ሕሰቦ። ንኣካላትካ ዳግመ ምትዕርራይ ከም ምግባር ማለት ኢዩ። ኣካላትካ ብዙሕ ስብሒ ብቐሊሉ ኽም ዘጥፍእ ይገብሮ። ኣእምሮኻ ውን እናሓየለ ይኸይድ፡ ዝነውሐ ዕድመ ንኽትነብር እውን ይሕግዘካ፡- ልክዕ ከምቲ ጾም ንኣካላትካ ዜሐድሳ ጸሎት እውን ነቲ ኣባኻ ዘሎ ሓዊ የሐድሶ ኢዩ።
ህይወት ናይ ሓደ ክርስትያን ብመዓልታዊ ዘየቋርጽ ጸሎት ክልለይ ይግባእ። ጸሎት ነቲ ናይ ዓለም ጽልዋ ብምውጋድን ንመንፈስካ ብምስሓልን ሓለዋ ዝኾነካ መንፈሳዊ መከላኸሊ እዩ። ጸሎት ምዝርራብ ጥራይ ዘይኮነስ ሓዊ እትፈጥረሉ መገዲ ውን እዩ። ዝኾነ ክብደት ዘለዎ ነገር ወይ ሓጢኣት ካብ ሂወትካ ከተቃጽል ሓይሊ ይህበካ።

ልክዕ ከምቲ የሱስ መዓልታዊ ዝጽሊ ዝነበረ፡ ምሉእ መዓልቲ ክትጽልየሉ እትኽእል ግዜ ርኸብ፡ እዚ ሓዊ ድማ የጽንዓካን ነዊሕ ዕድመ ይህበካን እዩ። ሓዊ ምስ መልኣካ ዋላ ሓደ ርኹስ መንፈስ ክኣስረካ ኣይክእልን እዩ፡- ሃሌሉያ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ መንፈሳዊ ጭቈና ናጻ እየ። ሓዊ እግዚኣብሔር ስለ ዝስከም፡ ኣብ ቦታይ ክነብር ዝኽእል ጋኒን የለን፡- ንግሆ ንግሆ፡ ህይወተይ ከም መስዋእቲ የቅርቦ። እቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ሓዊ ንዝኾነ መጥቃዕቲ ኽስዕሮ እዩ፤ ሓዊ ስለ ዝመልአኒ ከጥፍኣኒ ዝኽእል ክፍኣት ዋላ ሓንቲ የለን፡- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወንጌል ማርቆስ 1:35

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ነገስት 8:16-10:24



ሰኑይ፣ 21 ሚያዝያ

# መንፈሳዊ መርዝምነት

**ኤፌሶን 4:31-32**
**ብዘሎ መሪርን ነድርን ኲራን ታዕታዕን ጸርፍን ምስ ኲሉ ኽፍኣት ዘበለ ካባካትኩም ይርሐቕ። ግናኽ ከምቲ ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንሓድሕድኩም ተላዋህትን ተዳናገጽትን ኲንኩም፡ ይቕረ ተባሃሃሉ።**

ኣብቲ መጽናዕታት ናይ ፣መርዝን ሳዕቤናቱን፣ ዝብል ስነ፡ፍልጠት ክንርእይ ከለና፡ መብዛሕትኦም መርዝታት ምስ ግዜ ይበላሸዉ ወይ ሓይሎም ይደከም ኢዩ። መንፈሳዊ መርዚ ግን ፍልይ ዝበለ ባህርይ ኢዩ ዘለዎ። ንእብነት ሓደ መንፈሳዊ መርዚ ይቅረ ዘይምባል ኢዩ።እዚ መርዚ እዚ ምስ ግዜ እንዳ ከፈአ እምበር እንዳሓሸ ኣይከይድን ኢዩ።

ምረት ዝመጽእ ይቕረ ምባል እንተዘየሎ ኢዩ። እዚ ኸኣ ነቲ መንፈስና የርክሶ። ነዚ እየ ድማ ብዙሕ ግዜ ይቕረ ዘይምባል ከም ንስኻ መርዚ ሰቲኻስ እቲ ካልእ ሰብ ክመውት ምጽባይ እዩ ዝብሎ። ምረት መጀመርታ ንዓኻ የሸግረካ፡ ድሕሪኡ ድማ ንኹሉ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሰብ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ ምረት ናይ ብዙሓት ሰባት መንፈስ የርክስ ።

መፍትሒኡኽ ግን እንታይ እዩ፧ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ በደላት ሕደግ። እዚ ድማ እቲ በደል ዝገበረ ሰብ ይቕሬታ ይሕተት ኣይሕተት ወይ ድማ ባህርያቱ ይቕይር ኣይቀይር ብዘየገድስ ምስኡ ዘተሓሕዝ ነገር የብሉን። እግዚኣብሄር ይቕረ ክንብል ይእዝዘና ኢዩ። ንኣምላኽ ከተኽብር እትወስዶ ውሳነ እዩ። ንስኻ ብምስሉ ኢኻ ተፈጢርካ፣ ንሱ ድማ ብናጻ ይቕረ ይብል እዩ፣ ኪድ እሞ ንስኻ ውን ከምቲ ናቱ ግበር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብስም የሱስ፣ ይቕረ ዘይምባል እሓድጎ ኣለኹ። ንኹሉ በደል ፡ ንኹሉ ምረት፡ ሕርቃን ይቕረ ዘይምባልን ድማ እኺድ እሓድጎ ኣለኹ። መንፈሰይ ኣይክረክስን እዩ። ይቕረ ክብል እየ ዝመርጽ። ድሕሪ ሕጂ ኣብ ናይ ምረት ባርነት ኣይክተሓዝን ኢየ፡- ሃሌሉያ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 12:15

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2ይ ነገስት 10:25-14:10






# ኣመጋግባኻ ምቁጽጻር

**መጽሓፍ ምሳሌ 23:2**
**ስሱዕ እንተ ኼንካስ፡ ንጐሮሮኻ ኻራ ኣቕርበሉ፡**

እዚ ዘመናዊ ናይ መግቢ ኢንዱስትሪ፡ ንሓንጎልካ ንምጭዋይ ከም ዝተዳለወ ኣይትረስዕ። ተመራመርቲ ስነ፡ፍልጠት ምግብን ኣፍረይቲ ትካላትን ንዓሰርተታት ዓመታት ዝኣክል፡ ልክዕ ንስምዒት ጣዕምኻ ወይ መልሓስካ ዝምችእን መመሊስካ ንኽትደልዮ ዝገብረካ፡ ብልክዕ ዝተወሃሃደ ጨውን፡ ሽኮርን ስብሕን ኣዳልዮም ብምስትውዓል ዝሰርሕሉ ዘለዉ ኢዩ። እዚ ኩሉ ኸኣ፡ ንሓንጎልካ ፕሮግራም ብምግባር እዩ ዝኸውን።

ልዕሊ 1,000 ዝኾኑ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ዝተዓሸጉ መግብታት ጠንቂ ናይ ጉድለት ጥዕና ምኳኖም ተሓቢሩ። እዚ ናይ መግቢ ዕላማኦም ንጹር እዩ፡ ውሉፋት ምግቢ ዝኾኑ ህዝቢ ክፈጥሩ ስለዝደለዩ እዩ እንበር ሓጎስን ደስታን ከምጽኡ ኣይኮኑን።

እቶም ብመንፈስ ንቁሓት፡ መግቢ ካብ መንፈውነት ኣቓልቦኻ ዝሰርቕ ምኳኑ ይፈልጡ እዮም። ግናኸ ብዙሓት ሰባት፡ ናይ ስርዓት መግቢ ቕጽጽር ዘይብሎም ኮይኖም፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ይበልዑን ይሃርፉን። ሓደ ዘይተረድኦም ነገር ኣሎ፡ ክትበልዕ ስለ እትኽእል ጥራይሲ ጠቓሚ ማለት ኣይኮነን። ንኣካላትካን ንመንፈስካን ብስርዓትን ጥንቃቀን ሕዞም።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብጸጋን በቲ ዝበርሃለይ ምግላጽን ንሸውሃተይ ይገትኦ ኣለኹ። መግቢ ፈጺሙ ኣይመልከንን እዩ። ስልጣን ኣሎኒ ዘይጥዑይ ባህግን ወይ ኣቓልቦ ዚሰርቕ ነገራት ደው ንኸብል። ሎሚ ዓመት ኩሎም ናይ መግቢ ጣኦታት ይቑረጹ ኣለዉ። ኣዒንተይ ክፉታት እየን፤ ድሕሪ ደጊም ኣይክታለልን እየ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ቆሮ 6:12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ነገ 14:11-17:18



ረቡዕ፣ 23 ሚያዝያ

# ኣነ ንዓኻ ጥራይ ዝጥምት ዓይኒ እዩ ዘለኒ

**መሃልየ መሃልይ 6:3**
**ኣነ ናይ ፍትወይ እየ፡ ፍትወይ ከኣ ናተይ እዩ፡ ንሱ ኣብ ማእከል ዕምባባታት ይጓሲ ኣሎ።**

ናይ መጀመርታ ፍቕርኻ ትዝክሮ ዲኻ? እቲ ደስ ዘብል ስምዒት ካብ እግርኻ ጸሪጉ ናብታ ኩሉ ህያውን ብሉጹን ኮይኑ ዝስምዓካ ዓለም የጓዕዘካ። ንሱ'ዩ እቲ ኣብ ውሽጢ ከብድኻ ዘሎ ዘሐጉስ ስምዒት፡ ንእሽቶ ምትንኻፍ ልቢ ምጉያይ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ፍሽኽታ ድማ መወዳእታ ዘይብሉ ተኽእሎታት ዝብል ተስፋ። ኣምላኽ ምሳኻ ክህልዎ ዝናፍቖ ዓይነት ቅርበት ከምኡ እዩ። ይከኣል'ዩ ድማ።

ናይ ሎሚ ባህሊ መብዛሕትኡ ግዜ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብስንፍናን ምጥምዛዝን ዝትክእ "ሓቜፊ ኣተሓሳስባ" ሓቘፉ'ሎ። ዝዓሞቐ መንፈሳውን ስምዒታውን ምትእስሳር ገዲፎም፡ ኣብ ክንዲ ርእሰ-ፍትወት ዘይብሉ ምሃብ ሓቀኛ ፍቕሪ፡ ብነብሰ-ፍትወት ዝልለ ላዕለዋይ ደረጃ ንሓንቲ ለይቲ ዝጸንሕ ገይሮም ኣለዉ።

ምስ ፈጣሪ ኣድማስ ዓሚቝን ብሕታዊን ርክብ ከተማዕብል ትኽእል ኢኻ። ምስ ኣምላኽ ምቅርራብ ማለት ከምኡ እዩ። ውፉይ ግዜ ብምምዳብ ጀምር። ብግልጺ ተዘራረቦ፣ ሓጐስካን ፍርሕኻን ሕልምኻን ኣካፍል-ክትሰምዕ ድማ ዘክር። ፍቕርኻ ብኣምልኾን ተኣዛዝነትን ግለጽ። እዚ እናገበርካ ከለኻ፡ ክትቀራረብ ኢኻ፡ ህላወኡ ብሓድሽ መንገዲ ክትረኽቦ ኢኻ፡ ነቲ መግለጺ ዘይብሉ ሓጐስ ናይ ሓቀኛ ቅርበት ምስ ፈጣሪኻ ድማ ክትረኽቦ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንልበይ ይዛረብ። ናብታ ቀዳመይቲ ፍቕረይ እምለስ፣ ምስ ኣምላኽ ዓሚቝን ምቅርራብን ዝምድና እናሰዓብኩ። ሎሚን መዓልታዊን ምስ ጎይታ ከሕልፍ ግዜ ይውፍይ ኣለኹ። ኣነ ናይ ኣምላኽ እየ፡ ንሱ ድማ ናተይ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ራእይ ዮሃንስ 2:4-5

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ነገ 17:19-19:24



ሓሙስ፣ 24 ሚያዝያ

# ብሓዊ ዝተፈተነ

**ሮሜ 12:11**
**ንምትጋህ ኣይትተሃከዩ፡ ብመንፈስ ተቓጸሉ፡ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ።**

ሓዊ ንኹሉ ዝትንክፎ ዝፍትን፣ ሓቀኛ ባህሪ ናይ ነገራት ዝገልጽ ዘይሕለል ሓይሊ እዩ። ሓጺን ብሓዊ ይፍጠሩን ይድልድሉን እዮም፣ ሓዊ ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ ክስዕስዕ ከሎ ግን ናብ ሓሙኸሽቲ ይቕየር፣ እዚ ድማ ንባህሪኡ ምስክር እዩ። ሓዊ ንርስሓት ይበልዕ ጥራይ ዘይኮነስ: ንኹሉ ሓሰት — ንጹህ ገዲፉ የቃጽሎ። ንሓዊ ከተደናግሮ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሓዊ ዘይብሉ ህይወት ንሓደ ሰብ ንሓሶት ትምህርትን መንፈሳዊ ምትላልን ተቓላዓይ ይገብሮ። ካብቶም ኣዝዮም ተቓላዕቲ ዝኾኑ ልስሉሳት ክርስትያናት ይርከብዎም፣ እቶም እሙናት መልክዕ ዘለዎም ግን ከኣ መንፈሳዊ ሓይሊ ዘይብሎም። ሓዊ ሙቐት ይህብ'ምበር ውዑይ ኮይኑ ኣይፈልጥን፤ ሓዊ ወይ ውዑዩ ይቃጸል ወይ ድማ የለን።

እግዚኣብሄር ህዝቡ ኣቕሓ ሓዊ ክኾውን እዩ ዝምነ እምበር ጽቡቓት መልክዕ ዘለዎም ንጥረ ነገር ዘይብሎም ኣመንቲ ጥራይ ኣይኮኑን። ሓዊ ምስ መሊእካ፡ ዝኾነ ሰብ ከደናግረካ ኣይክእልን'ዩ። መንፈስካ መዓልታዊ ሓዊ ይነድድ። ብጸሎት ሓዊኻ ኣዕብዮ። ካብ ላዕሊ ላዕሊ ክርስትና ሓሊፍካ ናብ ሓይልን ሓውን ዝመልአ ህይወት ንሰጋገር፡ ኩሉ ምትላል ድማ ሓሙኸሽቲ ክኸውን እዩ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ሓዊ ዘይብሉ እቶን ከም ዘይከውን እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ። መዓልታዊ ብጸሎት ንህይወተይ ሓዊ ከእትዎ ከለኹ፡ ኩሉ ሓሶት ይጽረግ ኣሎ። ሕይወተይ ብሓይሊ ኣምላኽ ክትቃጸል እያ፣ ንኹሉ ኣብ ከባቢየይ ዘሎ ርኡይ ዝኾነ፣ በቲ ሓያል ዝኾነ ስም የሱስ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 24:24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ነገ 19:25-23:9



ዓርቢ፣ 25 ሚያዝያ

# ብልሒ ስራሕ

**ምሳሌ 12:24**
**ኢድ ትጉሃት ክትገዝእ እያ፡ እታ ሃካይ ግና ክትግብር እያ።**

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ስንፍና ዚብሃል ስሉጥ ጸላኢ ንጹር ስእሊ ይስእል እዩ። ኣብ መጀመርታ፡ ነታ ናይ ድቃስ መጠወቒ ክትሃርማ ወይ ሓላፍነትካ ከተናውሕ ጽቡቕ ክስምዓካ ይኽእል'ዩ፡ ቅድሚ ምፍላጥካ ግን፡ ኣብ ዑደት "ቁሩብ ድቃስ፡ ቁሩብ ድቃስ" ተታሒዝካ፡ ድኽነት "ከምቲ" ኣብ ልዕሌኻ ዝዘምት ሽፍታ ኮይኑ ይመጸካ።

ስንፍና ንሓደ ሰብ ባርያ ዕዳ፡ ብስጨትን ውድቀትን ይገብሮ። ሕልምን ዓቕምን ይነቅጽ፡ ሃንደበት ድማ፡ ኣብ ዘይሓሰብዎ ህይወት ተዓጽዮም ይርከቡ። እቲ መልእኽቲ ንጹር እዩ፡ ስንፍና ናብ ባርነት ዝወስድ መንገዲ እዩ።

ድኽነት ንጻዕሪ ኣለርጂ እዩ፣ "ጻዕሪ" ክብል ከለኹ ድማ ብልሒ ስራሕ ማለተይ እየ። መብዛሕትኡ ግዜ ጻዕሪ፡ ግድን ዝበለጸ ውጽኢት ከይረኸብካ ናብ ድኻም ይመርሕ። ብኻልእ ወገን ድማ ብልሒ ስራሕ ዕማማት ብዝበለፀ ውፅኢታውን ውፅኢታውን መንገዲ ንምፍፃም ትኽክለኛ መሳርሕታትን ስትራተጂታትን ምጥቃም ዘጠቓልል እዩ። ስማርት ስራሕ ምውጣን፡ ቀዳምነት ምሃብን ጸጋታት ምጥቃምን ዘጉልሕ ኮይኑ፡ ብውሑድ ጻዕሪ ዝያዳ ክትበጽሕ የኽእለካ። ነዛ ዓመት ብበሊሕ ስራሕ ክትገዝእ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብድኽነት ኣይመዉትን እየ፥መንፈስ ስንፍና ነጺገ ብብልሒ ክሰርሕ እመርጽ። እናጸለኹ ስልተይ ናይ ኣምላኽ እዩ። ብጥበቡ ንጸጋታት ብብቕዓት እውጥንን ቀዳምነት እህቦን እጥቀመሉን እየ። ዕዳ ተሰሪዙ! ድኽነት ካባይ ይሃድም፡ ኣብ ኩሉ ጻዕሪ ድማ ብዓወትን ብብዝሕን ክገዝእ ይትንእ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 24:33-34

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ነገ 23:10-25; 1ይ ዜና መዋእል 1:1-16



ቀዳም፣ 26 ሚያዝያ

# ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ምሃብ

**ፊልጲ 3:8**
**ንክርስቶስ ምእንቲ ኽረብሖ ብእኡውን ክርከብ፡ ብሓቂ ስለ እቲ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስ የሱስ ጐይታይ ኢለ፡ ስሊኡ እዚ ኹሉ እተወጻዕኩ፡ ኵሉ ኸም ወጽዓ እቘጽሮ፡ ከም ጕሓፍ እቘጽሮ ኣሎኹ።**

ኣምላኽ ምስ ጀሲ ዱፕላንቲስ ዝተባህለ ሃዋርያ ሓጐስ ከመይ ጌሩ ቆጸራ ከም ዝነበሮ ዛንታ ኣዘንትየ ኣለኹ። ምሸት ምሸት፡ ከባቢ ሰዓት 3 a.m.፡ ኣምላኽ ናብ ክፍሊ ጀሲ ኣትዩ፡ “ጀሲ፡ ተበራበር!” ጀሲ ገና ፍርቂ ደቂሱ ከሎ ኣዒንቱ ከፈተ፡ በቲ ባህርያዊ ዋዛኡ ድማ “ኣምላኽ ደቂሰ ኣለኹ። ስለምንታይ ሰዓት 10 ዘይመጸእካ?” እግዚኣብሄር ድማ “ፊልም ኣብ ምርኣይ ስለ ዝተጸመድካ” ኢሉ መለሰሉ።

ሕሰብዎ እሞ ! ኣምላኽ ኣቐዲሙ ምሸት ንጀሲ ክበጽሖ መደብ ነይርዎ፡ ጫውጫውን ዝርግርግን ተለቪዥን ግን ንርክቡ ኣደናጕዮ። ኣብ’ዚ ቀሊል ግን ከኣ ዓሚቕ ምልውዋጥ፡ ኣቓልቦና ብዓለማዊ መዘናግዒ ኣብ ዝብላዕሉ መለኮታዊ ህሞታት ክንስእን ክሳብ ክንደይ ቀሊል ምዃኑ ይዝከረና። ንኹላትና ንኣምላኽ ቦታ ክንህቦን ኣብ ልዕሊ’ቲ ንጊዜናን ትኹረትናን ዝወዳደር ትኹረትና ዝሰርቕ ነገራት ንህላወኡ ቀዳምነት ክንህቦን ጻውዒት’ዩ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ንኣምላኽ ቀረባ ኮይነ ንህላወኡ ቦታ ክህብ እየ። ጸሎት ንድርኺቱን ግዜኡን ከዳልወካ እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ ነገራት ቀዳምነት እንህቦ፡ ንኣምላኽ ንምድላይ ዘለና ተወፋይነት እውን ቐዳምነት ክስራዕ ኣለዎ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ልዕሊ ህይወተይ መንፈሳዊ ዲሲፕሊን ይዘረብ። ሎሚ ዓመት ምስ ኣምላኽ ቆጸራይ ከም ዘይጠልም እእውጅን እእዝዝን፣ ብስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቆሎሴ 3:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 1:17-3:9



ሰንበት፣ 27 ሚያዝያ

# ዘይተሓዝ

**ወንጌል ማርቆስ 5:3**
**ንሱ ኣብ መቓብር ይነብር ነበረ፡ ብመቑሕ እኳ ኼጽንዖ ዝኽኣለ ኣይነበረን**

ኣብ ታሪኽ ሰንሰለት(ማእሰርቲ) ንናጽነትን ምንቅስቓስን ውልቀሰባት ንምድራት መሳርሒ ጭቆናን ምቁጽጻርን ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ባሮት ቁርጭምጭሚቶም ብከቢድ መቑሕ ሓጺን ተኣሲሩ ነበረ፣ ሓጨምጨም ሰንሰለት ነቲ ዝተሰርቀ ሓርነቶም ቀጻሊ ድምጺ ነበረ። ሎሚ እውን እንተኾነ ኣብያተ ማእሰርቲ ከም መቑሕ ዝኣመሰሉ መገትኢታት ተጠቒመን ምንቅስቓስ እሱራት ኣብ ኢንች ጥራይ ይድርታ። እዞም ዘመናውያን መቑሕታት እዚኣቶም ሓደ መሰረታዊ ዕላማ እዮም ዘገልግሉ: ንሓደ ሰብ ሓይሊ ኣልቦ ምግባር።

ኣብ ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 5 ብዛዕባ ሓደ ኣጋንንቲ ዝተዋሕጠ ሰብኣይ ነንብብ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ “ሓደ እኳ ክገትኦ ኣይከኣለን፡ ብሰንሰለት ተኣሲሩ፡ ክእሰር ኣይከኣለን” ይብል። ኣብ ውሽጡ ዘለዉ ተራ ኣጋንንቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይተለምደ ሓይሊ ኪህብዎ እንተ ኼኢሎም: ኣብ ውሽጥኻ ዚነብር የሱስ ዘሎካ ሓይሊ እሞ ሕሰብ!

ብሓይሊ መድሓኒኻ ተንስእ! እቲ ቅቡእ ኣባኻ ይነብር። ሓይሊ ዘይብልካ ኣይኮንካን። ዝኾነ ጋኔን ክኣስረካ ወይ ንታሕቲ ክሕዘካ ኣይክእልን። ኣነ ከም ነቢይ እእውጅን እእዝዝን ኣለኹ፣ ኩሉ ኣርዑት ጭቆና ኣብ ህይወትካ ይበተኽ! ሰይጣናዊ ምሕዝነት ይፍረስ !

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኩሉ ነገር በቲ ቅቡእን በቲ ዘበርትዓኒ ቅብኣቱን ክገብሮ ከም ዝኽእል እእዝዝን እእውጅን። ኩሉ ኣርዑት ተበቲኹ! ምንቅስቓሰይ ዝድርት ዝኾነ ስርዓት የለን። ሎሚ ዓመት ክዓዓዝ እየ። ዝኾነ ኣጋንንታዊ ጽልዋ ንንግደይ፡ ንዝምድናተይ፡ ኣገልግሎተይ፡ ንገንዘበይ በቲ ሓያል ስም የሱስ ማሪኹ ክሕዞ ኣይክእልን'ዩ:- ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 10:27

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 3:10-6:30



ሰኑይ፣ 28 ሚያዝያ

# ውጽኢት ሕብረት

**እብራውያን 13:4**
**ነመንዝራታትን ንዘመውትንሲ ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ እሞ፡ መውስቦ ኣብ ኵሉ ኽቡር፡ እቲ መደቀስ ኣሚን ከኣ ዘይረኽስ ይኹን።**

መብዛሕትኡ ግዜ ሓዳር ሕማቕ ስም እዩ ዘለዎ። ገለ ሰባት “ኩዕሶን ሰንሰለትን” ኢሎም ይጽውዕዎ፡ እዚ ኸኣ ሓዳር ካብ ሽርክነት ንላዕሊ ማእሰርቲ ምዃኑ ንኽገልጹ ዝብልዎ ኢዩ። ይኹን እምበር፡ ብኣንጻር እዚ ድኹም ዝኾነ ክልሽ፡ መጽናዕትታት ከም ዚሕብሮ፡ ደቂ ተባዕትዮ ሰብ ሓዳር ዝያዳ ሕጉሳትን ነዊሕ ዕድመ ከም ዘለዎምን ይሕብር። ኣብ ደቒ ኣንስትዮ ግን ምሉእ ብምሉእ ኮምኡ ኣይኮነን። እታ ሓንቲ መፍትሕ፡ ኣብ ዝቐለለን ብሳይንስ ዉን ዝተሓገዘ ናይ ሽዱሽተ ካልኢት ምስዕዓም ክትከዉን ትኻል ኢያ።

ስዕመት ነቲ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዘሎ ርክብ ኬደልድሎ ይኽእል እዩ፣ ሓድሓደ ግዜ ቃላት ኪገልጾ ዘይክእል ስምዒታት ኬመሓላልፍ ይኽእል እዩ። ምስዓም ባየሎጅያዊ ትርጉም እውን ኣለዎ። መጻምድቲ ክስዕሙ ከለዉ፡ ሓንጎሎም ከም ኦክሲቶሲን (“ሆርሞን ፍቕሪ”)፡ ዶፓሚን (ምስ ደስታ ዝተኣሳሰር)፡ ከምኡ’ውን ሴሮቶኒን (ንስምዒት ዝጸሉ) ዝኣመሰሉ ኬሚካላት ይለቅቕ። እዞም ኬሚካላት እዚኣቶም፡ ስምዒት ናይ ምቕርራብን ሓጐስን ከዕብዩ ይኽእሉ።

እዚ ኣብ ዝምድና ዝርከብ ብሂል ክመስል ይኽእል’ዩ፡ ግን ከኣ ሓጺርን ኮነ ኢልካ ዝግበር ምስዕዓምን ግን ነቲ ንሓዳር ከም “ኩዕሶን ሰንሰለትን” ኮይኑ ዝርአ ናብ ሓቀኛ ምቕርራብ ክቕይሮ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብ ክንዲ “ተኣሲረ” ኢልካ ትዋዘ፡ ሎሚ ንመጻምድትኻ ትርጉም ዘለዎ፡ ናይ ሽዱሽተ ካልኢት ስዕመት ክትልግስ ፈትን። እዛ ምስዕዓም እዚኣ ኸኣ ኣብ መንጎ ምኣሳርን ምቕርራብን ዘሎ ፍልልይ ምስ መጻምድትኻ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሓዳረይ በረኸት እምበር ጾር ከምዘይኮነ እእውጅን የረጋግጽን ኣለኹ። ንመጻምድተይ የኽብሮ እየ፣ ሞገስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ሓዳረይ ይዓርፍ። ብዛዕባ ሓዳረይ ብሓጐስን ሰላምን ሓቀኛ ፍቕርን ብስም የሱስ እዛረብ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ቆሮ 7:3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 6:31-8:28



ሰሉስ፣ 29 ሚያዝያ

# ዘይንቕነቕ እምነት

**ኤርምያስ 20:9**
**ኣይክዝክሮን፡ ደጊምስ ብስሙ ኣይክዛረብን እየ፡ እኳ እንተ በልኩ፡ ኣብ ዓጽጽምተይ ተዐጽዩ፡ ኣብ ልበይ ከም ዚነድድ ሓዊ ኾነኒ። ክጽመሞ ተጋደልኩ፡ ግናኸ ኣይኩነለይን።**

ብጸጋ ኣምላኽ ኣገልግሎትና ናብ ልዕሊ 3.2 ሚልዮን ኣባላት ዓብዩ'ኳ እንተኾነ፡ በዚ ደረጃ'ዚ ግን ኣይጀመረን። እምነት ጥራይ ዝነበረና ቃልሲታትን ብድሆታትን ህሞታትን ነይሩ። ዘይናወጽ እምነት ግን እዩ ነይሩ፣ እዚ ኸኣ 'ኣምላኸይ ከም ዘይፈሽለኒ እፈልጥ እየ!' እትብል እምነት እያ ነይራ።

ኤርምያስ ብመብጽዓታት ኣምላኽ ክመጽእ ዝኽእል ቓንዛ ብተስፋ ምቕራጽን፡ ዋላ'ውን ከም ዝተታለልካ ኮይንካ ምስማዕን ከም ዘሎ ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ። እዚ ኩሉ እንዳፈለጠ ግን ንኽቕጽል ዝገብሮ ሓዊ ምስኡ ተሰኪሙ ነበረ። ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ኩሎም ክላገጹልካ ወይ ብጌጋ ክርድኡኻ ከለዉ፡ ወይ'ውን ናይ ገዛእ ርእስኻ ስድራቤት ክቃወሙኻ ከለዉ፡ እቲ ዝድግፈካ ሓዊ ኣምላኽ'ዩ። ወለድኻ፡ ኣሕዋትካ፡ ወይ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽትኻ ኣንጻርካ ዝንቀሳቐሱ ምስ ዝመስሉ እውን፡ እምነትካ ዘይንቀሳቐስ ኮይኑ ክቕጽል ኣለዎ።

ዘይንቕነቕ እምነት ማለት ተኣምራት ናይ ምፍጻም ሓይሊ ምህላው ጥራይ ኣይኮነን፤ ኩሉ ዝፈርስ ኣብ ዝመስለሉ እዋን ክትጸንሕን ክትጻወርን ንመሬትካ ክትሕዝን ዝህልወካ ሓይሊ'ዩ። ዋላ እኳ ኵነታት እንተሃለው፡ መብጽዓታት ኣምላኽ ምእዋጅ ቀጽል። ሎሚ ዓመት ኣብ መንገድኻ ዝመጸካ ብዘየገድስ ድልዱል ደው ክትብል ዝገብረካ ዘይንቕነቕ እምነት እለቅቕ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ እእዝዝን እእውጅን፣ ዘይናወጽ እምነት ኣለኒ። ፈጺመ ኣይክንቀሳቐስን ኣይስዓርን'የ። ህቦብላን ተቓውሞን ክመጽእ ይኽእል'ዩ፡ ኣነ ግን ደው ኢለ ክጸንሕ'የ። እምነተይ ይጸንዕን ይስዕርን፡ ነቲ ተስፋታት ኣምላኽ ኣብ ሕይወተይ ክፍጸም ይርኢ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ያእቆብ 1:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 8:29-11:21



ረቡዕ፣ 30 ሚያዝያ

# ብሙሉእ ድምጺ ዝተዋህበ ውሳነ

**ዘጸአት 23:22**
**ድምጹ ኣጸቢቕካ እንተ ሰማዕካ፡ ኣነ ዝብለካ ኹሉ ድማ እንተ ገበርካ፡ ኣነ ንጸላእትኻ እጻልኦም፡ ንዚጻረሩኻ ድማ እጻረሮም።**

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብቲ ኣዝዩ ትጽቢት ዝግበረሉ ዝነበረ ጸወታ ቦክሲንግ፡ ጄክ ፖል፡ ነቲ ኣብ ሓደ እዋን ዘይከራኸር ዝነበረ ሻምፕዮን ከቢድ ሚዛን ማይክ ታይሰን ዝነበሮ ኣፈ-ታሪኽ ዝና ብስርዓት ኣፍሪስዎ። ኣብ ሓደ እዋን ኣብዛ ፕላኔት እቲ ዝበዝሐ ዘፍርሕ ቦክሰኛ ኮይኑ ኣብ ልቢ ተጻወትቱ ፍርሒ ዝሃረመ ታይሰን፡ ንዕኡ ስዒሩ። እቲ ብሙሉእ ድምጺ ዝተዋህበ ውሳነ፡ ስዕረት ታይሰን፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበሮ ጅግንነት መሪር ምጽራይ ምዃኑ ኣመልኪቱ። ብተመሳሳሊ ዝኾነ ዝፈታተነካ ጸላኢ ኣብ ቀረባ እዋን ናይ ገዛእ ርእሱ መቕጻዕቲ ክገጥሞ እዩ።

ጸላኢኻ ክገብሮ ዝኽእል ዝዓበየ ጌጋ፡ ካባኻ ኣምሊጠ ኢሉ ምሕሳብ እዩ። ኣምላኽ ሕነ ምፍዳይ ስለ ዘደንጎየ ዘምለጡ ኮይኖም ክስምዖም ይኽእል ኢዩ። እግዚኣብሔር ግን ናይ ገዛእ ርእሱ ሚዛን ፍትሒ ኣለዎ። ከምቲ ካብ ምሉእ ደበና ዝናብ ዝዘንብ፡ ብርግጽ ኣብ ልዕሊ ጸላእትኻ ፍርዲ ከዘንብ እዩ። እግዚኣብሄር መጻወድያታቱ ከቐምጥ ኣብ ዓለም ምሉእ ግዜ ኣለዎ፣ ንዕኡ ድማ ብጥበብ ከወጻጽኦ ዝኽእል የለን።

እግዚኣብሄር ጸላእቲ የብሉን፤ ካብዚ ነገር ኣዝዩ ዓቢዩ ስለ ዝኾነ! ምስናይዚ ግን ጸላእትኻ ጸላእቱ ከም ዝኾኑ ብቃሉ ቃል ይኣቱ። ሓይልኻ ኣብ ዘነኣእሱኻ ሰባት ኣይተባኽን። ኣምላኽ ክቃለሰልካ እዩ፡ ውጽኢቱ ድማ ብሓደ ድምጺ ክኸውን እዩ፡ ንስኻ'ዉን ትዕወት!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጸላእተይ ጸላእቲ ኣምላኽ እዮም፤ ኣምላኽ ምሳይ እዩ እሞ፡ ተጻረርተይ ተጻረርቲ ኣምላኽ እዮም። ብኣምላኽ ናይ መወዳእታ ቃል ክህልወኒ እዩ፡ እቲ ውሳነ ድማ ብሙሉእ ድምጺ ክኸውን እዩ፡ ኣነ ይዕወት! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ሳሙኤል 2:1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 11:22-15:29





# ብጸሎት ነፍስኻ ምህናጽ

**ዘፍጥረት 1:2**
**.... ምድሪ ድማ በረኻን ጥራያን ነበረት፡ ጸልማት ከኣ ኣብ ልዕሊ መዓሙቕ ነበረ። መንፈስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ማያት ይዝምቢ ነበረ።**

ደርሆ ክትሓቁፍ ከላ ኣብ ልዕሊ እቲ እንቋቑሖኣ ኮፍ ኢላ ክሳብ ዝጫጨሕ ምቕት እንዳሃበት ትሕብሕቦ። ኣብዚ እዋን እዚ፡ ነቶም እንቋቑሖታት ብኣዝዩ ብዙሕ ተገዳስነት ትሕልዎምን ትከላኸለሎምን። ኣብ ውሽጢ እቲ እንቋቑሖ፡ እታ ጫቑት ኣብ ግዚኡ ምእንቲ ክትጫጨሕ እንዳማዕበለት ድልውቲ ትኸውን።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ናብ ክፍሊ ጸሎትካ ምስ እትኣቱ ናብ ንዕብየትካ ዝኸውን ናይ ምንቕቓሕ ግዜ ትኣቱ። ስለዚ'የ ድማ ኩሉ ግዜ ጸሎት ንኣምላኽ ሓበሬታ ንምሃብ ዘይኮነስ ንስኻ ንኽትስራሕ'ዩ ዝብል። ምስ መንፈስ ቅዱስ እናተሓባበርካ እትቐውመሉ ኣገዳሲ እዋን እዩ፣ ምስ በሰልካ ድማ ነታ ናይ ዓወት ተስፋ ትጭብጣ እሞ ካብቲ ንነብስኻ ዝረኸብካያ ናይ ምፍላይ ግዜ ትወጽእ! ንሱ ምሳኻ ርክብ ከይወድአ ክትወጽእ ኣይትተሃወኽ። ኣብ ጉዳይካ ጣልቃ ክኣቱ ፍቐደሉ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ናይ ጸሎት ቦታይ ብምምልላሰይ፡ ህይወተይ ትቕየር ኣላ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩነታት ድማ ብስም የሱስ ተዓዋቲ ኮይነ እየ ዝወጽእ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 12:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 16:1-19:9



ዓርቢ፣ 2 ግንቦት

# ኣምባሳደራት መንግስተ ሰማይ

**2 ቆረንጦስ 5:20**
**ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዐረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።**

ምግላጽ ረኺብና ክንብል ከለና ሓበሬታ ወሲኽና ማለት ዘይኮነስ፡ እንጥቀመሉ ጥበብ ረኺብና ማለት ኢዩ። ሎሚ ምግላጽ ናይዛ ክፍሊ ቃል ኣምላኽ እዚኣ ኣብ ህይወትካ ክውንነት ይሃልዎ። ተመልከት እዛ ቃል ትብሎ ዘላ፣ ንመንግስተ ሰማይ ኣብ ምድሪ ትውክላ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንክርስቶስ ኣብ ዝተቐበልካሉ ህሞት፣ ውሉድ ኣምላኽ፣ ንክርስቶስ መዋርስቱ ፣ ካብቲ ባህርያዊ ሰብ ንላዕሊ፣ከምኡ ውን ብመንግስቲ ኣምላኽ ዝተመላእካ ኢኻ ኰንካ!

እዚ ማለት ብእግርኻ ክትጓዓዝ ከለኻ መንግስቲ ሰማይ ውን ትኸይድ ኣላ ማለት እዩ። ክትዛረብ ከለኻ ውን መንግስተ ሰማይ እያ ትዛረብ ዘላ! ድሕሪ ሕጂ ብሕግታት እዛ ዓለም ኣይኮንካን እትሰርሕ፣ ኣብ ቁጠባኣ እውን ኣይኮንካን እትውከል። ነዚ ክውንነት እዚ ንቑሕ ኩን፣ ነቲ ከም ኣምባሳደር ሰማይ ዘለካ ፍሉይ መንነትን መሰላትን ድማ ክትጥቀመሉ ጀምር። ኣብ ገዛኻ፡ ስእነት ቦታ የብሉን፡ ሕማም ቦታ የብሉን፡ ስክፍታ ቦታ የብሉን። ንነብስኻ ኣብ ጸገም እንተ ረኺብካያ፡ ካብታ ሰማያዊት መንግስትኻ ሓገዝ ጥለብ፣ እቲ ሰማያዊ መነት ድማ ኣብዚ ምድሪ ተግሊጹ ክትርእይ ኢኻ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣምባሳደር መንግስቲ ሰማይ እየ፣ ኣብ ምድሪ ድማ ምልኣት ሰማይ ሒዘ ኢየ ዝመላለስ። ብሕግታት ሰማይ ጥራይ ድማ ኢየ ዝዓዪ፣ብስም የሱስ ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ጴጥሮስ 4:11

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 19:10-23:11



ቀዳም፣ 3 ግንቦት

# ፈውሲ ቀሊል ኢዩ

**ማቴዎስ 15:26**
**ንሱ ኸኣ መለሰ፡ እንጌራ ውሉድ ኣልዒልካ ነኽላባት ምሃብ ኣይግባእን እዩ፡ በላ።**

ጐይታና የሱስ ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ፣ እታ ከነኣናዊት ሰበይቲ ንጓላ ከሕውየላ ምስ ለመነቶ፣ ፈውሲ ምስ እንጌራ ኣመሳሲሉዎ ኣሎ። ፈውሲ ከም መሰረታዊ እንጌራ ውሉድ ገይሩ ኢዩ ዝርእዮ ነይሩ ማለት እቲ መባእታዊ ዝኾነ ቀንዲ መግቢ ውሉድ ኢዩ ።

ኣብ Spirit Embassy ሰባት በብግዜኡ ናብ ኣገልግሎትና ክመጽኡ ኸለዉ ኵሉ ዓይነት ዘይሓዊ ሕማማት ብስም የሱስ ይሓዊ ስለ ዘሎ “ምሕዋይ ቀሊል ኢዩ” ዝብል ቴማ ወትሩ ጭርሖና ኢዩ! HIV,መንሽሮ፣ ዑረት ዓይኒ፣ምጽማም ኣእዛን፣መኻንነት  ብተውሳኺ ውን ብዙሓት ካልኦት ዓይነታት ሕማም ይፍወሱ ኣለዉ ።

ስለዚ ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ክትሓምም እይግበኣካን ኢዩ። ሎሚ ብስም የሱስ ፈወስኻ ተቀበል! በቲ ድሮ ዝተገብረ መስዋእቲ ኣምላኽ ዕረፍን እመንን ። ንሱ ምሉእ ዋጋ ምድሓና ከፊልዎ ኢዩ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብቁስሉ ስለ ዝሓወኹ! ካብ ሽዑ ኣትሒዘ ብመለኮታዊ ጥዕና እየ ዝነብር ዘለኹ ። ብስም የሱስ ካልእ መዓልቲ እውን ኣይክሓምምን እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ጴጥሮስ 2:24

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 23:12-26:19



ሰንበት፣ 4 ግንቦት

# ጸብጻብ ገንዘብ ባንክ ኣምላኽ

**2 ጴጥሮስ 1:3**
**እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብሄርን ዚኸውን ኲሉ ኻብ ዚህበና፡**

ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ኪፈጥር ከሎ ንኣዳም ቅድሚ ምፍጥሩ ንዅሉ ነገራት ኣመዓራርዩ ኣብ ቦቦትኡ ኣትሓዞ ። ድሕሪ ውድቀት ወድሰብ ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ናብቲ ስእነት ኮነ ወይስ ሕማም ዘይብሉ ከምኡውን ምስ ኣምላኽ ፍጹም ሕብረት ዝነበሮ ናይ ቀደም ክብሪ ክመልሰና መጸ ።

እቲ ኲሉ ዝነበረ ኣብ ክርስቶስ ኢዩ ብሓጺሩ ተጠቓሊሉ ዘሎ። ምስዚ ህይወት እዚ ብምትሕሓዝ ዘድልየና ዘበለ ኹሉ ኣብ ክርስቶስ ኢዩ ተሰዊሩ ዘሎ ። እቲ ምድራዊ ኣነባብራ ጐይታና የሱስ ኣብቲ ግዜ እቲ ውን ከይተረፈ ሓደ ኣብነት ክነብሮ ዘለና ኣብዚ ምድሪ ዘርእየና ስእሊ ኢዩ። ሓደ ሓደ ንምጥቃስ፣ ክቡር ዝዋግኡ መዳዓዝያ ናይቲ ግዜ ክጥቀም ከሎ ፣ነቲ ሮማውያን ወተሃደራት ከይተረፉ ዝተመነይዎ ናይ ነዳፊ ክዳውንቲ ይኸደን ምንባሩ፣ ንልዕሊ 5000 ሰብኡት ኣብ ሓደ ግዜ ክምግብ ምኽኣሉ።... እቲ ዝርዝር መወዳእታ የብሉን!

እዚ ርስቲ እዚ እዩ ሓዲጉልካ። ዜድልየካ ዘበለ ንየሱስ መልእኽቲ ጽሓፈሉ እሞ ክትረኽቦ ኢኻ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ ህይወት እዚ ዜድልየኒ ዘበለ ኹሉ ብስም የሱስ ስለ ዘሎኒ ተባሪኸ እየ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 10:10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 26:20-29:19



ሰኑይ፣ 5 ግንቦት

# ምንቅስቓስ ቃል ኣምላኽ

**2 ቆረንቶስ 3:2**
**ኣብ ልብና እተጻሕፈት፡ ኲሉ ሰብ ዚፈልጣን ዜንብባን ደብዳቤና ንስኻትኩም ኢኹም።**

ነታ መዝሙር ጥዑም ብስራት ናይ GoodNews World ኣቓልቦ ኔርካላዶ ትፈልጥ ? ነቲ "እዚ ትእዛዝ እዚ ኣሎና ... ንሕና ተንቀሳቓሲ ትእምርትን ተኣምራትን ቃል ኣምላኽ ኢና።"

እዛ ጥቕሲ እዚኣ ንሕና ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈርና ቃል ኣምላኽ ከም ዝኾንና እያ እትገልጽ ። ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ ኣፍካ ቕድሚ ምኽፋትካ እውን ከይተረፈ ህላውነትካ ህላውነትካ ጥራይ ነቲ ቓል ይሰብኮ ኢዩ። ንስኻ ኣብ ጸልማት ዜብርህ ብርሃን ኢኻ፣ ንስኻ ምልክትን መስተንክር ፍጥረትን ኢኻ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ህላውነትካ ናይ የሱስ ህላውነት ኢዩ !

ስለዚ ሎሚ፣ መዓልቲ ሓደ ሰብ ብተስፋ ምልኣዮ። ዝረአን ዘንጸባርቅን ተስፋ ኹን። በቲ ጸዋርካዮ ዘለኻ ቓል ንሰባት ሓፍ ኣብሎም። ዓለም ብኣኻ ኣቢላ ፍቕሪ ኣምላኽ ክተስተማቕር ፍቓደላ ። ፍቕሪ ኣምላኽ ድሮ ኣብ ልብኻ ፈሲሱ ኣሎ ። ከምኡ ኽትንብር ከለኻ ኣብ ህይወትካ ምውሳኽ ክኸውን ኢዩ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ንቓል ኣምላኽ ተላቢሰዮ እየ። ኣብ ዝኸድክዎ ዘበለ ተስፋን ሰላምን ፍቕርን ኣምጽእ እየ ። ኣነ ብስም የሱስ ዝንቀሳቐስ ቃል ኣምላኽ ኢየ! ሃሌሉያ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 10:16; ሮሜ 10:15

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1ይ ዜና መዋእል 29:20-30; 2 ዜና፡- 1:1-4:10



ሰሉስ፣ 6 ግንቦት

# ዘይጠፍእ ዘርኢ

**1 ጴጥሮስ 1:22-23**
**ብህያውን ንዘለኣለም ብዚነብርን ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፡ ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኰንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም፡ ንሓቂ እናተኣዘዝኩምዋ፡ ግብዝና ንዜብላ ፍቕሪ ኣሕዋት ንነፍስኹም ኣጽርዩ፡ ብንጹህ ልቢ ንሓድሕድኩም ብሓቂ ተፋቐሩ፡**

ክርስቶስ ምስ ተቐበልካ ፣እቲ ናይ ሓቂ ንስኻ ማለት መንፈስካ ካብቲ ዘይሓልፍ ዘርኢ ኣምላኽ (ስፐርማ) ንዘለኣለም ተወልደ። እቲ ሒዝካዮ ዘለኻ ዲ. ኤን. ኤ. ብዝኾነ ምኽንያት ክበላሸ ወይ ክጠፍእ ኣይክእልን ኢዩ።ብዛዕባ እዚ ሓቂ ዝኾነ ጉዳይ ጽቡቅ ምርዳእ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ ። እዚ ምርጋእ ምስ ረኸብካ ንዘለኣለም ኣብ ህይወትካ ኻልእ መዓልቲ ኣይክትሓምምን ኢኻ ። ሃሌሉያ!

መንሽሮ ኤች. ኣይ. ቪ ወይ ዝኾነ ይኹን ሕማም ንዘርኢ ኣምላኽ ከበላሽዎ ዝኽእለሉ መገዲ የለን። እንተኾነ ግን ዝኾነ ይኹን ሕማም ምስቲ ንስኻ ህያው ዝኾንካሉ መንፈሳዊ ሰብ ኣብ ሓደ ኣካል ናይ ምንባር መሰል ከም ዘይብሉ ንኽትግንዘብ ምንቕቓሕ የድልየካ ። እቲ ዝረኸብካዮ ድሕነት ናብቲ ዋላ ሓንቲ ኸም ዘይጕደለካን ከም ዘይተሰበርካን ህሞት ስለ ዘግዓዘካ ንኣካላትካ ምስቲ ናይ መንፈስካ ጋህዲ ንኺሰማማዕ ክትእዝዞ ጀምር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ዘይሓልፍ ዘርኢ ኣምላኽ እየ ተወሊደ። ዝኾነ ይኹን ሕማም ካብ ሰብነተይ ይሰጎ ኣለኹ። ኣብ ህይወተይ ብስም የሱስ ዚጐድለኒ ወይ ዝጎድኣኒ ነገር ኣይኪህሉን እዩ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቈረንቶስ 5:17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 4:11-7:22



ረቡዕ፣ 7 ግንቦት

# ክብ ዝበለ ህይወት

**መክብብ 10:7**
**ባሮት በፍራስ፡ መሳፍንቲ ኸኣ ከም ባሮት ምድረ ምድሪ ኪኸዱ ኸለው ርኤኹ።**

ከም ወላዲ መጠን ውሉድካ ለማኒ ኰይኑ ኪነብር ክትርእዮ ከለኻ፣ ግናኸ ካብቲ ዘድልዮ ንላዕሊ ሃብቲ ሂብካዮ ከለኻስ ከመይ ኸትግምቶ ምኸኣልካ ? እዚ ጥራይ ዘይኮነ ድማ እቲ ዝሃብካዮ ሃብቲ በቶም ንሱ ክገዝኦምን ከማሓድሮምን ዘለዎም ሰባት ክብተንን ንኾንቱ ክባኽንን ከሎስ ከመይ ይመስለካ።

ሕጂ ኣምላኽ ንደቁ ኪሳቐዩን ካብቲ ኣብ ህይወቶም ዜጋጥሞም ጸገማት ተበጊሶም ድማ ካብኡ ከምልጡ ኺልምኑ ከለዉ ዚስምዖ ስቓይ እሞ ሕስብ ኣብሎ ። ኰይኑ ግና ዜድልዮም ዘበለ ኣኺሉ ዚተርፍ ሂብዎም እዩ ። ሎሚ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ዓርሞሽሽ ከተበራብርን ናትካ መሰል ከም ዘሎካ ኽትዛረብን ከለኻ ታሪኽ ህይወትካ ዚቕየረላ መዓልቲ ትኹን። ናብቲ ዝለዓለ ብልጽግና ዘለዎ ህይወት ብስም የሱስ ደይብን ግዛእን ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ናብ ናይ ብልጽግና ህይወት ተጸዊዐ ኣለኹ፣  ስእነት እውን ግደይ ኣይኰነን። ዕድለይ ኣብ ባህ ዜብል ቦታታት ወደቐለይ ብስም የሱስ ከኣ ጽቡቕ ርስቲ ኣሎኒ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሆሴእ 4:6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 8:1-11:12



ሓሙስ፣ 8 ግንቦት

# ደሃይ ሓዊ

**ማቴዎስ 3:11**
**ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፡ እቲ ድሕረይ ዚመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ፡ ኣነስ ኣሳእኑ ኽጽወር እኳ ኣይበቅዕን። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቐኩም እዩ።**

ጥምቀት ዮሃንስ ናብ ንስሓ ዜብጽሓሉ ብማይ እኳ እንተ ነበረ ጥምቀት ጐይታና የሱስ ግን ብመንፈስ ቅዱስን ሓውን እዩ ነይሩ። ንዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት ክትሰግሮ ዘኽእል እኹል ሓይሊ ብመንፈስን ብሓይሊ ሓውን ተሓቲምካ ኢኻ።

ክትዛረቡ ኸለኹም ቃላትኩም ዘይኮነ ሓይሊስ፣ ሓይሊ ዚጸሩ ኣቓሑ ወይ መትረባት እዮም። እዚ ሓይሊ እዚ ኻብመንፈስ ጸሎትን ወይ ካብ ምስትንታንን እዩ ዚመጽእ ። ልክዕ ከምቲ ጐይታና የሱስ ካብ ከረን ኪወርድ ከሎ ምስ ኣዘዘ ኣጋንንቲ ኺሃድሙ ከለዉ እትርእዮ ካብ ሎሚ ኣትሒዝካ ብቐጻሊ ኽትጽሊ ኸለኻ ቃላትካ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ለውጢ ኬምጽእ ስለ ዚኽእል ንዘረባኻ ብምስትውዓል ኣውጽኣዮ ። ብቛንቋታት ክትጽሊ ኸለኻ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ እቲ ጸገም እናነደደ ኪኸይድን ኪጠፍእን ከሎ ክትምልከት ኢኻ።

ዘረባኻ ብሓዊ ምስ ዝምቅር ነፍሳት እውን ከይተረፈ ብቐሊሉ ኢኻ ናብ መንግቲ ኣምላኽ እትዕወት፣ ቃላትካ ንልብን ኣእምሮን ሰባት ረቲዑ ናብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከምጽኦም ዝኽእል ድልዱል መሳልል ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ዝዛረብ ቁልዒ ሓዊ እየ ። ቃላተይ ሓይሊ ዝመልኦ እዩ። ኵሉ ሳዕ ቃላት ከውጽእ ከለኹ ልቢ ይፍረድ ሕሙማት ይሓውዩ ተኣምራት ከኣ ብስም የሱስ ይፍጸም! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 1:16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: 2 ዜና መዋእል 11:13-15:19



ዓርቢ፣ 9 ግንቦት

# ተኣምራታት ኣምላኽ

**ደጐዓ ኤርምያስ 3:22-23**
**ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ እሞ፡ ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ እዩ፡ እሙን ምኽንካ ዓብዪ እዩ።**

ኣምላኽ ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ብዘይ ቅድመ ኵነት እዩ ደረት እውን የብሉን፣ ገና ሓጥኣን ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ኢዩ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ። ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ሓሳባትን እምነታትን ልምድታትን ይሃልወና ብዘየገድስ የሱስ ክርስቶስ የፍቅረናን ናብኡ ኽሳዕ እንምለስ ብትዕግስቲ ይጽበየናን እዩ ። ናብኡ ምስ ተመልስና እውን ከይተረፈ ንግሆ ንግሆ ንጕድለታትና ይቕረ ብምባል ምሕረቱ ይሕደስ እዩ ።

ነቲ ኣምላኽ ንዓና ዘለዎ ፍቕሪ ምግንዛብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። ነቲ መዓልታዊ ዘሎና ንጹህ ህልውና ተጠንቂቕካ ነስተብህሎ ። እዚ ኣብ ሓጢኣት ክንነብር ዜፍቅደልና ፍቓድ እኳ እንተ ዘይኰነ ብዝያዳ ብምስትውዓል ብዝተመላለስናዮ መጠን ግን በዚ መንፈስ ፍቕሪ እዚ ክንምላእ ኢና  ። ንጸላኢኻ ተጻረሮ፣ ንሱ ኣብ ናይ ሓጢኣት ሕልናን ኵነኔን ከም እትነብር ኪገብረካ እዩ ዝደሊ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብሌን ዓይኒ ኣምላኽ እየ፣ ካብ ፍቕሩ ኺፈልየኒ ዚኽእል ነገር የልቦን ። ብስም የሱስ ተባሪኸ እየ ዝነብር ዘለኹ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:35-39

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 16:1-20:13



Saturday, May 10

# ናይ እግዚኣቢሄር ምሩጽ እጽዋር ኩናት

**ንስኺ ሞደሻይን ኣጽዋር ውግ|አይን ኢኺ። ብኣኺ ህዝብታት ክጨፍልቕ፡ ብኣኺ መንግስትታት ከጥፍእ እየ።**

ሕስብ እሞ ኣብሎ ። ኣምላኽ ኣብ ዓውዲ ኹናት ኣትዩስ ኣጽዋር ንምሓዝ ኣእዳው ናብ ኣጽዋሩ ምስ ሰደደስ ከም ዝበለጸ ኣጽዋር ገይሩ ይሕዘካ! ንሓደ ሰብ ብፈውሲ ኪበጽሖ እንተደለየ ንዓኻ ኢዩ ዚሰድድ፣ ብስራት ንዘድልዮ ብስራት ክነግሮ እንተደለየ ውን ንዓኻ ኢዩ ዝልእኽ፣ ንኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ ዝኸውን ንብረትን ንዋትን ክልግስ ምስ ዝደሊ ውን ንዓኻ ኢዩ ዝኣምን። ኮታስ ኣምላኽ ፍቓዱ ኣብ ምድሪ ንኽትገብር ዚጽውዓካ ንስኻ ኢኻ።

እዚ ኸኣ ንስኻ  ተራ ሰብ ከም ዘይኮንካ ኢዩ ዘርእየካ! ንስኻ እቲ ድያብሎስን ጭፍራታቱን ክለማመድዎ ዘይኮነሎም ብክርስቶስ ሓድሽ ሱፐርማን (2 ቈረንቶስ 5 17) ኢኻ። ሎሚ መዓልታዊ ጉዳይካ ክትገብር ኸለኻ ንኹሉ እቲ ንዕቤትካ ዚዓናቕፍን ነዚ መልእኽቲ ግሩም ዜና ዘሰናኽልን ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት ንምድምሳስ  ከም እተተኰሰ  ሚሳይል ሓዊ ኮይንካ ክትመላለስ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ምሩጽ ኣጽዋር ውግእ ኣምላኽ እየ ። ኣብ ዝኸድክዎ ዘበለ ፍረ እፈርን ብስም የሱስ ምርኮ ውግእ አምጽእን እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 10:22

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 20:14-24:14



ሰንበት፣ 11 ግንቦት

# ተሓጎስ, ደስ ይበለካ

**ማቴዎስ 7:24-27**
**ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ዅሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል።**

እዚ ትብዓት ዝመልኦ ኣዋጅ እዚ መዓልታዊ ንመዓልትኻ ኽትእዝዝ ከለኻ ኻብ ኣፍካ ዚወጽእ ናይ መጀመርታ ቓላትካ ኪኸውን ኣለዎ። ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ይምጻእ ብዘየገድስ መዓልትኻ ውህበት ኣምላኽ ካብ ምዃና ዝተላዕለ እዚ ኣፍልጦ እዚ ብሓጎስን ደስታን ከተሕልፋ ከኽእለካ ኢኻ።

ኣብ ህይወትካ እንታይ ክፉእ ነገር ይኸውን ኣሎ  ኣይትሕሰብ ። ስለዚ ኸኣ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ኣይትጨነቕ ኵሉ ግና ንኣምላኽ ኣመስግኖ ሰላሙ ድማ ንልብኻ ክመልኦ ኢዩ ዝብል። ስለዚ ኣብ ህይወትካ ህውከት ኬጋጥመካ ኸሎ ተሓጐስ  መመሊስካ ተሓጎስ ድያብሎስ ከም ዚሃድም ግበር ኵሉ ነገር ንሰናይካ ኽም ዝኸውን ፈሊጥካ ድማ ባህ ይብለካ! መጽሓፍ ቅዱስ ሓጐስ ጐይታ ሓይልና ምዃኑ ስለ ዚገልጽ ክትሕጐስ ኸለኻ ክትብርትዕ ኢኻ። ስለዚ ሓጐስካ ቀጻሊ ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ ሓጎስ ምንጪ ሓይሊ እዩ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሓጐስ እግዚኣቢሄር ሓይለይ እዩ። ብስም የሱስ ሓይሊ ስለ ዘሎኒ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት ከቶ ኣይክወድቕን እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊልጲ 4:4

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡2 ዜና መዋእል 24:15-28:27



ሰኑይ፣ 12 ግንቦት

# እንኩቤተር መጫጪሒት

**ግብሪ ሃዋርያት 12:5**
**ጴጥሮስ ከምዚ ኹይኑ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይሕሎ ነበረ፡ እታ ማሕበር ግና ምእንትኡ ኹሉ ሳዕ ናብ ኣምላኽ ትጽሊ ነበረት።**

ሓንቲ ደርሆ ኣብ እንቋቑሖኣ እተንጫጭሓሉ ግዜ ተጠንቂቓ ኽትገላብጦን ኣብ ከባቢኣ ዘሎ ኹነታት ብዘየገድስ ግቡእ ሙቐት ከም ዚህልዋን ክትገብር ከላ ርኢኻዶ ትፈልጥ? እቲ እንቋቑሖ ኣብ ግቡእ ግዜኡ ምእንቲ ኺጫጩሕ ክብ ዝበለ ኣተኩሮ ኢያ እትገብር።

ኣብዛ ጥቅሲ እታ ቤተ-ክርስትያን ብዘይምቁራጽ ምእንቲ ሃዋርያ ጴጥሮስ ክትጽሊ ኸላ ኢና እንርእይ። መልኣኽ ጐይታ ንጴጥሮስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኼውጽኦ ኽሳዕ ዚለኣኽ ጸቕጢ ይገብሩ ነበሩ። ሓድሓደ ግዜ ነቲ ዝደለኻዮ ውጽኢት ኣብ መንፈስካ ኽሳዕ እትረኽቦ ከምታ ደርሆ ናብቲ ናይ እንኩቤተር መንፈስ ክትኣቱ ከድልየካ ኢዩ ።

ሎሚ እት ብመንፈስ ጸሎት ኣባኻ ዘሎ ሓይሊ ኣስተውዒልካ ኣብ ህይወትካን ኣብ ህይወት ካልኦት ሰባትን ለውጢ ንምምጻእ ተጥቀመሉ ። ልክዕ ከምቲ ኤልያስ ዝደለዮ ኽሳዕ ዚፍጸም ርእሱ ኣብ መንጎ ብርኩ ኣንቢሩ ዝጽልይ ዝነበረ ከምኡ እኹል ግዜ ኣብ ጸሎት ኣሕልፍ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብስም የሱስ ብምጽላይ ድሌታት ልበይ ንምፍጻም ነቲ ኣምላኽ ዝሃበኒ ናይ ጸሎት ውህበት ክጥቀመሉ እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ነገ 18:42-45

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 29-31



ሰሉስ፣ 13 ግንቦት

# ወርቃዊት ጽዋእ

**ራእይ ዮሃንስ 5:8**
**ነቲ መጽሓፍ ምስ ወሰዶ ኸኣ፡ እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታትን፡ ነፍሲ ወከፎም መሰንቆን ዕጣን ዝመልእሐአ ጽዋእ ወርቅን ሒዞም፡ - እዚ ድማ ጸሎት እቶም ቅዱሳን እዩ፡ - ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸል ተደፍኡ።**

ክትጽሊ ኸለኻ ጸሎትካ ኣብ ወርቃዊ ጽዋእ ይእከብ እዚ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንጥዑም ጨና ዝሸተት ኰይኑ ይቐርብ። ክትጽሊ ኸለኻ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ ጸሎትካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪቐርብ ከሎ ንኣምላኽ ከም ዜሐጕሶ ጥዑም ጨና ጌርካ ርኣዮ። ጸሎትካ ንኣምላኽ ኣዝዩ እዩ ዜሐጕሶ!

ስለዚ ድማ ብድሕሪኡ ኣምላኽ ንጸሎትካ ብሓጎስ ተቐቢሉስ ንሂወትካ ብዘይ መፍትሒ ኺሓድገካ ኣይክእልን እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ክንጽሊ ኸለና ኣምላኽ ከም ዚሰምዓና ክንተኣማመን ከም ዘሎና ይገልጽ እዩ ። ንሱ ስለ ዝሰምዓና ኸኣ ልመናና ከም ዝተፈጸመ ርጉጽ ኢዩ ሃሌሉያ ! ስለዚ ክትጽሊ ኸለኻ ኣብ ሰማይ ከም ጥዑም ጨና ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዚእከብ መኽዘን ትሰርሕ ከም ዘለኻ ፍለጥ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብሌን ዓይኒ ኣምላኽ እየ። ኣብ ጻዕዳ ኣእዳዉ ተወቂጠ ኣለኹ። ሕሉፍ ሓሊፉ እውን ቁጽሪ ጸጕረይ ይፈልጦ ንንብዓተይ ድማ ኣብ ጭልፋኡ ይእክቦ ። ብስም የሱስ ብሓቂ ፍቑሩ እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 56:8

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 32:1-35:19





# ቃል ኣምላኽ መለክዒ ህይወትካ ግበሮ

**ሮሜ 1:17**
**ከምቲ ጽሑፍ፡ ጻድቕ ግና ብእምነት ይነብር፡ ዚብል፡ እቲ ጽድቂ ኣምላኽ ካብ እምነት ናብ እምነት ብእኡ ይገሀድ እዩ።**

ንቓል ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ መለክዒ ግበሮ እሞ ፈጺምካ ኣይክትወድቕን ኢኻ ። ጸላኢ ናብ ሓደ ኾርናዕ እኳ እንተ ኣጸጋዓካ  እተምልጠሉ መገዲ ወትሩ ኽትረክብ ኢኻ። ጽድቂ ኣምላኽ ካብ እምነት ናብ እምነት ኢዩ ዝግለጽ እዚ ማለት ከኣ ሓደ ሰብ ዝለዓለ ደረጃ ጽድቂ ንምርካብ እምነቱ ኽውስኽ ኣለዎ ማለት ኢዩ።

እቲ ኣብ GoodNews World ዚዝመር መዝሙር እውን እንተ ኾነ ንሕና ኣብ ምንቅስቃስ እንርከብ ቓል ኣምላኽ ምኺንና የረጋግጸልና እዩ ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ እቲ ቓል ብህላውነትካ ኣቢሉ ኢዩ ዝንበብ ዘሎ ማለት ኢዩ ። ሓደ ሰብ ምሳኻ ብምርኻቡ ናብቲ ናብ ክርስቶስ ዚመርሖም ቃል ንመጀመርታ ግዜ ብመገድኻ ክመጽእ ይኽእል ኢዩ ። ስለዚ ንዓለም ንኽትጸልዋን ኣብ ህይወትካ ዓቢ ለውጢ ንኸተምጽእን ንቑሕን ድልውን ኩን ። ኣብቲ ቓል ዝያዳ ግዜ ብዘሕለፍካ መጠን ናይ ምስማዕ ክእለትካ እናዓበየ ይኸይድ እዚ ድማ ዝያዳ እምነት ከም ዚህልወካን ናብ ዓበይቲ ተኣምራት ከም ዚመርሓካን እዩ ዚገብር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ክምገብ ከለኹ ህይወተይ ብፍልጠት ክርስቶስ ትልወጥ ኣላ ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ እምነተይ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትድይብ ኣላ ዝኾነ ዕንቅፋታት ከኣ ብስም የሱስ ብቐሊሉ ክምንቁሶ ኢየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 10:17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 2 ዜና መዋእል 35:20-36:23; እዝራ 1-3




ሓሙስ፣ 15 ግንቦት

# በረኸት ኣምላኽ

**ምሳሌ10:22**
**- በረኸት እግዚኣብሄር የሀብትም፡ ሽጋርውን ገለ ኣይውስኸሉን።**

ሰሚዕካዮዶ ? በረኸት ጐይታ ብዘይ ዝኾነ ቀይዲ ሃብታም ይገብረካ። ኣምላኽ ኪባርኸካ ኸሎ ብርግጽ ትባረኽ ኢኻ ። ኣብ ህይወትካ ዜድልየካ ዘበለ ኹሉ ዝሓዘ ፍሉይ በረኸት ምኺኑ ኣስተብህል ። ሃብታም ንኽትከውን እዩ ዚድርኸካ ። ውጥረት ስቓይ ወይ መከራ ዘይብሉ ብልጽግና ። ኣምላኽ ከምዚ ዓይነት ህይወት ኪህልወካ እዩ ዚደልየካ ።

“ ሃብታም ክኸውን ኢልካ ኣይትጽዐር፡ ንጥበብካ ኣብኡ ኣይተውዕል “ (ምሳሌ 23 4) በለ። ኣብቲ በረኸት ኣተኩር ። ውሉድ ኣምላኽ ከም ምዃንካ መጠን ህይወትካ ኣኺሉ ዚተርፍ ህይወት ኪህልዋ ኣለዎ ። ስለዚ ሕጂ መን ምዃንካን እንታይ ከም እተዋህበካን ኣስትውዕል ካብ ድቃስካ ተበራበር። ብዛዕባ በረኸት ርዱእ ኩን ነቲ ኣምላኽ ዝኣተዎ መብጽዓታት ድማ ተጠቐመሉ። ንስኻ ሃብትኻ እትድህስሶ ዘለኻ ብክርስቶስ ሃብታም ውሉድ ኢኻ። ጸላኢ ኣብ እዝንኻ ሓሶት ነገር ሕሹኹሹኹ ኪብለካ ኣይተፍቅድ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

በረኸት ጐይታ ኣብ ልዕለይ እዩ። ኣዝየ ስለ እተባረኽኩ ውጥረት ኣይስምዓንን እዩ ። ኣዒንተይ ነቲ ብክርስቶስ ዘሎኒ ሃብቲ ኺርእያኦ ክፉታት እየን ። ብስም የሱስ ድኻም ዘይብሉ ሃብቲ ኢዩ ዕድሎተይ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 6:33

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዝራ 4-7



ዓርቢ፣ 16 ግንቦት

# ሓይሊ ጸሎት

**1 ቆረንቶስ 14:4**
**ቋንቋታት ዚዛረብ ንርእሱ ይሀንጽ፡ ትንቢት ዚንበ ግና ንማሕበር እዩ ዚሀንጽ።**

ብጸሎት ክንረኽቦ እንኽእል ሓይሊ ኣሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ካብ ኵሎም እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ንላዕሊ ብቛንቋታት ስለ እተዛረበ ንኣምላኽ ከመስግኖ ኽኣለ ። ከም ውጽኢቱ ድማ ብዙሕ ረብሓታት ይዓጽድ ነበረ ።

ሎሚ እቲ ብጸሎት እትረኽቦ ሓይሊ ብኸመይ ከም እትጥቀመሉን ብኸመይ ከም እትገልጾን ክትግንዘብ እደሊ ኣለኹ። ብቛንቋታት ክትጽሊ ኸለኻ ንርእስኻ ትሃንጽ፣ ልክዕ ከም ጀነሬተር ሓይሊ ኢኻ እተመንጩ። እንተኾነ ግን ልክዕ ከምቲ ጀነሬተር ምስቲ ኤለክትሪክ ዘድልዮ መሳርሒታት እተተሓሓዘ ገመድ ዘለዎ፣ እዚ ሓይሊ እዚ እውን ናብቲ ክዕየየሉ ዘለዎ ቦታ ክመሓላለፍ ኣለዎ ። ብተመሳሳሊ እቲ እተመንጭዎ ሓይሊ ናብቲ እትጽልዮ ዘለኻ ኺመሓላለፍ ኣለዎ። ሓሳባትካ ኣብቲ ዝጽለየሉ ዘሎ ከተኵር ኣለዎ፣ ነቲ መልሲ ድማ ኣብ ኣእምሮኻ ኽትስእሎን ክትርእዮን ኣሎካ። ክትዛረብ ከለኻ ቃላትካ ናብቲ እትጽልየሉ ዘለኻ ሓይሊ የማሓላልፍ ። ናይ ዓወት ወረቐት ክሳዕ እትረክብ ብቐጻሊ ድፋእ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ጀነሬተር ናይ ሓይሊ እየ፣ ቃላተይ ከኣ ነቲ ሓይሊ እቲ ናብቲ ኣሸጋሪ ኵነታት ዜብጽሕ ኮንተይነራት እዩ ። ብስም የሱስ ኩሉ ዘይእዘዝ ኩነታት ይስገድ! ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 6:63

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዝራ 8-10; ነህምያ 1



ቀዳም፣ 17 ግንቦት

# ሓላፍነት ውሰድ

**1 ሳሙኤል 17:46**
**ሎሚ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንኣኻ ኣሕሊፉ ኣብ ኢደይ ኪህበኒ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ክቐትለካ፡ ርእስኻውን ካባኻ ኽወስድ እየ፡ ሬሳ ሰራዊት ፍልስጥኤማውያን ከኣ በዛ መዓልቲ እዚኣ ንዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ክህቦም እየ እሞ፡ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዘሎ፡ ኲላ ምድሪ ኽትፈልጥ እያ።**

ድያብሎስ ንዓኻ ካብ ስፍራኻ ንኽውርድ ካብ ምዕያይ ተልእኾኡ ኣየቋረጸን ኢዩ ። ኣብ ህይወትካ ዝከእሎ ገይሩ ብገለ ነኺላት እንተረኸበልካ ኢሉ ገና ክደፍ ኢዩ።ገለ እንተረኺቡ ድማ ካልእ ውን ክረክብ ኣየቋርጽን ኢዩ።

ሳኦልን ሰራዊቱን ክሳዕ ዝርዕዱ ጐልያድ ንሰራዊት እስራኤል የላግጾሎም ነበረ ሓደ ጓሳ ተንሲኡ ነቲ ኾነታት ክሳዕ ዝቈጻጸሮ ኸኣ ኣብ ውግእ ክገጥሙሉ ኣይተኻእሎምን። ኣብታ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ኽተንብብ ከለኻ እንታይ ከም ዚገብርን ስለምንታይ ከምኡ ኽም ዝገበረን ብልክዕ ክእውጅ ጀመረ ። በቲ ኣብ ህይወትካ ዘጋጠመ ማዕበል ኣብ ክንዲ እትወድቕ ከምቲ ዳዊት ዝገበሮ ሓላፍነት ውሰድ ንብምሉኡ ወለዶኻ ድማ ካብ ባርነት ኣውጽኣዮ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኹሉ እቲ ድያብሎስ ሰሊኹ ዝኣተወሉ መዳይ ህይወተይ እንደገና እቈጻጸሮ ኣለኹ።ብስም የሱስ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማርቆስ 4:39

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ነህምያ 2-5



ሰንበት፣ 18 ግንቦት

# ንቓላት ኣፍካ ልጓም ግበረሎም

**ምሳሌ 18:21**
**ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ፡ እቲ ዜፍቅራ ኸኣ ፍሬኣ ኺበልዕ እዩ።**

ቃላት ብዙሕ ኣወንታውን ኣሉታውን ሓይሊ ስለ ዘለዎ መጽሓፍ ቅዱስ ህይወትን ሞትን ንልሳን ከም ዝግዛእ ይነግረና ኢዩ። ስለዚ ኸኣ ኢኻ ድማ ንቓላትካ ተጠንቂቕካ ምውጻእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ። ከም ብሓድሽ እተወለድካ ክርስትያን ስለ ዝኾንካ ንስኻ ንጉስን ካህንን ኰንካ ኢኻ።... ኣምላኽ እውን ከይተረፈ ኮይንካ ኢኻ! ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚብሎ “ኣማልኽቲ ኢኹም” (መዝሙር 82 6፣ ዮሃንስ 10፣ 34)።

ኻብ ዝኾነ ይኹን ዘይኣማኒ ንላዕሊ ቃላትካ ሓደገኛታት ኢዮም።ከም ንጉስ መጠን ቃላት ክትእውጅ ከለኻ ሕጊ ይኸውን፣ ከም ካህን ድማ ኣብ ክንዲ ቤትካ ክትዛረብ ትኽእል፣ ከም ኣምላኽ... ቃላትካ ናይ ምምሃዝ ክእለትን ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ምዕናውን ክእለት ኣለዎ ። ስለዚ ንቓላትካ ቐዳምነት ክትህብን ኣብ ከባቢኻ ንዝነብሩ ንምህናጾም ክትጥቀመሉን እትደዮ ዓለም ክትፈጥርን ክእለት ኣለካ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃላተይ ካብ መጠን ንላዕሊ ሓይሊ ኣለዎ፣ ኣብ ህይወተይ ብልጽግና እዛረብ ኣለኹ፣ኣብ ህይወተይ ጥዕና እዛረብ ኣለኹ፣ብስም የሱስ ዝኾነ ይኹን ኣሉታዊ ዘረባ ኣንጻረይ ዝወጸ ድማ እስርዞ ኣለኹ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 12:18 ያእቆብ 3:1-10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ነህምያ 6:1-8:8



ሰኑይ፣ 19 ግንቦት

# ሰናይ ንምግባር ኣይትሰልክይ

**ምሳሌ 3:27**
**ኢድካ ኽትገብረሉ ዚከኣላ እንተ ኾይኑስ፡ ነቲ ዚግብኦ ሰብ ሰናይ ኣይትኽልኣዮ።**

ክርስትያናት ከም ምኳንና መጠን ነቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝሓንጸጸልና ፍጹም ኣብነት ኢና ንስዕብ ። ኣካይዳኡ ኽንርኢ ኸለና ንኻልኦት ሰባት ሰናይ ንምግባር ወትሩ ብድንጋጸ ይመላለስ ከም ዝነበረ ንርኢ ።ወላኳ እዚ ኣብ ልዕሊኡ ኽትዕን ምጉርምራምን ከም ዜምጽእ እንተ ፈለጠ ንሱ ግና ብኸምኡ ዝበለ ኣካይዳ ተመላለሰ ።

ሎሚ ናብቲ መዓልታዊ ስራሕካ ኽትወፍር ከለኻ ንሓደ ምዉቕ ፍሸኽታ፣ ሕያውነት ዝመልኦ ቓላት፣ ሓገዝ ከምኡውን ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ዘጓንፈካ ሰብ ምኽንያት በረኸት ካብ ምኳን ድሕር ኣይትበል ። ኣምላኽ ንህይወት እቶም እተሸገሩ ሰባት ንምትንካፍ ኪጥቀመሉ ዚደሊ ምሩጽ መሳርሒ ምኳንካ ወትሩ ሕሰብ ። ቀጺልካ ንሓደ ኪሰምዖ ንዝደሊ ሰብ ብፍቕሪ ብስራት ኣካፍሎ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣምላኽ ብተኣማንነት ክጽውዖ ዝኽእል ገባሪ ጽቡቕ ግብርታትን ኣካፋሊ ናይ ጥዑም ዜናን እየ። እዚ ድማ ፈጺመ ስለ ዘየድሕርሕር እዩ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 13:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ነህምያ 8:9-11:21



ሰሉስ፣ 20 ግንቦት

# ነቲ መንገዲ እመኖ ኣብኡ ድማ ጽናዕ

**1 ሳሙኤል 19:1**
**ሳኦል ድማ ንወዱ ዮናታን ንኹሎም ገላውኡን ንዳዊት ኪቐትልዎ ተዛረቦም። ዮናታን ወዲ ሳኦል ግና ኣብ ዳዊት ብዙሕ ፍቕሪ ነበሮ።**

ከም ብሓድሽ ተወሊድካ ኢኻ ብመንፈስ ቅዱስ ውን ተመሊእካ፣ ተቐቢልካ ፣ምናልባት እውን ትንቢታዊ ቓል ተቐቢልካ ትኸውን ኢኻ፣ ኰይኑ ግና ነገራት ናብቲ እተጸበኻዮ ኣንፈት ዚጐዓዝ ዘሎ ኣይመስልን እዩ። ኣንኮራ ውን ኵነታት እናኸፍአ ዚኸይድ ዘሎ እዩ ዚመስል ።

ነቲ ኩሉ ዝተባህለካ ተስፋታት ቕድሚ ምድርባይካ ንህይወት ዳዊት እሞ ርኣዮ። ብኣምላኽ ዝኣክል እዩ ተመሪጹ ካብቲ ኣብቲ ግዜ እቲ ቐንዲ ነብዪ ዝነበረ ሳሙኤል ከኣ ብቀርኒ ተቐብአ። እንተኾነ ግን ህይወቱ እኳ ንምድሓን ኸም እተገለለ ኣብ በዓትታት ከም ዝደቀሰ ፣ሕሉፍ ሓሊፉ እውን ርእሱ ንምኽዋል ከም ጽሉል ሰብ መሲሉ ብኸመይ ከም ዝሃደመ እሞ ርአ።

እቲ ደሞዝካ ወትሩ ገና እታ ወርሒ ቕድሚ ምውዳኣ ስለ ዜብቅዕ ኣብ እተወሰነ ናይ ቅልውላው ዝመልኦ እዋናት ትህሉ ትኸውን ። ተስፋ ኣይትቁረጽ መደድኻ ምቅጻል ኣይተቋርጽ። ነቲ ኣምላኽ ዝኸም ልበይ ዝበሎ ንጉስ ዳዊት ነገራት ብኸመይ ከም እተመልሰሉ እሞ ርአ! ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኩሉ ነገራትካ ምምላስ ክኸውን ኢዩ፣በቲ ሓያል ስም የሱስ ኣመን!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ዝመጸ ይምጻእ ብዘየገድስ ብስም የሱስ ክሳዕ ተዓዊተ ዝወጽእ ኣብቲ መሐለውየይ ደው ክብል ኢየ! በዚ ጥዑም ዜና ምሉእ ብምሉእ ተኣማሚነ ኣለኹ፣ ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:28

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ነህምያ 11:22-13:22



ረቡዕ፣ 21 ግንቦት

# ዝጠፈአ ኮነ ዝተሰብረ የለን

**ዮሃንስ 10:10**
**ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ።**

ምውዳቕ ናይ ኣዳም ንደቂ ሰባት ኣብ ናይ መንፈሳዊ ሞትን ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ሽግርን ጸገመን ከም ዝነብሩን ገይሩዎም ኢዩ።። ድሕርዚ ግን ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ናብቲ ናይ ቀደም ዝነበረ ክብሪ ዝምድና ምስ ኣቦ ክመልሰና መጸ ።

ምስ እተቐበልካዮ ካብ መንግስቲ ጸልማት ናብታ ግርማዊት መንግስቲ ብርሃን ተሰጊርካ ኢኻ ። እታ 'ድሕነት salvation ' እትብል ቃል ሶዞ sozo, እትብል ቃል ኮይና ትርጐማ ድማ ዋላ ሓንቲ ዘይጎደለን ፈጺሙ ድማ ዘይተበላሸወን ማለት ኢዩ። ስለዚ ብምኽንያት እቲ ዝረኸብካዮ ድሕነት ኣብ ሂወትካ ዋላ ሓንቲ ኺጐድለካ የብሉን ዋላ ሓንቲ ድማ ኺጠፍኣካ የብሉን ማለት እዩ ።

ንስኻ ምድሓን ነፍስኻ ኣሎካ እዚ ድማ ዘለኣለማዊ ህይወት ክህልወካ የብቅዓካ። ብተወሳኺ ኩሉ ኣብዛ ምድሪ ክትመላለስ ከለኻ ዘድልየካ ነገራት ከም ምፍዋስ ስጋኻ ሃብትን ብልጽግናን ኩሉ ሰናይ ዘበለ ነገራት ንኽተስተማቅር ድሮ ጎይታ የሱስ ኣውጁልካ ኢዩ።፣

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብቲ ዒላታት ድሕነት፣ ጥዕናይ ፣ሃብቲ ፣ኣዕጋቢ ዝኾነ ዝምድናታት ብኸምኡ ክቀድሕ ኢየ ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 12:2-3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ነህምያ 13:23-31; ኣስቴር 1-4



ሓሙስ፣ 22 ግንቦት

# ብዘሎ ኣጽዋር ውግእ ልበስ

**ኤፈሶን 6:11**
**እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኲሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።**

ንውዲት ድያብሎስ ኣይንስሕቶን ኢና ። ኣብቲ ሓበሬታ ዝወሓደና ወይ ድማ ፍልጠት ዝጎደለና ቦታታት ንጥፍኣትና ኽጥቀመሉ ዝጽዕር ረሳሕ ሽጣራታትን ስልታትን ከም ዝመልአ ንፈልጥ ኢና።

መጽሓፍ ቅዱስ ብምስትውዓል ንገለ ካብኡ ዘይኮነስ ንብምሉኡ እቲ ኣጽዋር ክንለብሶ ከምዘለና እዩ ዚነግረና። ቃል ኣምላኽ መከላኸሊናን መዋጊኢናን ስለ ዝኾነ ንርእስና ብቃል ኽነዕጥቓ ኣገዳሲ ኢዩ። ንብምሉኡ እቲ ኣጽዋር እንተ ዘይለቢስካዮ ምሉእ ብምሉእ ነጻ ኣይኮንካን፣ብኸፊል ውን ክትጥቃዕ ተኽእሎ ኣሎ፣ልክዕ ከምቲ ሰይጣን ንሄዋን ንኸጥቕዓ መእተዊ ዝረኸበ ክትጥቃዕ ኢኻ።

ኩሉ ግዜ ቃል ኣምላኽ ከተጽንዕን ብጸሎት መንፈስ ድማ ክትነቅሕን ኣገዳሲ ኢዩ።መኽንያቱ ቃል ጥራይ በይኑ እንተ ኣልዩካ ክትንፋሕ ኢኻ፣ መንፈስ ጥራይ እንተድኣ ኣልዩካ ድማ ክትነቅጽ ኢኻ፣ ቃልን መንፈስን እንተድኣ ኣልዩካ ግን ክትዓብን ኣንጻር መንትጋት ድያብሎስ ክትቀውምን ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንቓል ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ እዕጠቕ ኣለኹ ። ድያብሎስ ብስም የሱስ ኣይሕዘንን እዩ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቈረንቶስ 2:11

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኣስቴር 5-10



ዓርቢ፣ 23 ግንቦት

# ኣተኩሮኻ ናብኡ ግበር

**ማቴዎስ 14:29**
**ንሱ ኸኣ፡ ንዓ፡ በሎ። ሽዑ ጴጥሮስ ካብ ጃልባ ወሪዱ፡ ብማየ ማይ እናኸደ፡ ናብ የሱስ መጸ።**

ሎሚ ተዓጢቕካ ደው በል።ዝኾነ ኣተኩሮኻ እተውድቀሉ ዘበለ ነገር መዓርፎኻ ኸም ዚኸውን ፈሊጥካ ኣብቲ ተዳልዩልካ ዘሎ ሽልማት ጠምጥ ። ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ጫውጫውታ ዕሽሽ ኢልካ ኣብቲ መገድኻ ጥራይ ጽናዕ፣ ብስም የሱስ ኣሜን!

ሃዋርያ ጴጥሮስ ብዙሓት ሰባት ኣብ ህይወቶም ብኸመይ ይመላለሱ ኸም ዘለዉ ንጹር ስእሊ ኢዩ ኣርእዩ ። ጐይታና የሱስ ብማይ ኪኸይድ ከሎን ምስኡ ኪሓብር ኪእዘዞ ኸሎን ምስ ረኣየ ካብታ ጃልባ ወሪዱ ብማይ ኪኸይድ ጀመረ።

ኣገልገልቲ ወንጌል ነቲ ቓል ክምህሩኻ ኸለዉ ክንደይ ሳዕ ኢኻ በቲ ቃል ተነቓቒሕካ ናብ ካልኦት ወጺእና ነቲ ቃል ክትሰብኮ ሓይሊ ዝመላእካ? ምናልባት እውን ንስኻ ከምኦም ዘርኢ ዘሪእካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ ። ግናኸ ሰኑይ ነቲ ዝመደብካዮ ኣብ ግብሪ ኽተውዕሎ ትጅምር ፣ሰሉስ ግን ቊሩብ ንፋስ ምስ ሃረመካ ብኡንብኡ ነቲ መደብካ ፍንው ከተብሎ ትጅምር። ኲሉ እቲ እተቐበልካዮን እተቓጻጸልካዮን ነገራት ብመስኮት እዩ ዚወጽእ። ድሮ ስለምንታይ ከምዚ ነገራት ከም ዜጋጥመካ ክትበክን ከተማርርን ትርእ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብቲ ሕንጹጽ መገዲ እንዳ ተጓዓዝኩ ከለኹ ኣተኩሮይ ኣብቲ ዓስቢ ዓወት ኢየ ዘንብር። ዝኾነ ይኹን ኣቓልበይ ዚሰርቕ ነገራት ከተዓናቕፉኒ ኣየፍቅድን ኢየ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊልጲ 3:14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 1:1-5:16



ቀዳም፣ 24 ግንቦት

# ምልክታት እቲ መንፈስ

**ሮሜ 8:14**
**ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቐበልኹም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፡ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም።**

መልእኽቲ እተመሓላልፍን ተቐባሊ ምልክታት ምኺንካን ትፈልጥዶ? ንማኪናኻ ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ርሒቕካ ኽትፈትሓ ወይ ክትውልዓ ፈቲንካዶ ትፈልጥ ግናኸ ብዘይ ዓወት፣ ብምኽንያት ምርሓቕካ ካብቲ ውሱን ደረት? ግናኸ ነታ መፍትሕ ኣብ ርእስኻ ጌርካ ነታ ናይ ርሑቕ መቆጻጸሪ ክትጸቅጣ ፈትን፣ ነቲ መቆጻጸሪኣ ብማዕበል ሓንጎልካ ኽተጕልሖ ምስ ጀመርካ እታ ማኪና ምላሽ ክትህብ ከላ ኽትርኢ ኢኻ።

ኣብ 1 ዜና መዋእል 21፣ 1 ሰይጣን ኣንጻር እስራኤል ደው ብምቅዋም ንዳዊት ቈጸራ ህዝቢ ንኺገብር ኣለዓዓሎ። እዚ ኸኣ ዳዊት ካብ ሰይጣን መልእኽቲ ወይ ድማ ምልክት ከም ዝተቀበለ ዚሕብር እዩ ነይሩ ። ስለዚ ኸኣ ኢኻ ምንጪ እቲ እትቕበሎ ምልክታት ምእንቲ ኽትርድኦ ኣብቲ ቓልን ምስ መንፈስ ቅዱስን ጥቡቕ ዝኾነ ዝምድና ክህሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ። የሱስ ኣባጊዔይ ድምጻይ ይሰምዓ፣ ምልክትታተይ ድማ ይፈልጣ ኢየን በለ። ስለዚ እታ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ እውን እንተ ኾነት እቶም ናይ ሓቂ ደቂ ኣምላኽ ብመንፈስ ከም ዚምርሑ እያ እተረጋግጽ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

መንፈሳዊ ኣንቴናይ ዝርጉሕን ንመንፈስ ኣምላኽ ዝተቃነየን ኢዩ ። መዓልታዊ ብስም የሱስ በቲ ቓሉ ኣቢለ ናይ ምስማዕ ክእለተይ እስሕል እየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 10:27-28

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 5:17-8:22



ሰንበት፣ 25 ግንቦት

# በዛ መዕልቲ እዚኣ ጽባሕ

**2 ነገስት 7: 1**
**ኤልሳእ ድማ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ በለ። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ኣብ ደገ ሰማርያ ሓደ መስፈሪ ድኹም ሓርጭ ብሲቃል ኪሸመት እዩ።**

ኣብቲ ኣብ ታሪኽ እስራኤላውያን ነጠብጣብ ናይ ኣዕዋፍ ንቕርሲ ዚቐርበሉ ዝነበረ እዋን ኣዴታት ከኣ ንደቀን ኣብሲለን ንኽምገበኦም ንድራር ኬዳልዋ ኸለዋ እቲ ዓብዪ ሰራዊት ሶርያ ነታ ኸተማ ኸቢብዋ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ነብዪ ኣምላኽ ወጺኡ ንዚቕጽል ዓመት ዘይኰነስ ንጽብሒቱ ብዙሕ መግቢ ከም ዝህሉ ኣወጀ።

እዚ ብኣእምሮ ክትሓስቦ ከማን ዘይከኣል እኳ እንተ ነበረ እቲ ነብዪ ግን ብመንፈሳዊ ዓይኑ ርእዩ ኢዩ ዝዛረብ ነይሩ! ኣብ ዘይከኣል ዚመስል ኵነታት ፍሉይ ክእለት ዘለዎ ኣምላኽ ኢና እነገልግል ። ኣምላኽ ብዘይ እቲ ኣብዚ ግዜና ዘሎ ዓብዪ ነብዪ ኣይሓደገናን ። ነቲ ዝኸፍአ ኹነታትካ  ናብዚ ኣምጽኣዮ እሞ ብዝዕባኡ ኣዋጅ ጐይታ ክትሰምዕ ፣ ኣብ ህይወትካ ድማ ብቕጽበት ለውጢ ኽትርኢ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጽባሕ በዛ ግዜ እዚኣ ካብ ዝኾነ ይኹን መቕሕ, ጕድለት፣ ሕማም ወይ ጭቔና ናጻ ኮይነ ክመላለስ ኢየ። ብስም የሱስ ኣብ ማእከል ጸበባ ውን እንተኾነ ኸም ንስሪ ኹይነ እየ ዝድይብ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዮሃንስ 6:21

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 9:1-12:12





# መንፈሳውያን ተዓዘብቲ

**ግብሪ ሃዋሪያት 9:3-4**
**ኪኸይድ ከሎ ኸኣ፡ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረበ፡ ብድንገት ጸዳል ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ። ናብ ምድሪውን ወደቐ፡ ሳውል፡ ሳውል፡ ንምንታይ እትሰጒኒ፧ ዚብል ድምጺ ኸኣ ሰምዔ።**

እቲ ኣቐዲሙ ሳውል ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ሃዋርያ ጳውሎስ ንክርስትያናት ንምስጓጒ ናብ ደማስቆ ክኸይድ ከሎ ካብ ሰማይ ብርቱዕ ብርሃን ብዘሃረሞን ምስ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንምርኻቡን ብዑረት ተወቕዐ። ሓደ ወደ መዝሙር ጐይታ ሃናንያ ዝተባህለ ካብ ዕረቱ ምእንቲ ክሓዊ እሞ ክርእይሲ ከይዱ ኢዱ ኣብ ጳውሎስ ኼንብር ብኸመይ ከም እተኣዘዘ ኣስተብህል ። እዚ ዝኾነ ድሕሪ እቲ ብኣካል ምስ ጎይታ ምርኻቡ እኳ እንተ ነበረ፣ ግናኸ ጐይታ እንደገና ምእንቲ ኽርእይ ኣእዳዉ ዘንብረሉ ሰብ ኣብታ ሃገር የድልዮ ነበረ ።

ኣብዛ ዓመት እዚኣ ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቂምካ ጐይታ ንብምሉኦም ስድራ ቤትካ ኻብ ጸልማት ንኼተውጽኦም ዚጥቀመሉ ሰብ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ነቓዕ ደው እትብለሎም ንስኻ ኹን። ቅድም ከይነገረካ ኣብ ቤትካ ገለ እኳ ኽገብር ከም ዘይክእል ኣምላኽ ዚነግረካ ሰብ ኩን ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ቤተይ መንፈሳዊ ተዓዛቢ እየ። ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ነገራትን ክጽለየሉ ዘሎዎ ነኩነታትን ንመሪሕነት መንፈስ ክውከልን ክጻናትውን ኢየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 12:13-16:10





# ዉሉድ ኣምላኽ

**1 ዮሃንስ 3:2**
**ኣቱም ፍቁራተይ፡ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢና፡ እንታይ ከም እንኸውን ከኣ፡ ገና ኣይተገልጸን። ንሱ ምስ ዚግለጽ ግና፡ ከምታ ዘለዋ ኽንርእዮ ኢና እሞ፡ ንእኡ ኽም እንመስል፡ ንፈልጥ ኣሎና።**

እዝስ ዜደንቕዶ ኣይኮነን? መጽሓፍ ቅዱስ ቓላት ንምጕላሕ ፍሉይ ኣገላልጻ እዩ ዚጥቀም። እዛ ጥቕሲ እዚኣስ ሕጂ ኣብዛ ግዜ እዚኣ ደቂ ኣምላኽ ምኳንና ብኸመይ ዝበለ ኣገላልጻ ተጕልሕ ኣላ ኣስተብህል ። ድሮ ደቂ ኣምላኽ ምኳንና ንኽንግንዘብን ንኽነስተውዕልን ንምትብባዕ ከም ናይ ምንቕቓሕ ጻውዒት ኰይና ኢያ ቐሪባ ዘላ!

እዛ መግለጺ እዚኣ ከም ሓደ ህጹጽ ጻዊዒት፣ነቲ ኣባና ዘሎ ሓይሊ ክንርዳእ መታን ኣዝያ ኣገዳሲት ናይ ምንቕቓሕ ጻውዒት እያ። ንርእስና ብዝያዳ ክርስትያናት ወይ ሰዓብቲ ክርስቶስ ከም ዝኾንና ኢና እነርእያ ፣ እዚ ኸኣ ዘኣመንቲ ማለት ኣረማውያን ዝሃቡና መንነት እዩ ። ናይ ሓቂ መንነትና ግን ደቂ ኣምላኽ ምኳንና እዩ ። ነዚ መንነት እዚ ብሓቂ ርጉጽ ጌርና እንተንወስዶ ኣቀራርባናን ኣቃውማናን ኣረኣእያናን ኣዝዩ እተፈልየ ምኾነ። ምስ ካልኦት ሃይማኖታት እንገብሮ ኽትዕ እውን እንተ ኾነ ካብ ካልኦት ጸብለል ዝበለ ምኾነ ነይሩ ።

ሎሚ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ጥራይ ዘይኮነስ ብጹሕ ውሉድ ኽም ዝኾንካ ተገንዚብካ በቲ ስልጣን እቲ ኽትመላለስ ጀምር ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ እዋን እዚ ኣነ ውሉድ ኣምላኽ ኢየ ነዚ ምግላጽን ስልጣንን ከኣ ካብ ነቒሐዮ ኢየ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 8:5; መዝሙር 82:6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 16:11-20:11




ረቡዕ፣ 28 ግንቦት

# ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ናጽነት

**ሮሜ 8:1**
**እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን።**

እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን። እዚ ክትጭድር ዝግበኣካ ነገር እዩ። ርኢኻ ኣለኻ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ መስቀል ምእንታና ክመውት ከሎ ንኹሉ ሓጢኣት እዩ ከፊልሉ። እዚ ድማ ነቲ ሕሉፍ፣ህሉውን ኣብ መጻእን ዝግበር ሓጢኣት ዘተቓለለ እዩ። ኣብኡ ሽዑ ንሽዑ እዩ ተፈጺሙ።

ኣምላኽ ምሳኻ ዝኾነ ናይ ሓጢኣት ጸገም የብሉን፤ ኣብ ባርነት ዝሕዘካ ሕልናኻ ብዛዕባ ሓጢኣት ከቶክር ከሎ እዩ። ስራሕ ጸላኢ፡ በደልካን ጌጋኻን እናዘኻኸረ፡ ንነፍስኻ ከም ትኹንን ኣምላኽ ድማ ምሳኻ ሓሪቑ ከም ዘሎን ክትሓስብ እዩ ዝደሊ። ኣምላኽ ግን ብፈቕርኻ ይዓብድ እምበር ምሳኻ ሕርቃን የብሉን።

ሎሚ ንስኻ ብክርስቶስ የሱስ ስለ ዘለኻን ብመንፈስ ስለ እትመላለስን ዝኾነ ኹነኔ ከም ዘይብልካ ተረዳእ። ንቲ ክውንነት እዚ ተቐበሎ። ስለዚ'ዩ ድማ ኣብ ቃል ኣምላኽ ምጽናሕን ንሕሹኽታ ዲያብሎስ ቦታ ዘይምግዳፍን ኣገዳሲ ዝኾነ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብኣምላኽ እየ ጸዲቐ። ሕልናይ ብዛዕባ በረኸት ዝሓስብን ካብ ዝኾነ ዓይነት ኹነኔ ድማ ናጻ እዩ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4:17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 20:12-24:12



ሓሙስ፣ 29 ግንቦት

# ኣብ ክንዲ ኣምላኽ ኮይንካ ምዕያይ

**ዘፍጥረት 1:26**
**ኣምላኽ ከኣ፤ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኲሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ።**

ኣምላኽ ንሰብ ኪፈጥሮ ኸሎ (ብመልክዕ) ልክዕ ንዕው ዝመስል (ብምስሊ) ድማ ኣብ ክንዳኡ ኮይኑ ክዓዪ እዩ ፈጢርዎ ። ስለዚ ኣዳም ኪፍጠር ከሎ ንኣምላኽ እዩ ዚመስል ነይሩ ፣ ከም ኣምላኽ እውን ይዓዪ ነይሩ ። እዚ ኸኣ ኣምላኽ ንእንስሳታት ካብ ምድሪ ምስ ፈጠሮም ናብ ኣዳም ድማ ምስ ኣምጽኦም ልክዕ ከምቲ ንሱ ዝሰመዮም ከምኡ ኮነ ስሞም ።

እዚ ናይ ምፍጣር ክእለት እዚ ሎሚ ኻብ መንፈስ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ክትውለድ ከለኻ ኣባኻ እዩ ዚርከብ  ዘሎ ። ስለዚ ኸኣ እዩ መጽሓፍ ቅዱስና ንስኻትኩም ኣማልኽቲ ኢኹም ዝብለና። ብእምነትካ ንዝደለኻዮ ዘበለ ነገር ናብ ህልውና ናይ ምምጻእ ክእለት ኣሎካ ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብመልክዑን ብምስሊ እቲ ናይ ምፍጣር ሓይሉን ኣብ ውሽጠይ ህያው ኰይኑ ከም ኣምላኽ ኰይነ ኽዓዪ እየ ተፈጢረ። ልክዕ ከምቲ ኣዳም ዝገበሮ ኣነ እውን በቲ ኣብ ውሽጠይ ዝዓዪ መንፈስ ብስልጣን ሂወት እዘርእ ኣለኹ ። ብእምነት ነቲ ዘይርአ ናብ ህልውና ኣምጽኦ ኣለኹ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኽበጽሖ ዘይኽእል ነገር ከም ዘየለ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ። ብእምነት ተንሲአ ሎሚ ንዓይ ዝምቸእ ዓለም እፈጥር ኣለኹ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4:17

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 24:13-29:13



ዓርቢ፣ 30 ግንቦት

# እዞም ንቑጻት ዓጻጽምቲ ሂወትዶ ክለብሱ ኢዮም

**ህዝቄል 37:3**
**ንሱ ኸኣ፡ ኣታ ወዲ ሰብ፡ እዚ ዓጻጽምቲ እዝስ ህያውዶ ኪኸውን እዩ፧ በለኒ። ኣነ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸ፡ ንስኻ ትፈልጥ፡ ኢለ መለስኩ።**

ኣብ ህዝቅኤል 37 እቲ ነብዪ ንቑጽ ኣዕጽምቲ ናብ ዝመልአ ስንጭሮ ተወስደ፣ እዚ ኸኣ ተስፋ ምቑራጽን ህይወት ኣልቦነትን የመልክት። ኣምላኽ “እዚ ኣዕጽምቲ እዚ ህያውዶ ክኸውን ኢዩ?”ኢሉ ሓተተ። ህዝቅኤል ድማ “ዎ ጐይታይ ኣምላኽ ንስኻ ትፈልጥ” ኢሉ ብጥበብ መለሰሉ። ድሕሪኡ ኣምላኽ ንህዝቅኤል ብዛዕባ እቲ ኣዕጽምቲ ኺንበ ኣዘዞ ኪዛረብ ከሎ ድማ ተኣምራታዊ ለውጢ ገበረ ። እቲ ኣዕጽምቲ ብሓደ ተኣኻኺቡ ስጋ ክለብስ ጀመረ ትንፋስ ኣምላኽ ድማ ናብ ዓብዪ ሰራዊት ለወጦ።

ኣብዛ ዓመት እዚኣ ንኣምላኽ ኣዝዩ ርሑቕ ዝኾነ ኵነታት የለን ። እቲ ህይወት ዘይብሉ ዚመስል ነገር ማለት ጥዕናኻ ገንዘብካ ርክባትካ ወይ ትምኒታትካ ብዘየገድስ ብቓል ኣምላኽን ብመንፈሱን ኪምለስ ይኽእል እዩ። ምስ ቃሉ ተሰማሚዕካ ብዛዕባ ኹነታትካ ኽትዛረብ ከለኻ ተኣምራት ኣብ ኩነታትካ ክፍጸም ኢዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ህይወተይ ካብ ልዕሊ ዕቅሚ ኣምላኽ ዝኾነ ይኹን ኵነታእ ከም ዘየልቦ እእውጅን እእመንን ኣለኹ ። ኣብ ኵሉ ንቑጽን ህይወት ዘይብሉን ኩነታተይ ህይወት ክህሉ ዝንበ ኣለኹ። ብእምነት ካሕሳን ምሕዋይን ኣኺሉ ዚተርፍ ነገራትን ናባይ ኪመጽእ ከሎ እርኢ ኣለኹ ። እስትንፋስ ኣምላኽ ይምልኣኒ ሕልመይ የሐድስ ሓይለይ የበርትዕ ንህይወተይ ከኣ ይቀይራ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ብዛዕባ ተኣምታራዊ ሓይሊ ኣምላኽ ህያው ምስክርነት ክኸውን ኢየ ። እዚ ዝነቐጸ ኣዕጽምቲ እዚ በቲ ሓያል ስም የሱስ ሂወት ክለብስ እዩ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ህዝቅኤል 37:10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 29:14-32:10



ቀዳም፣ 31 ግንቦት

# ንእግዚኣቢሄር ባርኽዎ

**ዳዊት 103:2**
**፤ ነፍሰይ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ነቲ እተገብረልኪ ሰናይ ኲሉ ኸኣ ኣይትረስዒ፣**

ናብ ካልእ ወርሒ ክትሰጋገር ከለኻ ግዜ ወሲድካ ንጐይታ በቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ዅሉ ባርኾ ። ስለቲ ዝገበረልካ ጮቡጥ ነገራት ኣመስግኖ ፣ስለቲ ክትቆጽሮ ዘይከኣልካ እትፈልጦን ክትርድኦ ዘይትኽእልን ነገራት ድማ ወደሶ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ንዕዮኹምን ነቲ ናይ ፍቕሪ ተግባርኩምን ዝርስዕ እኩይ ኣምላኽ ከም ዘይኰነ እንተ ተዛሪቡ (እብራውያን 6፣10)፣ስለዚ ንሕና ድማ ነቲ ዝገበረልና እንተ ረሲዕናዮ ኽፉኣት ኢና ማለት እዩ። ቐሩብ ሕስብ እሞ ኣብሎ ከመይ ከም ዝስመዓካ፣ ንኻልኦት ሰባት ዝገበርካዮ ሓልዮት ከመስግኑኻስ ይትረፍ ነቲ ዝገበርካሎም ሰናይ ነገር ኣፍልጦ ከማን ከይህቡ ከለዉ።

ስለዚ ሎሚ ንጐይታ ኣመስግኖ። ስለቲ ኣብ ህይወትካ ዚገብሮ ዘሎ ነገራት ውሬታ ምለስ ። ከምኡ ኽትገብር ከለኻ ካብኡ ንላዕሊ ንኽገብረልካ ሰናይነቱ ክገልጸልካ ከተላዓዕሎ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብዅሉ እቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ንጐይታ እባርኾ ኣለኹ። ነቲ ንሱ ንዓይን ንብምልኣ ስድራቤተይን ዝገብረለይ ዘሎ ነገራት ከቋጽሮን ክሓስቦን ንምዝካሩ ድማ ርእሰይ እሕሉ እየ ብስም የሱስ! ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 100:1-5

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 32:11-35:16



ሰንበት፣ 1 ሰነ

# ኣብ ቃሉ ተሰረት

**2 ጴጥሮስ 1:12**
**ስለዚ ምንም እኳ እንተ ፈለጥኩምዎ፡ ኣብቲ ዘሎኩም ሓቂውን እንተ ጸናዕኩም፡ ነዚ ነገርዚ ኹሉ ጊዜ ኸዘክረኩም ሓሳበይ እዩ።**

እግዚኣብሄር ካብቲ ንስኻ ንገዛእ ርእስኻ ትፈልጣ ንላዕሊ ኣጸቢቑ እዩ ዝፈልጠካ። ንሱ ፈጣሪኻ እዩ፣ ንነፍሲ ወከፍ ጽሕጊ ህላወኻ ድማ ይርድኦ እዩ። ኣምላኽ ክዛረበካ ከሎ፡ ነቲ ዝተዛረበ መልእኽቲ እቲ ኣባኻ ዘሎ ኣምላኽ ብእምነት ክምልሰሉ እዩ ዝደሊ። እግዚኣብሄር ኩሉ ነገር ኣብ ምኽሩ ተመርኲሱ እዩ ዝገብሮ። ንሱ ባዕሉ እቲ ቃሉ እዩ (ዮሃ 1፡1)፡ ስለዚ ኣብ ቃሉ ተመርኲሱ እዩ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ኣምላኽ ዝዛረቦ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ኣምላኽ ነቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝተዛረበ ትንቢታዊ ቃል ምስ እምነት ሓዊሱ ክምልስ ይግባእ፣ እቲ ዘይከሓድ ውጽኢቱ ድማ ክትርኢ ኢኻ።

እግዚኣብሄር ኩሉ ግዜ ነቲ ሕጂ ዘሎ ሓቂ እዩ ንመንፈስካ ዝዛረቦ። ኣብዚ ዓመት እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ኣምላኽ ብዘይ ዝኾነ እኽሊ ጥርጣረ ንቃሉ ክምልስ ፍቓደሉ እሞ ዘገርም ውጽኢት ከምጽኣልካ ከሎ ተገንዘብ። ሰይጣን ቃል ኣምላኽ ክሰርቕ ኣይትፍቀደሉ። እግዚኣብሄር ቢልዮን ዶላር ከምጽኣልካ ቢልዮን መገድታት ከም ዘለዎ ተዛረቡ እዩ። ነዚ ቃል ሓዞ እሞ ብርግጽ ድማ በቲ ሓያል ስም የሱስ ናብዚ ክውንነት ክትኣቱ ኢኻ! ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ነቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ኣምላኽ ዝዛረብ ድምጺ ኣምላኽ ንክሰምዖ ነቒሐ እየ። ንቃል ኣምላኽ ብዘይ ምውልዋል እየ ዝኣምኖ። ፈጺመ ክፈሽል ኣይክእልን እየ፣ በዚ ድማ ብክርስቶስ እዕወት።እግዚኣብሄር ይመስገን! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ዮሃንስ 2:21

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 36:1-39:12



ሰኑይ፣ 2 ሰነ

# ብርሃንካ ይብራህ

**ምሳሌ 3:15**
**ካብ ዕንቊ ትኸብር፡ ኵሉ እቲ ሃረር እትብሎ ነገር እኳ ኣይመዐራረያን።**

ብመሰረት ሳይንስ እቲ ዝያዳ ተደላዪን ክቡርን ከም ዝኾነ ዝንገረሉ ወርቂ፡ ፕላኔታት ናብ ሱፐር ኖቫ ሞድ (super nova mode) ምስ ኣተዉ እዩ ተፈጢሩ። ፕላኔታት ካብ መጠን ንላዕሊ ብምውዓይ ነዚ ክቡር ባእታ ናብ ህላወ ኣገዲደንኦ። ስለዚ፡ ወርቂ ቃል ብቓሉ ካብ ፕላኔታት እዩ ወጺኡ።

እቲ ዘገርም ነገር ግን ደቂ ሰባት ወርቂ ኣብ ውሽጢ ኣካላቶም ምህላዎም እዩ። ኣረ ዳርጋ ኩሉ ኣብ ተፈጥሮ ዝርከብ ባእታ ኣብ ደቂ ሰባት ኣሎ። ምናልባት ኣይፈለጥካን ኔርካ ትኸውን፣ ወርቂ ግን ሒዝካ ኢኻ ትኸይድ። ዋላ እኳ ብውሑድ መጠን ይኹን። ውህደት ማዕድናትን ባእታታትን ምኺንካ ምፍላጥ፡ ኣብ ውሽጥኻ ክቡር ነገር ከምዘሎ እዩ ዘርኢ። ክቕልቀል ጥራይ እዩ ዝጽበ ዘሎ። እግዚኣብሄር ኣዝዩ ክቡር ጌሩ ስለ ዝቖጽረካ ነቲ ዝዓበየ ሃብቱ ማለት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥኻ፣ ኣብዚ ናይ ምድሪ ኣቕሓ፣ ኣቐሚጥዎ።

እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ካብ ወርቂ ይበልጽ። ኣምላኽ ኣባኻ ከም ዝነብር ኣብ ሕልና ጌርካ ተንቀሳቐስ፣ ምኽንያቱ ንዕኡ ኣዚኻ ክቡር ኢኻ። ብወርቂ ዝተሰረተ ሃብታም መንፈሳዊ ኣካል ኢኻ። ብቓል ኣምላኽ ምስ ተኾላዕካ፡ ካብ ከዋኽብቲ ንላዕሊ ክትበርቕ ኢኻ። ንስኻ ኢኻ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ጸልማት ዓለም ድምቀት እተምጽእ ብርሃን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ መንገዲ ብርሃን እየ ዝኽተል። ኣብ ዝኸዶ ዘበለ ቦታ፣ ቃል ኣምላኽ ከም ብርሃን ንመንገደይ ገይረ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ክበርህ እየ! ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:18

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 39:13-42:9



ሰሉስ፣ 3 ሰነ

# ውሱን ኩን

**ማሪቆስ 11:23**
**ዝኾነ ይኹን እቲ ዝበሎ ኸም ዚኸውን ዚኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይዋላወል፡ ነዚ ኸረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሓል፡ እንተ በሎ፡ ንእኡ ኸም ዚኹነሉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።**

እቲ የሱስ እተዛረቦ መግለጺ ጽቡቕ ጌርካ ኣስተብሂልካሉዶ፧ መብዛሕትኦም ክርስትያናት ነታ “ነዚ ከረን” እትብል ቃል ጽቡቕ ጌሮም ከየቕለቡ ኣብታ “ዝኾነ” እትብል ቃል እዮም ዝሕጸሩ። ኣብ መስርሕ ወይ ስነ-ጥበብ ጸሎት፡ መልሲ ናይ ጸሎትካ ንምርካብ ነቲ ትጽልየሉ ዘለኻ ነገር ጽቡቕ ጌርካ ክትገልጾ ኣለካ። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ሂወትካ ንምቕያር ክትቅየር ክትሪኣ ደሊኻ ዘለኻ ኣዝዩ ፍልይቲ “እምባ” ኣየነይቲ እያ፧ እታ ሂወትካ ንክቕየር ኣድሊያትካ ዘላ ፍልይቲ ነገር ዕላማ ጸሎትካ ክኸውን ይግባእ።

ሎሚ ክትዓምሞ እትደሊ ሓያሎ ነገራት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፣ ከምኡ ውን ዕላማ ዝገበርካዮም ሓያሎ ዕላማታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ንሎሚ ዝኸውን ጥቕሲ ግን ክትጽሊ ከለኻ ንኣእምሮኻ ኣይትደበኖ ትብል። ኣብቲ ዝርዝር ጸሎትካ፣ ነታ ሕጂ ክትፍጸም ክትሪኣ ደሊኻ ዘለኻ ነገር ቀዳምነት ክህትባ ይግባእ፣ ኣብታ ሓንቲ ነገር ብሌዘር ትኹረት ክትጽሊ ከለኻ ድማ በቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኻ ክትፍጸመልካ እያ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኸ ንጸሎት ከም ዝምልስ እፈልጥ እየ። ናይ ሎሚ ጸሎተይ ብዛዕባ ሓደ ዝተወሰነ ነገር ስለ ዝኾነ፣ ክጽሊ ከለኹ ኣምላኸ ከም ዝሰምዓኒ እፈልጥ እየ። ናይ ጸሎት ሕቶይ ሕጂ ብስም የሱስ ከም ዝተመለሰ እፈልጥ እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 21:21

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ እዮብ 42:10-17; መዝሙር 1:1-5:7



ረቡዕ፣ 4 ሰነ

# ስለምንታይ ንጽሊ

**1 ተሰሎንቄ 5:17**
**ከየባተኸኩም ጸልዩ።**

ሓደ ክርስትያን ንምንታይ ከም ዝጽሊ ምርዳእ ወሳኒ'ዩ። ጸሎት ብምስትውዓል ክግበር ኣለዎ፣ ብፍላይ ድማ ፍሉይ ናይ ጸሎት ነጥቢ ክለዓል ከሎ። ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ከም ዘሎ ንፈልጥ ኢና። እሞ ደኣ እግዚኣብሔር ኣብ ኩሉ ቦታ እንተሃልዩ ንምንታይ ኢና ንጽሊ፧

ኤፌሶን 4፡10 የሱስ ካብ ሞት ምስ ተንሰአ ንኹሉ ክመልእ ልዕሊ ኩሉ ሰማያት ከም ዝደየበ ይነግረና። እዚ ድማ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ቦታ ምህላዉ እዩ ዘረጋግጸልና። እንተኾነ ግን ጸሎት ንህላወ ኣምላኽ ኣፍልጦ ምሃብ ጥራይ ኣይኮነን፤ ንሓይሉ ኣብ ህይወትና ኮነ ኢልካ ክሰርሕ ምዕዳም'ዩ።

ሓደ ናይ ጸሎት ሰብ ናይ ለውጢ ሰብ እዩ፣ እዚ ከምዚ ዝበለ ሰብ ሓይሊ ጸሎት ብሓቂ ዝተረደአ ሰብ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ በቲ ሓይሊ ዝህበና ክርስቶስ ካብ ሰዓርቲ ንላዕሊ ምዃንና ይነግረና። እዚ ማለት ሓለፋ "ናይ ጸሎት ተዋጋእቲ" ብጸሎት ንክንነቅሕ ኢና ተጸዊዕና። ዕላማ ጸሎት ንኣምላኽ ኣብ ኩነታትካ ጣልቃ ክኣቱ ፍቓድ ምሃብ እዩ።

ክትጽሊ ከለኻ ንኣምላኽ ኣብ ጉዳይካ ንክዋሳእ ፍቓድ ትህቦ። ኣብ'ቲ ዝምድናታት ዝበታተነሉ እዋናት፡ ሓዳር ውጥረት ኣብ ዝመልኣሉ እዋናት፡ ወይ'ውን ብዘይ ውሉድ ኣብ ዘለኻሉ ህሞታት፡ ደው ኣይትበል፣ ኣይትደኸም። ብትግሃትን ብትጽቢትን ጸሊ። እግዚኣብሄር ኣብዛ ዓመት እዚኣ ምስ ምሉእ ግርማኡ ክንቀሳቐስን ኣብ ክንዳኻ ክሰርሕን ከሎ ተዓዘብ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብጸሎት ክጽዕር እየ፤ መልሰይ ከም ዝግለጽ ድማ እፈልጥ እየ። ኣይደክምን እየ፤ ኣምላኸይ ንጸሎት ብሓዊ ከም ዝምልሶ እፈልጥ እየ እሞ ተስፋ ኣይክቖርጽን እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6:18

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 5:8-8:9



ሓሙስ፣ 5 ሰነ

# መስርሕ ናይ ጸሎት

**ትንቢት ኢሳይያስ 65:24**
**ኪኸውን ድማ እዩ፡ ከይጸውዑ ኽመልስ፡ ገና ኺዛረቡ ኸለው ኸኣ ክሰምዕ እየ።”**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ቅድሚ ምጽላይና ኣምላኽ ድሮ መልሲ ከም ዝሃበና ተዘኻኽረና። ገና ክንዛረብ ከለና ንሱ ኣብ ስራሕ ኣሎ። ቅድሚ ምዝራብካ እንታይ ከም እትጽሊ ኣምላኽ ይፈልጥ እዩ። ብዛዕባ እቲ ንትምህርትኻ ኣድሊካ ዝሎ ገንዘብ ድሮ ይፈልጥ እዩ። ገና ብዛዕብኡ ከይጸለኻ ከለኻ፣ ንሓዳርካ ኣጥቢቑ ይከታተሎ ኣሎ። ኣምላኽ ብሰንኪ ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ኣብቲ ናይ ቀጻሊ ጭንቀት ኩነታት ወላ እንዳ ረኣየካ ከሎ፣ ምስናይዚ ግን ሕጂ ውን ጸሊ ይብለካ ኣሎ።

ብዙሓት ክርስትያን ምስ ጸሎት ይቃለሱ እዮም፣ ካብ መጀመርታ ግና እግዚኣብሔር “ይግዝኡ” ኢሉ ኣዊጁ እዩ (ዘፍጥረት 1:26)። ንደቂ ሰባት ንምድሪ ክገዝኡን ክዕብልሉን ምሉእ ስልጣን ሂብዎም ኣዩ። እዚ ንዓኻ ውን ዘጠቓለለ እዩ። ስለዚ፡ ኣምላኽ ኣብዛ ምድሪ ዝኾነ ነገር ንኽገብር፡ ፍቓድካ የድልዮ እዩ፡ እዚ ድማ ብጸሎት ጌርካ ኢኻ ትህቦ። ንጸሎት ሸለል ምስ እትብሎ፡ ኣምላኽ ሽግራትካ ካብ ምፍታሕ መሰል ትኽልክሎ። ሕጂ ብዘይ ምቁራጽ ምጽላይ ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ተረዲኡካ ኣሎ። ጸሎትካ ናይ ኣምላኽ ሓይሊ ናብ ህይወትካ ከም ዝልቀቕ ይገብር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ጸሎት ዝዓግተኒ ዝኾነ ሰብ ወይ ነገር የለን። ኣምላኽ ንብድሆታተይ ክብድሆምን ሓራ ከውጽኣንን ዕድል እህቦ ኣለኹ። ጸሎተይ መለኮታዊ ስልጣን ዝሓዘ እዩ፣ በቲ ሓያል ስም የሱስ ድማ ዓወታት ክርኢ እየ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 91:15

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 9-10



ዓርቢ፣ 6 ሰነ

# ሓይሊ ናይ ቃል ኣምላኽ

**መዝሙር ዳዊት 138: 2**
**ንቓልካ ሓለፋ ኹሉ ስምካ ኣዕቢኻዮ ኢኻ እሞ፣ ናብ ቅዱስ መቕደስካ ኣቢለ ኽሰግድ፣ ንስምካውን ስለ ሳህልኻን ሓቅኻን ኢለ ኽመስግኖ እየ።**

ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ደረት ቃሉ ዝተሓጽረ እዩ። እዚ ማለት እግዚኣብሄር ካብ ቃሉ ወጻኢ ዝኾነ ነገር ኣይገብርን ማለት እዩ። ስፍሓት ናይቲ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ (ኣብ ንግድኻ ይኹን፣ ኣብ ስድራቤትካ፣ ኣብ ፋይናንስካ ወይውን ኣብ ጥዕናኻ) ጣልቃ ዝገብሮ፣ ብኽመይ ቃሉ ኣብ ግብሪ እተውዕሎ እዩ ዝውሰን። እግዚኣብሄር ብፍሉይ እቲ ካብ ኣፉ ዝወጽእ ቃል ነቲ ዝለኣኾ ዕላማ ክፍጽም እምበር ባዶ ኮይኑ ናብኡ ከምዘይምለስ ከምዝገለጸ ክትርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

ክንደይ ግዜ ኢኻ ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ትዛረቦ፡ ብቐጻሊ'ዶኸ ትገብሮ ኣለኻ፡ መጽሓፍ ቅዱስ "ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዐየት፡ ብኹሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኹ" ይብል (3ዮሃ 2)። ኣብ ቃል ኣምላኽ እትርእዮ ነፍሲ ወከፍ መብጽዓ ተቐበሎ፣ ኣብ ልዕሊ ደቅኻን ጥዕናኻን ንግድኻን ድማ ተዛረቦ። ኣምላኽ ብመለኮታዊ ጥዕና ክትመላለስ እዩ ይደልየካ። ጥዕናኻ እንተደኺሙ ቃል ኣምላኽ ተዛረብ'ሞ ጥዕና ክምለሰልካ ክትዕዘብ ኢኻ። ሃሌሉያ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ስልጣን ቃል ኣምላኽ ደው ኢለ ኣለኹ። ስድራይ ብጽቡቕ ጥዕና ይነብሩ ኣለዉ፣ ንግደይ ክስስን እዩ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ህይወተይ ድማ ጥዑም ብስራት ክሰምዕ ከም ዝኾንኩ ይእዝዝን እእውጅን ኣለኹ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ነገ 8:29

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 11:1-17:5



ቀዳም፣ 7 ሰነ

# ካብ ዓዛዜል ተፈሊኻ

**ለዋውያን 16:8**
**ኣሮን ድማ ነቶም ክልተ ድቤላ፡ ሓደ ዕጫ ንእግዚኣብሄር፡ ሓደ ዕጫ ከኣ ንዓዛዜል ኪኸውን፡ ዕጫ የውድቐሎም።**

ኣብ ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ክልተ ኣጣል ክቐርባ ንርኢ፡ እታ ሓንቲ ከም መስዋእቲ ንኣምላኽ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ናብ "ዓዛዜል" ተላኢኻ። እዛ ካልአይቲ ጤል ኣይተሰውአትን። እዛ ጤል ሕማቕ ዜና ተሸኪማ እትፍኖ መልእኽተኛ ጥራይ እያ ነይራ። ንሓጢኣት ህዝቢ ኣምላኽ ናብ ዓዛዜል፣ በረኻ ዝቆጻጸርን ኣብ ምድሪ ንዝፍጠር ኩሉ ጸገማት ተሓታቲ ዝኾነን ጋኔን ንክበጽሕ ዝወከለት እያ ነይራ።

ናብ በረኻ ናብ ዓዛዜል እትኸይድ ጤል "መስዋእቲ ጤል" እያ ትበሃል፣ ማለት ብሊቀ ካህናት ምስ ቀረበት ሓጢኣት ናይቲ ጉባኤ ብኡንብኡ እያ እትወስድ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓጢኣትና ኣብ መስቀል ዝተሸከመ ናይ መወዳእታ መስዋእትና ኮነ። ንየሱስ ከም ጎይታኻን መድሓኒኻን ኣብ ዝተቐበልካሉ ህሞት ኩሉ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ እዩ። ሕጂ ካብቲ ዝሓለፈ በደል ነጻ ወጺእካ ኢኻ። ኣብቲ ሓራ ዘውጽኣካ ሕዳሴ ናይ ክርስቶስ ጥራይ ንበር። ከምኡ ውን ውሉድ ኣምላኽ ብምዃንካ ዘለካ ረብሓታት ውሰዶም። ኣግዚኣብሄር ይመስገን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ውሉድ ኣምላኽ እየ፤ ምስ ጸላኢ ይኹን ምስ መጋበርያኡ ዝኾነ ምሕዝነት የብለይን። ውሉድ ኣምላኽ ብምዃነይ ኣብ ሓርነት እየ ዝመላለስ። ኣነ ልዕሊ ሕማምን ድኻምን እየ፤ ብስም የሱስ መለኮታዊ ጥዕና ዘለዎ ህይወት እየ ዝነብር። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘሌዋውያን 16:10

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 17:6-18:36



ሰንበት፣ 8 ሰነ

# ኣምላኻ ካብ ገዛእ ርእሱ እዩ መስዋእቲ ዝሓትት ዘሎ

**Haggai 2:8 (KJV)**
**The silver is mine, and the gold is mine, saith the LORD of hosts.**

ብዙሓት ክርስትያናት ዝገብርዎ ጌጋ፡ ኣምላኽ ብዛዕባ መስዋእቲ ወይ ዘርኢ ምሃብ ክዛረብ ከሎ፡ ምስቲ ስጋዊ ድረታቶም ዝዛረብ ዘሎ ከይኑ ምሕሳቦም እዩ። የግዳስ ነቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ኣምላኽ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ኣምላኽ ኣብ ብኣኻ ገይሩ ንርእሱ ዝዛረበሉ ናይ ርክብ መስመሩ ኢኻ። እቲ ሽግር ዝለዓል ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ኣምላኽ መልሲ ንክህብ ኣብ ክንዲ ምፍቃድ፣ ካብ ናይ ስእነት ኣተሓሳስባ መልሲ ምስ እትህብ እዩ።

እግዚኣብሄር ምስ ኩሉ ክብርን ሃብትን ግርማኡ ኣባኻ ከም ዝነብር ይፈልጥ እዩ፣ ዝልምኖ መስዋእቲ ድማ ከፍሪ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግና በቲ ዝራየካ ዘሎ ድሩትነትን ጉድለትን ተመርኲስካ ጣልቃ ክትኣቱን ክትምልስን ከለኻ፡ ኣምላኽ ንመስዋእትኻ ወይ ዘርእኻ ብብዝሒ ናይ ምርባሕ ዓቕሙ ትድርቶ ኣለኻ። ኣምላኽ ሃብታም ምዃንካ እዩ ዝፈልጥ። ኣብ ክርስቶስ መንነትካ ንሱ'ዩ፣ ስለዚ ከምኡ ምሰል። ክዛረብ ከሎ፡ እቲ ኣባኻ ዘሎ ኣምላኽ መላሽ ክህብ ፍቐደሉ፡ ብዝሒ ክግለጽ ድማ ተዓዘብ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ናይ ኣምላኽ ዘርኢ ተሰኪመ ኣለኹ፤ ሃብታም ውርሻ ኣለኒ። ኣነ ኣምላኽ እየ ዝብሎ እየ። ፈጺም ብድኽነት ኣይክመላለስን እየ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ዜና መዋእል 29:16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 18:37-21:13



ሰኑይ፣ 9 ሰነ

# ንስኻን ዘርእካን

**ፊሊጲ 4:16**
**ኣብ ተሰሎንቂውን ሓደ ጊዜን ካልኣይ ጊዜን ዜድልየኒ ሰዲድኩምለይ።**

ጉዳይ ዘርእን መስዋእትን ብዙሕ ግዜ ኣብ ስጋ ክርስቶስ ብጌጋ ከም ዝርዳእ ምሉእ እምነት ኣለኒ። መብዛሕትኦም ክርስትያናት ንፕሮጀክትታት ኣገልግሎትን ምብጻሕን ስብከት ወንጌልን ንምድጋፍ ብልግሲ ክህቡ ምትብባዕ በዳሂ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምሃብን ምዝራእን ንተራ ክርስትያናት ዓቢ ቃልሲ እዩ። እዚ ድማ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ዘይኮነስ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ምርድዳእን ደረት ኣተሓሳስባን እዩ።

ዘርእኻ ነቲ ጽባሕ እትብህነ መጻኢ ንምፍጣር ሎሚ እትለቅሖ ገንዘብ ከም ዝውክል ምርዳእ የድሊ። ምሃብ ብዓቢኡ ናይ እምነት ጉዳይ እዩ። ናብ ኣገልግሎት፡ ምብጻሕ ወይ ስብከት ወንጌል ክትዘርእ ከለኻ፡ ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ንዘድልየካ ንምምላእ ዘለዎ ዓቕሙ ኢኻ እምነት ተርኢ ዘለኻ። እዚ ብእምነት ዝምራሕ ተግባር ካብ ትጽቢትካ ንላዕሊ ዝኾነ ደረጃ ስንቂ ንክትረክብ ማዕጾ ይኸፍት፣ ናብ ብዝሕን ኩሉ እኹልነትን ንክህልወካን ድማ ይዓዩ። ኣብ ህይወትካ ዝኾነ ዝጎደለ ኣብ ዘይብሉን ከምኡ ውን ዝኾነ ናይ ደገ ሓገዝ ኣብ ዘየድልየልካ ደረጃ ክትበጽሕ ኢኻ፣ ንሕጂ ይኹን ንመጻኢ፣ ኪኖ'ውን ከይተረፈ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ መኽዘን ዘርኢ እየ። ኣነ ቅልጡፍን ሕጉስን ወሃቢ ስለ ዝኾንኩ፡ ኣብ ምሃብ ክመጽእ ከሎ ንድሕሪት ኣይምለስን እየ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ቲቶስ 3:14

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 22:1-24:6




ሰሉስ፣ 10 ሰነ

# ጥቕበብ ኣጥሪ

**ምሳሌ 4:7**
**ጥበብ ኣውራ ነገር እያ እሞ፡ ንጥበብ ኣጥርያ፡ እው፡ ብኹሉ ጥሪትካ ንምስትውዓል ኣጥርያ፡**

እዛ ናይ ሎሚ ጥቕስና ጥበብ ኣውራ ነገር እያ እሞ፡ ንጥበብ ኣጥርያ፡ እው፡ ብኹሉ ጥሪትካ ንምስትውዓል ኣጥርያ ትብል። እቲ ጸገም መብዛሕትኦም ሰባት ጥበብ ንምርካብ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ፣ ደድሕሪ ኣገባባትን እዚ ግበር እዚ ኣይትግበርን ዝብል መኸተልታታትን እዮም ዝጎዩ። እንተኾነ ግን ክርስቶስ ጥበብና ምኳኑ ቃል ኣምላኽ ይነግረና። ክርስቶስ ምስ ዝህልወካ ጥበብ ኣሎካ። ምምጻእ ክርስቶስ ናብ ምድሪ ብምሃብ ከም እተመልከተ ኣይትረስዕ፡ "ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳብ ዝህብ" (ዮሃ 3፡16)።

ስለዚ፡ ጥበብ ምስ ምሃብ እያ እትመጽእ፣ ምሃብ ድማ ዘርኢ ምዝራእ የጠቓልል። ዘርኢ ክትለቅቕ ከለኻ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ንግድኻን ስድራቤትካን ፋይናንስካን ይንቀሳቐስ። እዚ ጸጋ እዚ ድማ ናይ ኣፍራይነትን ፍርያምነትን ዓቕምኻ የስፍሕ። ሕጂ ኸ ተረዲእካ ዶ፧ ዘርኢ ብምዝራእካ ጸጋ ኣምላኽ ንግብሪ ኣእዳውካ ንከራብሖ ትፈቅደሉ ኣለኻ። ጸጋ ኣምላኽ ብስም የሱስ ጽልዋኻን ብልጽግናኻን ከም ዝውስኽ ብምርዳእ ምሃብ ጀምር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣኽራሪ ወሃቢ እየ፤ ካልእ ኩሉ ስቕ ኣብ ዝብለሉ እዋን፣ ዘርኣይ ክዛረበለይ እዩ። ኣነ ክጎድል ወይ ክጉዳእ ኣይክእልን እየ፤ ጉዳየይ ዝተፈለየ እዩ። ንላዕሊ ምድያብን ምዕባይን ክቅጽል እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 49:16

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 24:7-27:6





# ኣካል ናይ ሓደ ዓቢ ነገር ኩን

**ሉቃስ 5:7**
**ነቶም ኣብታ ኻልኣይቲ ጃልባ ዘለዉ ብጾቶም ከኣ መጺኦም ኪድግፍዎም ኣመልከትዎም። መጺኦም ድማ ንኽልቲኤን ጃልባ ጥቓ ምጥሓል ክሳዕ ዚቐርባ መልእወን።**

እዛ ናይ ሎሚ ጥቕስና ኣዝያ ጽብቕቲ ኣብነት ናይ ሕብረት ኣብ ግብሪ ክውዕል ከሎ እያ። እቲ ዝርርብ ኣብ መንጎ ጴጥሮስን የሱስን ከም ዝነበረ ኣስተውዕል። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ እቲ ሬማ (rhema) ናብ ጴጥሮስ እዩ መጺኡ፡ ንሱ ድማ ተኣዚዙ ነቲ መምርሒታት ተኸቲልዎ፡ ዓቢ ምግፋፍ ድማ ኮነሉ። ድሕሪኡ ድማ መሻርኽቲ ጴጥሮስ ክሕግዙ መጹ፣ ናቶም ጀላቡ'ውን ክሳብ ኣፈን መልኣ። እዞም መሻርኽቲ እዚኣቶም ንየሱስ ብቐጥታ እኳ እንተዘይሰምዕዎ፡ ካብዚ ብዝሒ ቀረብ ግን ተጠቂሞም እዮም።

ኣብ ኣገልግሎት ድምጺ እግዚኣብሔር ብዛዕባ ምስማዕ ድምጺ ኣምላኽ ወይ ራእይ ካብ ኣምላኽ ክትቅበል ከለኻ፣ ኣብኡ ኔርካ ኣይነበርካን ፍልልይ የብሉን። እቲ ዘገድስ ስርሓርት ኣምላኽ ኣብ ዝግለጸሉ እዋን ምስኡ ምክፋል እዩ። እቲ ዝተዛረበ ድምጺ እግዚኣብሔር እንተኾይኑ ዝጨበጥ ውጽኢት ክትረኢ ኢኻ።

ዕዉራት ኣዒንቲ ክኽፈቱ፡ ጸማማት ክሰምዑ፡ ኤችኣይቪ (HIV) ክኸይድ፡ ፋይብሮይድ ክፈስስ፡ መኻንነት ክውዳእ...ወዘተ ምስ ትርኢ፡ ምስኡ ንክትሓብር ምልክትካ እዩ። ምስኡ ምሕባርካ ኣካል ናይ ሓደ ዓቢ ነገር ኣብቲ ኣጀንዳ ወይ መስርሕ ኣምላኽ ከም እትኸውን ክገብረካ እዩ። ሃሌሉያ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ራእይ ኣምላኽ ራእየይ እዩ፤ ኣጀንዳ ኣምላኽ ኣጀንዳይ'ዩ። ንዝዓበየ ምዝመዛ ምስ ኣምላኽ ክሻረኽ እየ። እግዚኣብሄር ዕላማታት ህይወተይ ንምፍጻም ናብ መደቡ ብምእታዉ ተሓኡሰ ኣለኹ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማር 4:36

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 27:7-31:5



ሓሙስ፣ 12 ሰነ

# ገንዘብ ምቊጽጻር ተማሃር

**ማቴዎስ 6:24**
**ንኽልተ ጐይተት ኪግዛእ ዚኽእል የልቦን። ወይ ነቲ ሓደ ጸሊኡ፡ ነቲ ሓደ ይፈቱ፡ ወይ ከኣ ነቲ ሓደ ተኣዚዙ፡ ነቲ ሓደ ይንዕቕ። ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይኰነልኩምን እዩ።**

ንብዙሓት ኣብ ኣካል ክርስቶስ ዘለዉ ኣርእስቲ ገንዘብ ኣዝዩ ረቂቕን ንክትዛረበሉ ኣሸጋርን እዩ። ብዙሓት ምጥቃስ ገንዘብ ክስማዕ ወይ ብግልጺ ክዝረብ እኳ የብሉን ዝብል ሓሳብ ምሃቡ። ካልኦት ድማ ብዛዕባ ገንዘብ ክትዛረብ ከለኻ ናይ ብልጽግና መልእኽቲ ትሰብኽ ዘለኻ ኮይኑ ይስምዖም። እንተ ኾነ ግን እዚ ጌጋ እዩ። እቲ ሓቂ ንሕና ንብልጽግ ዘለና ክርስትያናት ጥራይ ኢና። ኣብ ሓደ ትንቢታዊ ምግላጽ፡ ወይ ኣፖካሊፕሲስ (apokalypsis) ኢና እንነብር ዘለና። እዚ ማለት ንሓቂ ጸጋ ኣምላኽ ንምፍላጥ ካብ ኣዒንትኻ ቅራፍ ምእላይ ማለት እዩ።

እቲ ቀንዲ ጉዳይ ፍርሒ ገንዘብ እዩ። ካብቲ እትፈርሖ ንላዕሊ ክትለቅቕ ፈጺምካ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንገንዘብ ኣይትፍራሓዮ ኢለ ከተባብዓካ ይደሊ። ድሕሪ ገንዘብ መንፈስ ኣሎ፡ ነዚ ፍርሒ ገንዘብ ምስ ሰዓርካዮ ግን ኣብ ልዕሊ እቲ ዝቆጻጸሮ መንፈስ ስልጣን ትረክብ። እቲ ናይ ፍርሒ ረቛሒ ምስ ተኣልየ፡ ኣብ ልዕሊ ገንዘብ ዘለካ ዕብለላ ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። ኣብዛ ዓመት ገንዘብ ኣብ ንግድኻን ፋይናንስካን ክግዝኣካ እዩ!

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ንገንዘብ ዓብሊለዮ እየ፡ ፍርሒ ገንዘብ ድማ ካባይ ርሒቑ እዩ። ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝምህሮ ናይ ብልጽግናን ናይ ጥዕናን ህይወት ክነብር እየ። ከለቅሕ እምበር ኣይልቃሕን እየ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 16:11

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 31:6-33:5



ዓርቢ፣ 13 ሰነ

# ብዓይኒ መንፈስ ርአ

**ኢዮብ 22:24**
**ንመዝገብካ ናብ መሬት፡ንወርቂ ኦፊርውን ናብ ኣእማን ርባ ኣእማን ርባ ደርብዮ፡**

ኣብ ታሪኽ እስራኤል ኣብ ዘመነ ጊዴዎን፣ እግዚኣብሄር ነፍሱ ንጊዴዎን ዝገለጸሉ እዋን ነይሩ እዩ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ንጊዴዎን ተራእዩ ናይ ምትብባዕ ቃላት ክዛረብ ጀመረ፣ ብመንፈሳዊ ኣረኣእያ መንነት ጊዴዎን ከም ሓያል ጅግና ከም ዝኾነ ኣዊጁ። እቲ ዝገርም ግን ጊዴዎን ናይ ዘይምእማን ምላሽ እዩ ሂቡ፣ ብቑዕ ዝገብሮ መሲልዎ ብዛዕባ ምድራዊ ውርሻኡን መስመር ደሙን ማሕበራዊ ኩነታቱን ዝገልጽ ጸብጻብ እዩ ክዝርዝር ጀሚሩ። ኣምላኽ ግን ነቲ ተፈጥሮኣዊ ውርሻ ጊዴዎን ኣይተገደሰሉን፤ ምስ ቲ መንፈሳዊ መንነቱ እዩ ዝዛረብ ነይሩ።

መንፈሳዊ ዓለም ብሓቂ መን ምዃንካ እምበር ንኣካላዊ ወይ ስጋዊ ባህርያትካ ኣይገልጽን እዩ። እግዚኣብሄር ሃብታም ኢኻ ምስ በለካ ኣሚንካ ሕዞ እሞ ክትእውጆ ጀምር። ኣብቲ ህሉው ኩነታትካ ምትኳር ኣቋርጽ ካብቲ ተፈጥሮኣዊ ወጺኻ ርአ። ካብ ብዓይኒ ስጋኻ ዘይኮነስ ብዓይኒ መንፈስ ክትሪኢ ጀምር። መለኮታዊ ዝኾነ ዘርኢ እዩ መሊእካ ዘሎ። ከምቲ ኣምላኽ ዝረኣየካ ጌርካ ንነብስኻ ርኣያ። ንኣህዛብ ከተለቅሕ እምበር ኣይትልቃሕን ኢኻ ኢልካ እዩ፤ ኣብ ላዕሊ ጥራይ እምበር ኣብ ትሕቲ ፈጺምካ ኣይክትከውንን ኢኻ ኢሉ እዩ። ነቲ ዝበሎ እመኖ፡ ሎሚ ዓመት ድማ ተኣምራትካ ከተስተማቕሮ ኢኻ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ እቲ ኣምላኽ ዝብሎ እየ። ኣነ መሰናኽል ዝሰብር፡ ዓብላሊ፣ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ድማ ጅግና እየ። ህይወተይ ንሓይልን ክብርን ኣምላኽ ክትምስክር እያ፣ ብስም የሱስ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ነገ 9:28

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 33:6-35:21



ቀዳም፣ 14 ሰነ

# ካብ ካልእ ዓለም ዝመጹ ምልክታት

**1ይ ቆረንቶስ 14: 10**
**ኣብ ዓለም በበይኑ ዝኾነ ብዙሕ ቋንቋታት ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን።**

እዛ ሓሳብ እዚኣ ደጋጊመ ተዛሪበያ ኣለኹ፣ ርግጽ ደሃይ (ትርጉም) ዘይብሉ ድምጺ የለን። ንገለ ድምጽታትን ህርመት ከበሮን ብገለ ጥዑም ዜማ ክትደርፍ ወይ ክትስዕስዕን ከተስተማቕሮን ትኽእል ኢኻ። እቲ ሓቂ ግን እቲ ትርጉሙ ከይተረድኣካ እትስዕስዓሉ ዘለኻ ድምጺ ንኣጋንንቲ ኣብ ከባቢኻ ተኣኪቦም ናባኻ ዘእቱ ማዕጾ ክረኽቡ ከም ዝኽእሉ ዘመልክት እዩ። እቲ እትሰምዖ፡ እቲ እትስዕስዓሉን ትቃንየሉን ዘለኻ ድምጺ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ንስኻ ዘይትፈልጦ ዝተወሰነ መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ።

ንዝኾነ ዓይነት ድምጺ ወይ ሙዚቃ ብሸለልትነት ኣይትርኣዮ፣ እንተዘይኮይኑ ናብ መንፈሳዊ ጉድኣት ክትወድቕ ኢኻ። ገለ ሙዚቃታት ኣጋንንታዊ ህላወ ስለ ዝጽውዕ ጽዑቕ ናይ ፍሉያት ርክባት ሃዋህው ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ድምጺ ተራ ነገር የለን፤ ንዓኻ ትርጉሙ ከይርድኣካ ይኽእል እዩ፣ እቲ ሓቂ ግን ንሓደ ክፉእ ነገር ንምጽዋዕ ኣፍደገ ክኸውን ይኽእል እዩ ወይ ድማ ነቲ ዝቕጽል ደረጃ በረኸትካ ዝእውጅ ህላወ መላእኽቲ ዝስሕብ ድምጺ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዛ ዓመት እዚኣ ንፍሪኩወንሲ (frequency) ጽዮን ጥራይ እየ ክቃኒ። ካብ ከናፍረይ መዝሙር ውዳሴ ናብ ኣምላኽ ክውሕዝ እዩ። ካብ ሎሚ ንዘልኣለም፣ መተሓላለፊ ናይ ዲያብሎስ ሙዚቃዊ መጻወድያ ምኳን እኣቢ ኣለኹ ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ቆሮ 14:11

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 35:22-37:26



ሰንበት፣ 15 ሰነ

# ብቐጻሊ ተዛረቦ

**ወንጌል ዮሐንስ 6: 63**
**መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር፡ ስጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፡ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን።**

ዝተዘርቡ ቃላት ነቲ ምስኦም ዝተኣሳሰር መንፈስ ናይ ምስሓብን ነገራት ናብ ምንቅስቓስ ዘእትው ሓይሊን ይውንኑ። ቃላት ብልጽግና ክትዛረብ ከለኻ እቲ ምስ ብልጽግና ዝተኣሳሰር መንፈስ በረኸት ኣብ ህይወትካ ክግለጽ መሰል ይርከብ። ኣብ ንግዲ ይኹን ኣብ ዝኾነ ዕዮ ክትዋፈር ከለኻ፡ ብልጽግና ኣውጅ'ሞ ንነብስኻ ድማ ኣይትጠራጠር። ካብ ቦታ ሓይልን ካብ ካብቲ ኣምላኽ ዝጸውዓካ ቦታን እምበር ካብቲ ኣብዚ ግዜ ዘለኻዮ ቦታ ኲንካ ኣይትዛረብ። እምነት ቃል ኣምላኽ ብምስማዕ ከም እትመጽእ ኣይትረስዕ።

ፈጺምካ ስቕ ኣይትበል- ስቕ ዝበሉ ክርስትያናት ስቕ ኢሎም እዮም ይሞቱ። ብኣሉታ ምሕሳብን ድሕሪኡ ድማ ነቶም ሓሳባት ምዝራብን ከቢድ ጌጋ'ዩ። ቃላት ሓይሊ ይሸከሙ፤ ኣብ ትኽክለኛ ግዜ ክግለጹ እናተጸበዩ ኣብቲ ሃዋህው እዮም ዝጸንሑ። ኣሉታውያንን ሕማቓት ቃላትን ካብ ጽቡቕ ቃላት ንላዕሊ ብቐሊሉ ስለ ዝግለጹ፣ ኣብ ልዕሊ ደቅኻን ስድራኻን ንግድኻን ኣሉታዊ ቃላት ካብ ምዝራብ ተቖጠብ። ኣብዚ ዓመት እዚ ጽቡቕ ጥዕና፡ ብልጽግና፡ ነዊሕ ዕድመን ምውሳኽን ኣብ ልዕሊ ስድራቤትካ ኣወጅ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ህይወተይ በረኸት ዘንቀሳቕሱ ቃላት እየ ዝዛረብ። ኣነ ፍርያት ናይቲ ዝእውጆ ቃላት እየ። ኣነ ተዓዋቲ እምበር ግዳይ ኣይኮንኩን። ኣነ ሃብታምን ጥዑይን እየ፡ ጸላኢ ድማ ብዛዕብኡ ዝኾነ ነገር ክገብር ኣይክእልን እዩ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2ይ ቆሮንቶስ 3:6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 37:27-39:13



ሰኑይ፣ 16 ሰነ

# ኣብ ቃል ጥለቕ

**ትንቢት ኤርምያስ 20: 9**
**ኣይክዝክሮን፡ ደጊምስ ብስሙ ኣይክዛረብን እየ፡ እኳ እንተ በልኩ፡ ኣብ ዓጻጽምተይ ተዐጽዩ፡ ኣብ ልበይ ከም ዚነድድ ሓዊ ኰነኒ። ክጽመሞ ተጋደልኩ፡ ግናኸ ኣይኰነለይን።**

ነቢይ ኤርምያስ ቃል ኣምላኽ ከም ኣብ ኣዕጽምቱ ዝተዓጽወ "ሓዊ" ምኺኑ ተዛሪቡ። ዋላ እኳ ላግጽን ተቓውሞን እንተ ኣጓነፎ፡ ንህዝቢ ባህ ዘብል ሰብ ካብ ምኺን ኣብዩ፡ ነቲ ሓቂ ኣምላኽ ብትብዓት ተዛረበ። እቲ ዝዝረብ ቃል ኣብ ኣካላትካ ጥዕና ናይ ምምጻእ፣ ፋይናንስ ናብ ባንክ ሕሳብካ ክውሕዝን ኣብ ገዛኻ ናይ ሰላም ሃዋህው ናይ ምፍጣርን ዓቕሚ ኣለዎ። እዚ ቃል እዚ ንነፍስኻ ህይወት እዩ።

ቃል ኣምላኽ ኣካል ህላወኻ ምስ ዝኸውን፡ ክትሕዞ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ልዕሊ ኩነታትካ ካብ ምዝራብ ሓሊፍካ ካልእ ኣማራጺ ኣይክህልወካን እዩ። ነቲ ቃል መዓልታዊ ኣጽንዕ፡ ኣስተንትኖ፡ ክምግበካ ድማ ፍቐደሉ። ንመንፈስካ ጸዓት ንምሃብን መዓልትኻ ብግቡእ ንምጅማርን ቃል ኣምላኽ ቅድሚ ምድቃስካ ናይ ለይቲ ድራርካን ናይ ንግሆ ንግሆ ቁርስኻን ግበሮ። እዚ እንተ ጌርካ፡ እዘን ተሪፈን ዘለዋ መዓልታት ናይዛ ዓመት ዕዉታት ክኾናልካ ግድን እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ኣመጋግባይ ስለ ዝኾነ፡ ህይወተይ ናይ ተኣምራት ህይወት ክትከውን እያ። ንመንፈሰይ በቲ ካብ ቃል ኣምላኽ ዝረኽቦ ሃብታም መንፈሳዊ መግቢ ብጥዕና ክምግቦ እምበር፣ ፈጺመ ኣይከጥምዮን እየ። ሎሚን ንዘልኣለምን እግዚኣብሄር እመስገን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት 4:20

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 40-42




ሰሉስ፣ 17 ሰነ

# ናይ ውግእ ሞድ (mode)

**ጽቡቕ ገድሊ እምነት ተጋደል፡ ነታ እተጸዋዕካላ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክርውን ጽቡቕ ምእማን እተኣመንካላ ህይወት ዘለኣለም ሐዛ።**

እቲ ኣባኻ ዘሎ ቃል ኣምላኽ ከም ኣብ ክፍሊ ጠበንጃ ዝተጻዕነ ጥይት እዩ። እታ መተኮሲት ኣብ ዝሰሓብካሉ ህሞት፡ ንመደባት ጸላኢ ዘናወጽ ፍንጀራ ክፈጥር እዩ። እቲ ጸገም ግን፡ ወላ'ኳ ነቲ ጥይት ጽዒንካዮ ሃሉ፡ ኣብ ክንዲ ትትኩስ፡ ጸላኢ እናተኮሰካ ከሎ ሱቕ ኢልካ ምህላውካ እዩ።

ምስ ዲያብሎስ ምርድራእ ክትገብር ውይ ክትወዓዓል ግዜ የለን። እቲ እንኮ ዝርድኦ ቋንቋ ሓይሊ እዩ። ኣብዛ ዓመት'ዚኣ ድሕሪ ደጊም ስቕ ኣይትበለሉ፣ ይኣክል! ኣብ ዘባ ኩናት ዘሎ ወተሃደር እንተኾንካ ንምጥርጣር ወይ ንምሕሳብ ግዜ የብልካን፤ ጸላኢ ብረቱ ንምትኳስ ዕድል ቅድሚ ምርካቡ መጀመርታ ክትትኩስ ኣለካ። ንሱ ቅድሚ ምትኳሱ፣ ከተጥቅዕ ኣለካ። ኣብ ምጥቃዕ ኣይትዝሓል። ሕጂ ብዘይምሕላል፣ መዳፍዕ ናይ ብቋንቋታት ጸሎት ናብ ዲያብሎስ ምትኳስ ጀምር፡ ጸላኢ ድማ በቲ ሓያል ስም የሱስ ክፈርስ ከሎ ተዓዘብ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ነዚ ውግእ እዚ ንቤተሰበይን ንጥዕናይን ንደቀይን ንሓዳረይን ብሓያል ሓይሊ ኣንጻር ጸላኢ ክዋፈር እየ። ኣነ ተዋጋኢ እምበር ፈራሕ ኣይኮንኩን። ኣነ ተዋጋኢ እየ፣ ኩሉ ካብ ደምበ ጸላኢ ዝመጽእ ተጻብኦ ክስዕሮ ድሉው እየ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊልጲ 3:12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 43:1-45:12



ረቡዕ፣ 18 ሰነ

# ክርስትና 2.0

**ኤፌሶን 5: 22-23**
**ከምቲ ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ ዝኾነ፡ ንሱ ምድሓን ስጋኡ ኾኣ እዩ፡ ሰብኣይ ከኣ ርእሲ ሰበይቱ እዩ እሞ፡ ኣትን ኣንስቲ፡ ከም ንጐይታ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዛኦም።**

እታ ዓቕሊ እትብል ቃል ኣብቲ ናይ ግሪኽኛ ጽሑፍ፣ ማክሮቱምያ (makrothumia) እያ፣ እዚ ኸኣ ምስ ጽንዓትን ትዕግስትን ዝተሓሓዝ እዩ። ምስ ማክሮቱምያ፡ ኣብ ቅድሚ ጸገማት ጸኒዕካ ደው ናይ ምባል ዓቕሚ ኣለካ። ክንድዚ ዝኣክል ሓይልን ሓውን ኣብ ውሽጥኻ ስለዘሎ፡ ዝኾነ ዝገጥመካ ጽገም ንክስዕረካ ኣይተፍቅደሉ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ፍረ መንፈስ ንሓይሊ እቲ እኩይ ንምጥሓል ክውሕዝ ፍቐደሉ።

ኣብ ባይታኻ ደው በል፤ ዳሕረዋይ ክፋል ናይዚ ዓመት እዚ እትግልጸሉ እዋን እዩ፤ ምጽቃጥ ቀጽል። ናባኻ እንታይ ይድርብዩ ብዘየገድስ ንቅድሚት ንክትግስግስ ሓይሊ ኣለካ።

ኣብ ዝቕጽል ደረጃኻ ናይ ሂወትካ ኢኻ ኣቲኻ ዘለኻ፣ ምስኡ ድማ ካብ ደምበ ጸላኢ ንኽፈራርሑኻ ዝተላእኩ ሓደስቲ ኣጋንንቲ ይመጹ። ንስኻ ግን ተራ ሰብ ጥራይ ኣይኮንካን። ናይ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ጀነቲካዊ ኣቃውማ (ዘርኢ) ኢኻ ተሸኪምካ ዘለኻ፣ መንፈስ ቅዱስ ድማ ኣባኻ ይነብር። ንነብስኻ ከም ኣብ ሕሰም ዘላ መሲልካ ፈጺምካ ኣይትድንግጸላ። ዝኾነ ናይ ስዕረትን ጸልማትን ስምዒት ካባኻ ኣርሕቆ። እዚ ዝተመደበልካ እዚ ግዜ እዚ እቲ ንዓኻ ዝተመደበልካ ግዜ ከም ዝኾነ ትንቢታዊ ቃል ኣሎካ። ካብ ድቃስካ ተበራቢርካ ንየሱስ ዓበይቲ ነገራት ግበር።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብቲ ከውሒ እየ ደው ኢለ ዘለኹ፤ ፈጺመ ኣይክጥሕልን እየ። ርእሰይ ልዕሊ ማያት ልዕል ኢሉ እዩ ዘሎ። ናይ ዓወት ህይወት እየ ዝነብር። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 5:1

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
መዝሙር 45:13-48:14



ሓሙስ፣ 19 ሰነ

# ቤተ ክርስቲያን ንቕድሚት ትግስግስ ኣላ

**ወንጌል ማቴዎስ 16: 18**
**ኣነ ኸኣ እብለካ አሎኹ፡ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ። ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ኽሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን።**

ጎይታ የሱስ ክርስቶስ “የሱስ መሲሕ ወዲ ህያው ኣምላኽ ምዃኑ” ዝብል ብሃዋርያ ጴጥሮስ ዝተዘርቦ ምግላጽ መሰረት ብምግባር ሕደ ኣዝዩ ተባዕ ዝኾነ ኣዋጅ እዩ ኣዊጁ። ንሱ ድማ “ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ኽሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን” በለ። እዚ ድማ ከም ክርስትያን ከትብዓካ ይግባእ። ቤተ ክርስቲያን ኣርባዕተ መናድቕ ናይ ሓደ ህንጻ ኣይኮነትን፣ ቤተ ክርስትያን ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ። ንስኻ ቤተ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ ኢኻ፣ ዋና ቤት ጽሕፈት ኣምላኽ።

ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ “ደጌታት” ብዛዕባ ምዕባለኻ ደው ንምባል ዝዓለሙ ኣንጻርካ ዝቖመ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሓይሊ፡ ስልጣንን ድረታትን እዩ ይዛረብ። ኰይኑ ግና፡ እቲ የሱስ ኣብቲ ግዜ እቲ እተዛረቦ ነገር፡ ሎሚ እውን ሓቂ እዩ። ካብቲ እኩይ መንግስቲ ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ስልጣንን ሓይልታትን ንገስጋስካ ደው ከብሎ ኣይክእልን እዩ። ዋላ ሓንቲ ክተፍሪ ዘይትኽእል ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል'ዩ። ግን ተጸበ ጥራሕ፣ ቅድሚ ምዝዛም ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ናይ ምግላጻ ግዜኻ ርኡይ ክኸውን'ዩ። ኩሉ ሰብ ድማ ክርእዮ እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወተይ ብክርስቶስ ተጠቕሊላ እያ። ነቲ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ እየ ተሰኪመ ዘለኹ። ክፈሽል ኣይክእልን እየ። ህይወተይ ብክርስቶስ ውሑስቲ እያ፡ ኣነ ድማ ተዓዋቲ እየ። ንገስጋሰይ ዝዓግቶ ደጌታት ሲኦል የለን፣ በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት 20:28

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 49:1-51:9



ዓርቢ፣ 20 ሰነ

# ናይ ኣምላኽ መደብ ውግእ ንዓወት

**መጽሓፍ መሣፍንቲ 7: 7**
**እግዚኣብሄር ድማ ንጊዴዎን፡ በዞም ብኢዶም ዝሰትዩ ስለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ከድሕነኩእየ፡ ሚድያናውያን ከኣ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ። እቲ ህዝቢ ኹሉ ድማ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ቦታኡ ይኺድ፡ በሎ።**

እስራኤል ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ ጊዴዎን ኣንጻር 120,000 ዝኾኑ ሰራዊት ጸላኢ ክገጥሙ እንከለዉ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሰራዊት ግን 32,000 ጥራይ ከምዝነበረ ቲዮሎጂያውያን (Theologians) ይግምቱ። ጸላእቲ እስራኤል ካብኣቶም ብኣርባዕተ ዕጽፊ ይዛይዱ ነይሮም። ሽዑ እውን እንተኾነ፡ ኣምላኽ ንጊዴዎን ሰራዊቱ ናብ 300 ሰባት ጥራይ ኪቕንሶ መምርሒ ሃቦ። ብባህርያዊ መንገዲ እዚ ትርጉም ኣይህብን እዩ፣ መገድታት ኣምላኽ ግን ትርጉም ዘይኮነስ እምነት እዮም ዝህቡ።

ጊዴዎን ንወተሃደራቱ ከምቲ ኣምላኽ ዝሃቦ መምርሒ ካብቲ ዝነበርዎ ኣጉደሎም፣ እዚ ድማ ምእንቲ እቲ ውግእ ምስ ተዓወተ እስራኤል ዘድሓኖም ንእሽቶ ሰራዊቶም ዘይኮነስ ኣምላኽ ምኳኑ ከለልዩ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ እግዚኣብሄር ካብ ከባቢኻ ንሰባት ከውጽኦም እዩ፡ ምእንቲ እቲ ትግለጸሉ ግዜኻ ምስ ተፈንጀረ፡ ንሱ ጥራይ እዩ ክብሪ ክረክብ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ምስክርነትካ ንኽብሪ ኣምላኽ ክኸውን እዩ። ኣብኡ ጥራይ ተኣማመን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣብ ናይ ሰራዊት ጐይታ ወተሃደር እየ፣ ንኣዛዚየይ ድማ ምሉእ ብምሉእ እኣምኖ። ንናይ ጸላኢ ምትላል ቦታ ኣይህቦን'የ። ኣምላኸይ ናይ ውግእ ኣምላኽ እዩ፣ ፈጺሙ ኣይገድፈንን እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1 ሳሙኤል 14:6

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 51:10-54:7




ቀዳም፣ 21 ሰነ

# ሕጉስ ኩን

**ያእቆብ 1: 2**
**ኣሕዋተየ፡ በበይኑ ዝኾነ ፈተና እንተ በጽሓኩም፡ ንኹሉ ኸም ሓጐስ ቍጸርዎ።**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ዝተፈላለየ ፈተናታት ምስ ኣጋጠመና ንኹሉ ብሓጎስ ክንቆጽሮ ትሕብረና። ዋና ገዛኻ ንሽዱሽተ ወርሒን ልዕሊኡን ዝሓለፎ ናይ ክራይ ገዛ ገንዘብ ንክወስድ ኣብ ማዕጾኻ ክኹሕኹሕ ከሎ፡ ወይ ድማ ሎሚ ዓመት ምስ ስማ ዝሰማማዕ ኣብ ዘይመስለሉ እዋን፡ ካብ ቀዳማይ መዓልቲ ጀሚሩ ድማ ኣብ ዓመትካ ኩሉ ሲኦል ዝተፈትሐ ኮይኑ ክስምዓካ ከሎ፡ ፍሽኽ ክትብል ኣጸጋሚ ምኳኑ እፈልጥ እየ።

ምናልባት ስራሕካ ስኢንካ፡ ሓዳርካ ፈሪሱ፡ ደቅኻ ፋሉል ከይዶም፡ ፋይናንስካ'ውን ነቒጹ ይኸውን። ሓደ ነገር ከረጋግጸልካ እደሊ፡ ሎሚ ንዓኻ ዝተዋህበት ናይ ኣምላኽ ትንቢታዊ ቃል ናይ ብሓቂ እያ፣ ፈጺማ ውን ኣይክትነቓነቕን ወይውን ኣይክፈሽልንን እያ። እግዚኣብሄር ኩነታትካ ይፈልጥ እዩ፣ ቃልስታትካ ውን ይርእዮ እዩ። ሕጂ ውን ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ስለ ዝፈልጥ ሕጉስ ክትከውን ከም ዘለካ ይሕብረካ ኣሎ። እቲ ትሓልፎ ዘለኻ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ክብርኻ ዝወስድ መሰጋገሪ እዩ። ኣብ መወዳእታ ክፋል ናይዚ ዓመት እዚ፡ እናደመቕካ ክትከይድ ኢኻ። በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወተይ ናይ ብሉጽነት ህይወት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ኩነታት ክልዕልን ክድይብን እየ። ናይ ጽምብል ግዜይ በጺሑ እዩ፤ ብጐይታ ክሕጐስን ደስ ክብለንን እዩ። እግዚኣብሄር እመስገን፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 5:3

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 55:1-57:3



ሰንበት፣ 22 ሰነ

# ፍረ ማህጸንኪ

**ሰቆቃው ኤርምያስ 2: 19**
**ኣብ መመጀመርታ ሕልዋ ተንስኢ፡ ብለይቲ ጨድሪ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽ እግዚኣብሄር ልብኺ ኸም ማይ ከዐዊ። ስለ ነፍሳት እቶም ኣብ መኣዝን ኲሉ መገዲ ጠምዮም ዜሕለልዉ ሕጻናትኪ ኣእዳውኪ ናብኡ ኣልዕሊ።**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ኣብ ግዜ ጸሎት ልብኻ "ክትኩዑ" ከም ዘለካ ትሕብር። ።ኣብዛ ጥቕሲ፣ እታ "ኸዓዊ" እትብል ዘላ ቃል ካብ "ሻፋኽ" እትብል ቃል ናይ እብራይስጥ እያ ተቶርጕማ፣ ትርጉማ ድማ ካብ ሕርቃን ዝተላዕለ ምፍሳስ ማለት እዩ። ሓደ ኣብነት፣ የሱስ ኣብ ገነት ጌተሰማኔ ክጽሊ ከሎ፡ ብጻዕቂ ጸሎቱ ነጠብጣብ ደም ዝረሃጸሉ ግዜ እዩ ። ደቅኻ ንመጻኢኻን ንተስፋኻን እዮም ዝውክሉ፣ ስለዚ ጸላኢ ደድሕሪኦም እንተ ደኣ ይኸይድ ኣሎ፣ ብጸሎት ሕርቃንካ ኣፍስስ። ንዲያብሎስ ደቅኻ ክትንክፎም ከም ዘይክእል ንገሮ።

ሎሚ ስለ ደቅኹም እጽሊ ኣለኹ። ብጥሜት ኣይክሳቐዩን እዮም፣ ኣይክሕለሉን እዮም፣ ንጸቕጢ መዛኑ እውን ክኽተሉን እዮም። ንደቅኻ ክትጽሊ ከለኻ፡ ገና ጸልማት ከሎ ብለይቲ ግበሮ፣ ኣብ እዋን ለይቲ። ካብ ውሻጤኻ ኣብ ጸሎት ጽዓር፣ ብጻዕቂ ድማ ኣብኡ ድፋእ። ዲያብሎስ ድማ ኣእዳዉ ካብኦም ከግልስ እዩ፡ ስድራኻ ድማ ኣብዛ ክብርቲ ዓመት ውዳሴ ክዝምሩ እዮም።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጸላኢ ንደቀይ ፈጺሙ ዘይሰግሮ ዶባት ኣቐሚጠ ኣለኹ። ኣብ ምውጻኦምን ምእታዎምን ናይ ምክልኻል ሓጹር ክኸቦም እእውጅ ኣለኹ። ካብ ሕጂን ወትሩን ሕጉስቲ ኣደ ቆልዑ ክኸውን እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 28:2

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 57:4-60:12





# እቲ ናይ ስድራ ብድሆ

**ወንጌል ዮሐንስ 6: 42**
**እዝስ እቲ ኣቦኡን ኣዲኡን ንሕና እንፈልጦም የሱስ ወዲ ዮሴፍ ደይኰነን፡ ከመይ ኢሉ ደኣ፥ ካብ ሰማይ ወረድኩ፡ ይብል አሎ፧ ይብሉ ነበሩ።**

ኩሉ ግዜ ንሰባት ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ኣርዓድትን ፍሉጣትን ንክኾኑ እየ ዝላበዎም። ንስድራቤትካ ዘሳቐየ ናይ ወለዶ መርገም ንምስባር ኣብ እትኸደሉ ዘለኻ እዋን፡ ገዛእ ስድራቤትካ ከላግጹልካን ክንዕቁኻን እንተጀሚሮም ኣይትገረም። ንኣድሓኒኦም ምንዓቕ ባህሪ ስድራቤት እዩ። የሱስ ውን ከይተረፈ ብገዛእ ዓሌቱ ከም ዝተነጸገ ኣስተውዕል።

እቲ ምስቲ ቅብኣት ዘለዎም ቅርበት ንኣተሓሳስባኦም ስለ ዝደበኖ፡ ክላገጹልካ ክጅምሩ ባህሪ ስድራቤት እዩ። ስድራኻ ስለ ብስጋ ዝፈልጡኽእ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መንፈሳዊ ብቕሊት ከለልይዎ ኣይክእሉን እዮም፡ ሓድሓደ ግዜ ድማ ካብኡ ውን ክባረኹ ኣይክእሉን እዮም። ስለ ስድራኻን ፈተውትኻን ክትጽሊ ሓላፍነት ኣሎካ። ናብ ፍልጠት ሓቂ መጺኦም ካብቲ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኣብ ህይወትካ ዘሎ ብዙሕ በረኸት ኣምላኽ ክካፈሉ ጸሊ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ተሰካሚ ጥዑም ብስራት እየ፤ ወለሓንቲ ካብቲ መለኮታዊ ስርሐይ ተስፋ ከም ዝቖርጽ ዝገብረኒ ነገር የለን። እቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ክቡር ብርሃን ክበርህን ንኹሉ ኣብ ስድራይ ዘሎ ጸልማት ንኽብረ ኣምላኽ ክብትኖን እዩ፣ በቲ ሓያል ስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 4:22

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 61-64



ሰሉስ፣ 24 ሰነ

# ድቃስካ ኣውሕድ፣ ጸሎትካ ወስኽ

**ወንጌል ማቴዎስ 13: 25**
**እቶም ሰብ ደቂሶም ከለዉ፡ ጸላኢ መጸ፡ ኣብቲ ማእከል ስርናይ ድማ ክርዳድ ዘሪኡ ኸደ።**

እቲ ኣንጻሩ ደው ኢልና ዘለና ጸላኢ ስርሑ ዝያዳ ብለይቲ እዩ ዘካይድ። ድያብሎስን መሻርኽቱን ብግዜ ለይቲ፣ ክርስትያናት ኣብ ዓሚቝ ድቃስ እንዳ ሓርነኹ እንከለዉ እዮም ስርሖም ዘካይዱ፣ መዓልቲ ምስ ኮነ ድማ ውጽኢት ናይ ስርሖም ይርእዩ። ክርስትናኻ ኣዝዩ ዓሚቝ ስለ ዘይኮነ እዩ ዝኾነ ሰብ ዘይፈርሓካ። ጸሎት ዘይብሉ ክርስትያን ሓይሊ ዘይብሉ ክርስትያን እዩ። ኣነ ኣብዚ ዘለኹ ኣናብስ ንክተንስእ እየ። ቃል ኣምላኽ ንሕና ነገስታትን ካህናትን እምበር ንግስቲ (queen) ኢና ኣይብልን እዩ። ሓደ ካህን ናይ ገዝኡ፣ ንድቃሱ ሓንሳብ ተጸበ ኢሉ፣ ገዛእ ርእሱ ተዓጢቑ፣ ኣብቲ ሰይጣን ስርሑ ብዝያዳ ዝነጥፈሉ ናይ ለይቲ ግዜ እዩ ምስ ሰይጣን ዝገጥም።

ስድራኻን ንግድኻን ንኽዕምብብ ኣብ ቦታ ጸሎት ዓቕምኻን ባህርኻን ኡነጽ። ጸላኢ ዕንወት እናፈጸመ ከሎ ምሉእ ለይቲ ትድቅስ  እንተ ደኣ ኮይንካ፣ ምስ ተበራበርካ እቲ ዕንወት ንምፍታሽ ጥራይ እዩ ዕድል ዘለካ እምበር ካልእ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ከምዚ ዓይነት ህይወት ኣይተፍቅድ።  ኣብ ባንክ ሕሳብካ ሚልዮናትን ቢልዮናትን ዶላር ወይ ማዕረኡ ክሳብ ዘይረኣኻ፡ መንሽሮ (cancer) ካባኻ ክሳብ ዝመክኽ፡ ድኽነት ካብ ስድራቤትካ ክሳብ ዝሃድም፡ ንኣዒንትኻ ፈጺምካ ድቃስ ኣይትሃበን! ብስም የሱስ ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ወለዶይ ክመርሕ እንዳ ተጸበዩኒ እንከለዉ፣ ዓይነይ ንኽዕርፋን ክድቅሳን ኣየፍቅደለንን እየ። ንኽደምቕ ግዜይ ስለ ዝኾነ፡ ሎሚ ዓመት ከየቋረጽኩ ብምጽላይ፣ ንተኣምራተይ ኣብቲ መሰውኢ ከም ዝግለጽ ክገብር እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴ 13:39

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 65:1-68:4



ረቡዕ፣ 25 ሰነ

# እዛ እምባ ግዳ ሃበኒ

**መጽሓፍ መሳፍንቲ 5: 20**
**ካብ ሰማይ ተዋግኡ፡ ከዋኽብቲ ኣብ ምኻዶም ምስ ሲሰራ ተዋግኡ።**

እስራኤል ናብ ውግእ ዝኸዱሉ እዋን እዩ ነይሩ፣ እቶም ሓያላት ጀጋኑ ኣብ ዓውደ ውግእ ተሰሊፎም ነበሩ፡ እቲ ውግእ ኣብ ምድሪ እናወጽ እዩ ነይሩ። እዛ ናይ ሎሚ ጥቕስና ከዋኽብትን ሩባ ኪሶንን ኣብ ክንዲ እስራኤል ከም ዝተዋግኡ ይነግረና። ዳዊት ኣብ 2ይ ሳሙኤል 1፡21፣ እስራኤል ኣብ ዝተሳዕሩሉ እዋን፣ ነቲ ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበረ እምባ ንእስራኤል ስለ ዘይተቓለሰ ጠሊ ክኽልከል እዩ ኢሉ ብምግናሕ ኣምሪሩ ምዝራቡ ዘገርም ኣይኮነን።

ናይ ጸልማት ሰባት ነዚ ነገር እዚ ይርድእዎ እዮም፣ ምስናይዚ ግን ክርስትያናት ንኣኽራን፣ ንሩባታት፣ ንባንክ ሕሳብካ፣ ንባንክ ካርድኻ፣ ምስቲ ዝራእቲኻ ዝተኸልካሉ ሓመድ ክትዛረብ ከም እትኽእል ኣይርድኦምን እዩ። ምስቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ባእታታት ክትዛረብ ክትጅምር ግዜኡ እዩ። ስቕ ኣይትበል፤ ብዛዕባ እቲ ክትረኦ እትደሊ ውጽኢት ንኹሉ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ክትዛረብ ጀምር። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ገንዘብካ ንትእዛዛትካ ክእዘዞምን ክሰምዖምን እዩ። ገንዘብካ ኣብ ባንክ ሕሳብካ ክርአ ክጅምር ኣዝዞ። ኣብ ኩሉ ቦታ ጥዑም ብስራት እትስሕበሉ ዓመትካ እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኹሉ ክትኣስረኒ ዘደለኻ ኩነታት፣ ሕጂ እዛረበካ ኣለኹ፡ ጌጋ ሰብ መሪጽካ ከም ዘለኻ እነግረካ ኣለኹ። ዝኾነ ነገር ደው ከብለኒ ኣይክእልን እዩ። ምድሪ ንቕድሚት ክትደፍኣኒ እያ፣ እቲ ኣየር ውን ከይተረፈ ንፍጥነተይ ከተቀላጥፎ እዩ። ተፈጥሮ ውን ከተረፈ ኣብ ጎነይ ስለ ዝኾነ፣ ካብቲ ትሓስቦ ንላዕሊ ቅልጣፈ ጌይረ ናብ ዕላማይ ክበጽሕ እየ። እግዚኣብሄር እመስገን፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እያሱ 10:12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 68:5-69:4



ሓሙስ፣ 26 ሰነ

# መለኮታዊ ኣወዳድባ

**መዝሙር ዳዊት 37: 23**
**ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ፣ መገዱ ኸኣ ባህ የብሎ።**

እዛ ጥቕሲ፡ ስጉምቲ ሰብ ብጐይታ ከም ዝጸንዕ ትነግረና። እታ ‘ይጸንዕ’ እትብል ቃል ኣብቲ መበቈላዊ ትርጉም እብራይስጢ “ኩውን” (kuwn) እያ ትርጉማ ድማ ኣጽኒዕካ ምትካል፣ ምእዛዝ፣ ሸጥ ኣቢልካ ምእሳር፣ ምጽጋን፣ ምግባር፣ ፍጹም ምግባር፣ ምሻም፣ ምድላዋት ምግባር፣ ምምስራት ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣምላኽ ነቲ ራእይ ክህበካ ከሎ እቲ ንዕኡ ዘድሊ ስንቂ እውን ከም ዝህበካ ንምርዳእ ትሕግዘና። ኣብቲ ዝተዋህበካ ራእይ ብዘይ ምቁራጽ ከም እትብልጽግ ይገብረካ።

ንራእይካ ዝኸውን ስንቂ እንተዘይሃልዩ፡ ንራእይካ ካልኣይ ግዜ ክትግምግሞ ክድልየካ እዩ። ኩሉ ካብ ጎይታ ዝተዋህበ ራእይ ጎይታ ባዕሉ እዩ ፍጹም ዝገብሮ። እዚ ድማ ሓደ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ትርጉማት እዩ። ካልእ ትርጉም ናይ ‘ምጽናዕ’፣ ብልጹግ ምግባር እዩ። ስለዚ ተስፋ ኣይትቑረጽ፣ እቲ ነቲ ራእይ ዝሃበካ ጎይታ ናይ ምፍሻል ዓቕሚ የብሉን። ዕጨኻን መጻኢኻን ዝቕይር ኣምላኽ እዩ። ሎሚ ዓመት፣ እንቋዕ ሓጎሰካ እትብሃለሉ ግዜ ክግለጽ ስለ ዝቐርብ ዘሎ፣ ምድላዋት ግበር። እግዚኣብሄር እመስገን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ነቲ ኣምላኽ ዝሃበኒ ራእይ እናተኸተልኩ ዕዉት ዝኾነ መእተዊ ክህልወኒ እዩ። ህይወተይ ናይ ምስክርነታት ህይወት ክትከውን እያ። ኣነ ብጎይታ እተኣዘዝኩ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝኾነ ድብያ ጸላኢ ወይ ካብ ተጻባኢ ዝመጽእ መጥቃዕቲ ንገስጋሰይ ደው ኣይከብሎን እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 18:19

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 69:5-71:16



GoodNews DAILY



ዓርቢ፣ 27 ሰነ

# ተባዕ ዝኾነት እምነት ከም ኣብነት

**ወንጌል ማርቆስ 2: 4**
**ህዝቢ ስለ ዝበዝሑ፡ ናብኡ ምእታው እንተ ሰኣኑ ኸኣ፡ ናሕሲ እታ ዘለዋ ቤት ኣፍረሱ። ምስ ኣፍረሱ፡ ነታ እቲ መጻጉዕ ደቂስዋ ዘሎ ዓራት ኣውረድዋ።**

ትብዓት ናይ'ዞም ሰባት እዚኣቶም እስከ ርኣዩ፣ ነቲ ዝሓመመ ዓርኮም ናብ የሱስ ንምብጻሕ ዘኽእል ኩሉ መገዲ ከም ዝተዓጽወ ምስ ረኣዩ፣ ማለት እቲ ቀንዲ መእተዊ ማዕጾ፡ እቲ ናይ ድሕሪት ማዕጾን ከምኡ ውን እቲ መስኮት ከይተረፈ ከም ዝተዓጽወ ምስ ረኣዩ፡ ተስፋ ምቑራጽ ኣበዩ። ኣብ ክንድኡ መሃዝቲ ኮይኖም ብናሕሲ ኣቢሎም ሓድሽ መእተዊ ነጥቢ ፈጠሩ። ሎሚ ከተባብዓካ- ተኣምርካ ድሮ ኣብ ውጥን ኣትዩ እዩ። ኣረ እቲ ሓቅስ ካብ ኢድ ኣምላኽ ቅድሚ ነዊሕ እዋን እዩ ተፈንዩ።

ንቢዛኻ፡ ውዕልካ፡ ወይ ዕቤትካ ዓጊቱ ዘሎ ዕንቅፋታት ብዘየገድስ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክመጽእ እዩ። ነቲ ናይ ቅድሚት ማዕጾ፡ ነቲ ናይ ድሕሪት ማዕጾ ወይ ነቲ መስኮት ዝዓጸዉዎ እንተመሲሎም፡ ናብ ዕብየት እትኣትወሉ ቦታ ብዘይተለምደ መእተዊ ክመጽእ እዩ። ተኣምርካ ናባኻ ዘብጽሖ ካልእ መንገዲ ክረክብ እዩ። ስለዚ ብዛዕባ እቲ ኣገባብ ኣመጻጽእኡ ኣይትጨነቕ። እግዚኣብሄር መንገዲ ዘይብሉ ኣብ ዝመስለሉ መንገዲ ይሰርሕ ኣሎ። ተኣምርካ ንዓኻ ንክበጽሓካ ብህጹጽ መእተዊ ካብ ላዕሊ ክመጽእ እዩ። ኣሜን።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ንዓወት እየ ተመዲበ፤ ሂወተይ ከምዚ ዘላቶ ኣይክትውዳእን እያ። ኣነ ሓደ ህያው፡ ዘስተንፍስ፡ ዝንቀሳቀስ፣ ዝስዕስዕን ዝጨድርን ትእምርትን ተኣምራትን እየ። ናይ ኣምላኽ ክብሪ ድማ ይገልጽ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 5:19

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 71:17-73:20



ቀዳም፣ 28 ሰነ

# ክትርአ ትኽል እምነት

**ወንጌል ሉቃስ 5: 20**
**እምነቶም ምስ ረኣየ ድማ፡ ኣታ ሰብኣይ፡ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ አሎ፡ በሎ።**

እምነት ክትርአ ትኽእል እያ። ሓንቲ ጽንዕትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይትኣቱን እምነት ክትርእያ ትኽእል ኢኻ። እምነትካ ብኸመይ እያ ክትረአ ትኽእል፧ ኣብ ግብሪ ምስ ኣውዓልካያ እያ ትርአ። እምነት ብዘይ ተግባር ምውትቲ ስለ ዝኾነት ነቲ ኣሚንካዮ ዘለኻ ነገር ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ኣለካ። እምነት ንቃል ኣምላኽ ኣይትጠራጠሮን እያ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ከምቲ ያእቆብ ዝገበሮ ነቲ ቃል ኣምላኽ ሒዝካ ክትቃለስ ኣለካ። ብሰንኪ ድፍረቱ ክሳብ ዝባረኽ ነቲ ቃል ቀጥ ኣቢሉ እዩ ሒዝዎ፣ ካብኡ ድማ ፈጺሙ ኣይተንቀሳቐሰን። ያእቆብ ምሉእ ለይቲ ቃንዛን ተስፋ ምቑራጽን ጻዕርን እኳ እንተነበሮ፡ ስሙን ዕድሉን ክሳብ ዝቕየር ግን ነቲ ቃል ኣጽኒዑ እዩ ሒዝዎ።

ናይ ሎሚ ሕቶ፡ "እግዚኣብሔር እምነትካ ክርእዮ ይኽእል ዶ፧" እያ። ጢሞቴዎስ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህይወቱ እተዘርበ ትንቢት ሒዙ እዩ ዝትዋግአ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ትንቢታዊ ቃላት ተባሂሎም ኣለዉ። ኣብ ስድራ ቤትካን ንግድኻን ኣገልግሎትካን ክፍጸሙ ንምርኣይ በተን ቃላት ትዋጋእ ኣለኻ ዶ፧ ጸጋ ትርጉም ዘይኮነስ፣ እምነት እዩ ዝህብ። ሎሚ ተኣምርካ ብስም የሱስ ተቐበል።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

እምነተይ ክትረአ እያ፤ ንኹሎም ምጥርጣራተይ እጠራጠሮም ኣለኹ። ኣነ እቲ ኣምላኽ ዝብሎ እየ፣ ብልጹግ እየ፣ ንመንግስቲ ኣምላኽ ፈይናንስ ዝገብር ሰብ እየ፣ ከምኡውን ብርቱዕ ወሃቢ እየ፣ ሕጂን ወትሩን ንወንጌል ክምውል ድሉው እየ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘፍጥረት 22:12

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 73:21-76:7



ሰንበት፣ 29 ሰነ

# ናይ ኣምላኽ ግዜ ኣገዳሲ እዩ

**1ይ ዜና መዋዕል 12: 32**
**ካብ ደቂ ይሳኮር ከኣ፡ እስራኤል እንታይ ኪገብር ከም ዘግብኦ ኺፈልጡ፡ ምስትውዓል ዘመናት ዘለዎም፡ ክልተ ሚእቲ ዋናታቶም፡ ኣብ ትሕቲ ትእዛዞም ድማ ኩሎም ኣሕዋቶም ምሳታቶም።**

ኣብ ነፍሲ ወከፍ እተዋህበ ግዜ፡ ምትእኽኻብ ናይ ዕድላትን ዝተፈላለየ ተኽእሎታትን ኣሎ። ዝተወሰኑ ስጉምትታት ኣብ ትኽክለኛ ግዜ ክውሰዱ ኣለዎም፤ እንተዘይኮይኑ እቲ ዝተሓሰበ ውጽኢት ኣይትረክብን ኢኻ። ናይ ሎሚ ጥቕስና፣ ደቂ ይሳሮር ዘመናትን ወቕትታትን ብልክዕ ይርድኡ ስለ ዝነበሩ፡ ኣሕዋቶም ኣብ ትእዛዞም ክኾኑ ኣኽኢሉ።

ብዛዕባ ግዜ ክንዛረብ ክለና፣ ክልተ ቀንዲ ረቋሒታት ከም ዘለዉ ክትርዳእ ኣለካ። እቲ ቀዳማይ "ክሮኖስ" (chronos) እዩ፡ እዚ እቲ ስሩዕ፡ መዓልታዊ ግዜ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ካልኣይ ድማ "ካይሮስ" (kairos) እዩ። እዚ ድማ እቲ ብኣምላኽ እተመደበ መለኮታዊ ግዜ እዩ። ካይሮስ ምስ ክሮኖስ ምስ ዝራኸብ፡ እቲ ልዕለ ባህርያዊ ኣብ ልዕሊ እቲ ተፈጥሮኣዊ ጽልዋ ክፈጥር እጅምር። እዚ ድማ ዕጫኻ ከም ዝቕየር ይገብርን ንሰማያዊ ክውንነታት ኣብ ልዕሊ ምድራዊ ኩነታትካ ይጽዕንን። ኣብ ካይሮስ ህሞትካ ኣቲኻ ኣለኻ፣ ሕጂ ድማ ኣብ ህይወትካ ነገራት ክቕየሩ ጀሚሮም ኣለዉ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንኽምዚ ዝበለ ግዜ እየ ተወሊደ፣ ኣብ ስድራይ ንኹሉ ኣሰር ድኽነት ንምግልባጥ እየ ተወሊደ። ኣነ መርገም ዝሰብር፡ መስመር ዝሰግር፡ ሓጹር ዝሰብርን ናህሪ ዝሰርዕን እየ። ንገጠምተይ ክገጥምን ክዕወትን መለኮታዊ ትእዛዝ ተዋሂበ ኣለኹ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኣስቴር 1:13

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 76:8-78:24



ሰኑይ፣ 30 ሰነ

# መገድታት ኣምላኽ ኣንጻር ተግባራት ኣምላኽ

**መዝሙር ዳዊት 103: 7**
**መገድታቱ ንሙሴ፣ ግብርታቱ ንደቂ እስራኤል ኣፍለጠ።**

እቶም ኣብ በረኻ ዝነበሩ ደቂ እስራኤል ንተግባራት ኣምላኽ ከም ልሙድ ክወስድዎ እዮም ጀሚሮም። ከም መግቢ እተዳለወሎም ማና ይበልዑ ነበሩ። ቀይሕ ባሕሪ ብኣምላኽ ክመቓቐል፡ ክዳውንቶም ዝኾነ ብላይ ወይ ቅዳድ ከም ዘይነበሮ፡ እናዓበዩ ምስ ከዱ ድማ ዓቐን ጫማኦም እውን ምስኦም እናዓበየ ክኸይድ ከሎ ርእዮሞ እዮም። ከምኡ ውን ምስ ክዳውንቶም እዮም ዓብዮም። ኣምላኽ ንስጋ ክኾኖም ኢሉ ኳኽት ካብ ባሕሪ እዩ ኣምጺኡ። ከምኡ ውን ካብ ከውሒ ጽምኦም ንምርዋይ ማይ ቀረበሎም። ኣብ ማእከል ቀጻሊ ትእምርትታትን ተኣምርን እዮም ዝነብሩ ነይሮም። ኩሎም እዚኣቶም ግብርታት ኣምላኽ እዮም ነይሮም።

መገድታት እግዚኣብሔር ግና ምስ እግዚኣብሔር ኣዘዩ ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ እዩ ዘስምዕ። እዚ ርክብ እዚ ኣብ ጸሎት ምስ ፈጣሪኻ ብምዝርራብ እኹል ግዜ ምሕላፍ፣ ብመንፈስን ሓቅን ብምምላኽን ኣምላኽ ድማ ንዓኻ ንክዛረበካ ዕድል ብምሃብን እዩ ዝምዕብል። ነቲ እተገልግሎ ኣምላኽ ብውልቂ ምፍላጥ እምበር ነቶም ተኣምራታቱ ምግንዛብ ጥራይ ኣይኮነን። እዚ ርክብ እዚ መዓልታዊ ቃሉ ብምንባብን ድምጹ ብምስማዕን እዩ ዝዓቢ። ምስ እግዚኣብሔር ግዜ ንከተሕልፍ ብንቕሓት ውሳኔ ውሰድ፣ ንሱ ድማ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ብዝያዳ ንርእሱ ክገልጸልካ እዩ።

## ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ንመገደይ ብርሃን እዩ። ምስኡ ጥቡቕ ሕብረት ብምምዕባለይ ስጉምታታተይ ይመርሓኒ እዩ እሞ፣ ፈጺመ ኣይዕንቅፍን እየ። ንኣምላኽ ብኣግኡ ብቃሉን ብጸሎትን እየ ዝደልዮ። ሎሚ ዓመት መገድታቱ ክፈልጥ እየ። ሃሌሉያ! ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘጸኣት 33:13

**ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ**
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ መዝሙር 78:25-72

## ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሂወትካ ተቐቢልካዮ፧

ነዛ ጸሎት እዚኣ ብምጽላይ ንየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ህይወትካ ኽትገብሮ ንዕድመካ ኣለና።

ኦ ጐይታይ ኣምላኽ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናባኻ ይመጽእ ኣለኹ። ብምሉእ ልበይ ኣብ ወዲ ህያው ኣምላኽ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ይኣምን እየ። ምእንታይ ከም ዝሞተን ኣምላኽ ካብ ሞት ከም ዘተንስኦን እኣምን እየ። ሎሚ ብህይወት ከም ዘሎ እኣምን እየ። የሱስ ክርስቶስ ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ጐይታ ህይወተይ ምኳኑ ብኣፈይ እእመን ኣለኹ። ብእኡን ብስሙን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣሎኒ፣ ዳግም ተወሊደ እየ። ጐይታይ ንነፍሰይ ስለ ዘድሓንካያ አመስግነካ። ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ እየ ። ሃሌሉያ!

እንቋዕ ሓጐሰካ! ካብ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኰንካ ኢኻ።

To receive more information on how you can grow as a Christian, please get in touch with us on

**UK: +44 3333 448 612 / USA +1 240 781 6942**
**RSA +27 51 004 0209**

www.uebertangel.org | www.goodnewsworld.com

# ንሓለዋ ዝኸውን ጥቕሲ

ትንቢት ኢሰያስ 54

14 ኣነ ጽኑዕን ኣብ ጽድቂ ዝተሰረትኩን እየ። ካብ
ዝኾነ ይኹን ሸግር ዝረሓቕኩ፣ ዝፈርሆ ነገር
የብለይን። ራዕዲ ካባይ ርሒቑ እዩ፣ ጥቓይውን
ፈጺሙ ኣይቐርብን።

15 ዝኾነ እንተ ኣጥቂዕኒ፣ ብፍጹም ካብ
ኣምላኽ እዩ ተላኢኹ ኢለ ኣይሓስብን። ዝኾነ
ዓይነት መጥቃዕቲ እንተመጸ፣ ንዓይ ግን
ኣይክጎድኣንን እዩ።

16 ነቲ ሂወት ንምንጽናት ኢሉ እተሰርሐ ኣጽዋር
ዝሰርሕ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ፈጣሪኡ። ነቲ
መጥፍኢ እውን ንሱ እዩ ፈጢርዎ።

17 ንዓይ ኪጐድኣኒ ዚኽእል ኣጽዋር ግና ተሰሪሑ
ኣይፈልጥን። ዝኾነ ሰብ እንተ ደኣ ኸሲስኒ፣ ከም
ሓሳዊ ክንጸግ እዩ። ኣነ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ስለ
ዝኾንኩ፣ እዚ እዩ ርስተይ። እግዚኣብሄር ድማ
ኵሉ ነገር ንጹቡቐይ ከም ዝሰርሕ ከረጋግጽ እዩ።

እቲ ኣምላኽ ዝብለኒ እዚ እዩ
ብስም የሱስ ፈጺሙ ኣይክፈሸልን እዩ!

TRANSLATED FROM THE MESSAGE BIBLE IN ENGLISH

# ዓመታዊ ምርኢት
# GoodNews Nation

---

# ዓቢ ምርኢት ናይ ጽልዋ መንግስቲ ኣምላኽ!

ብነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝተዳለወ ዓመታዊ ምርኢት GoodNews Nation ኣብ ሃራረ ዚምባብወ ኣብ ዝርከብ ሃራረ ሂፖድሮም (Harare Hippodrome) ዝተኻየደ መስተንክር መደብ እዩ። እዚ ክቡር ምርኢት ኣብ ውሽጢ ስፒሪት ኤምባሲ ቤተ ክርስትያን ናይ ጥዑም ብስራት (Spirit Embassy – The GoodNews Church ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ኣገልግሎት ነቲ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎ ስርሖም ንምርኣይን ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ዝርገሐ ምንቅስቓስ ጥዑም ብስራት ንምጉላሕን መድረኽ ፈጢሩ እዩ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ፍሉይ ተርእዮ ናይቲ ምርኢት፣ ናይ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዝነበረ ምርኢት እዩ። ኣብዚ ምርኢት እዚ እቶም ተሳተፍቲ እዛ ዕለታዊ ንባብ ክሳብ ክንደይ ወንጌል ናብ መላእ ዓለም ኣብ ምዝርጋሕ ጽልዋ ከም ዘለዋ ተገንዚቦም። ሕታማት ናይ ጥዑም ብስራት ህጻናትን ከምኡ ውን ጥዑም ብስራት መንእሰያትን እውን ኣብቲ ምርኢት ቀሪበን እየን፣ ከመይ ጌረን ነቲ ዝቕጽል ወለዶ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቅታት የዕጥቓን የዕብያን ከምዘለዋ ድማ ብግብሪ ከርእያ ክኢለን። እቶም በጻሕቲ ምስቶም እዋናዊ  ጽሑፋትን ስርሓትን ናይ ጥዑም ብስራት ክዋስኡን ከምኡ ውን ከመይ ጌሮም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናብ ሓያል መሳርሒ መንፈሳዊ መግቢ ከምዝዓበዩ ንክዕዘቡን ዕድል ረኺቦም እዮም።

እቲ መደብ ምጅማር ሓያሎ ዓበይቲ ተበግሶታት እውን ኮይኑ እዩ። ጽልዋ ናይ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ናብ መሳጢን ሓድሽን ኣንፈታት ከም ዘስፍሕ ድማ ጌሩ። ካብ ምዝርጋሕ ሓደስቲ ናይ ሕትመት ንዋታት ኣትሒዝካ ክሳብ ምክፋት ናይ ፈጠራዊ ዲጂታላዊ መድረኻት፣ እቲ ምርኢት ቀጻሊ ዕብየትን ምዕባለን ናይቲ ብነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝምራሕ ራእይ ዘንጸባርቕ እዩ። ምስ ልቦና ዝመልኦ ኣቀራርባታት፡ ንጡፍ ምርኢታትን ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተመልአ ሃዋህውን፡ እዚ ምርኢት እዚ ተራ ምርኢት ኣይነበረን፣ እዚ ምርኢት ጽምብል ናይ ጽልዋ መንግስቲ ኣምላኽ እዩ ነይሩ። ቤተ ክርስቲያን ስፒሪት ኤምባሲ ቤተ ክርስትያን ናይ ጥዑም ብስራት (Spirit Embassy – The GoodNews Church እናሰፍሐት ኣብ እትኸደሉ ዘላ እዋን፡ እዚ ዓመታዊ ምርኢት እዚ ሓያል ምስክር ናይቲ ወንጌል ንምዝርጋሕ ኢሉ ዝስራሕ ዘሎ ዕማምን ነቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ክቡር መጻኢን ኮይኑ ደው ይብል!

## ብነቢይ ዩበርት ኤንጅል














# ጥዑም ብስራት ኣብ ጉዕዞ - ዓለምለኻዊ ወርሒ ተዓዋቲ ነፍሲ

ጥዑም ብስራት ኣብ ጉዕዞ (GOODNEWS ON THE GO) እታ ኣብ መላእ ዓለም እትርከብ ጋንታና ኣብቲ ብነቢይ ዩበርት ዝተደፋፍአ ሓያል ተበግሶ ናይ ዓለምለኻዊ ወርሒ ተዓዋቲ ነፍሲ (GLOBAL SOUL WINNER MONTH) ኣብ ዝተሳተፈትሉ እዋን ፍሉይ ወቕቲ ናይ ስብከተ ወንጌል ኸቢሩ። ኣብዚ ህይወት ዝቕይር ወፍሪ፡ እተን ውፉያት ጋንታታትና ብጥዑም ብስራት መዓልታዊ ናይ ዕለታዊ ንባብ ተዓቲቐን ናብ ጎደናታት ወጺ፣ ብትብዓትን ኒሕን ድማ ወንጌል ኣካፊላ። ካብ ማእከል ከተማታት ክሳብ ኣብ ገጠራት ዝርከባ ማሕበረተሰባት፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር ቅዳሓት ናይ ዕለታዊ ንባብ ጥዑም ብስራት ተዘርጊሑ፣ ህይወት ብዙሓት ተንኪፉን ኣብ ልቢ ብዙሓት ድማ እምነት ኣቃጺሉ። ሰባት ነዚ ጥዑም ብስራት ምስ ተቐበሉ፡ ማእለያ ዘይብለን ነፍሳት ህይወተን ናብ ክርስቶስ ኣረከባ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ድማ ዓቢ ዓጺድ ናይ ነፍሳት ኮነ። ነፍሲ ጎደና ናብ ናይ ተልእኾ ሜዳ ተለወጠ፣ ነፍሲ ወከፍ ርክብ ድማ ፍቕርን መልእኽትን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንምስፋሕ ዝሕግዝ ዕድል ነበረ።











እዚ ንምእማኑ ዘጸግም ምንቅስቓስ፣ ስፒሪት ኤምባሲ ቤተ ክርስትያን ናይ ጥዑም ብስራት (Spirit Embassy – The GoodNews Church) ወንጌል ንዓለም ኣብ ምብጻሕ ዘለዋ ሓይሊ እዩ ኣርእዩ። ጥዑም ብስራት ኣብ ጉዕዞ (GOODNEWS ON THE GO) ተራ ፍጻመ ኣይኮነን፣ ንኹሉ ኣማኒ ስብከተ ወንጌል ሂወትና ምዃኑ ዘዘኻኽር ጻውዒት'ዩ ነይሩ። እዚ ጽልዋ እናዓበየ ምስ ከደ ድማ ነተን ዝተለወጣ ህይወት ከነብዕለለንን ከምኡ ውን ንክርስቶስ ነፍሳት ንምዕዋት ዝያዳ ዝዓበየ ምዝመዛታት ብሃንቀውታ ንጽበን።

To see more visit:
www.goodnewsdailydevotional.com

# ዝተጠርነፉ ሓቅታት ካብ ጥዕም ብስራት መዓልታዊ




ምርሒት ካብ ቓል ኣምላኽ ንምርካብን፣መንፈሳዊ ሃብቲ ንምኽዕባትን፣ ኣብ ክርስቶስ ሱር ዝሰደደ ህይወት ንምህላውን ንቃል ኣምላኽ ዘየሻሙ ሂወት ንምምራሕን፣ እዛ ዝተጠርነፉሓቕታት ካብ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ good news daily compendium ዝሓዘት ጽሕፍቲ እምኒ መኣዝን ኮይና ኣላ። እዛ 1ይቲ ሕታም ነዚ ጉዕዞ እዚ መወዳድርቲዘይብሉ ምንጪ ኢያ እትህብ ።ንወንጌላት ብቐሊሉንብዝዓመቈ መገድን ንምጽናዕ ተባሂሉ ውን ብኣርእስትታት ዝተኸፋፈለ መልእኽትታትዝሓዘትት ኢያ።

ብነብይ ዩበርት ኤንጅል

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM




# ቋንቋ መውል

ኣብዚ መስተንክር ዝኾነ ጉዕዞ፣ ነዚ መልእኽቲ ብምምዋልን ምስ ካልኦት ብምክፋልን ናብ ልቢ
ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሚሊዮናት ነፍሳት ንክንበጽሕ ተሓባበሩና።
ብሓባር ኮይንና ነቲ ጥዑም ብስራት ጸጋ ኣምላኽ ናብ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ከተማታት፣
ጎደናታትን ኣባይትን ከነብጽሖ ኢና።
ነፍሲ ወከፍ ወርሒ, ውፉያት ተሓባበርትና ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታማት፡
. ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን፡
ኣብያተ ትምህርትታትን፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ማእለያ ዘይብሎም
ቦታታትን ብናጻ ይዝርግሑ ኣለዉ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ዓለምለኻዊ ስርሓት ድማ ብዙሓት ምስክርነት ናይ ድሕነት፣ ፈውስን
መለኮታዊ ቀረብን ተቐቢልና ኢና።
ንሓደ ሰብ ናይ ሓድሽ ምጅማር ዕድልን ተስፋን ብምሃብ ኣካል ናይዚ ክቡር መስርሕ ኣምላኽ ኩን።

## ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

**@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL**

**SPONSOR AT: WWW.GOODNEWSDAILY DEVOTIONAL.COM**

ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጕማ ትርከብ

# መዓልታዊ ትንቢታዊ ምርሒትካ

ኣብዚ እዋን እዚ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ (Good News Daily) ንመንእሰያትን ንቈልዑን ከምኡውን ነቲ ብቐጥታ ካብ ልቢ ነብዪ ዩበርት ኤንጀል ዝብገስ ናይ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጅ ሒዛ ተዘርጊሓ ኣላ። እዚ ናይ ጥዑም ብስራት ማዓልታዊ ትሕዝቶ እዚ ህያውነት ቃል ኣምላኽ ንኹሎም ኣባላት ስድራ ቤትካ ንምህናጽ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ ። እቲ ንህጻናት ዝተዳለወ ሕታም ንቈልዑ ፣እምነት፣ ፍቕሪ፣ ከምኡ ድማ መብጽዓታት ኣምላኽ ብዘሐጕስን መሳጥን ኣገባብ ክቀርብ ከሎ፣ እቲ ናይ መናእሰይ ሕታም ከኣ ኣብ ህይወቶም ብመንፈሳዊ ጥበብን ብርታዐን ንኽምርሑ ዓሚቝ ምስትውዓል ዝህብ ኢዩ። ዕድመኻ ብዘየገድስ መዓልታዊ ምስቲ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ጕዕዞ ዚሰማማዕ ትንቢታዊ መምርሒ ተቐበል! እዚ ኣጋጣሚ እዚ ኣየምልጥካ።ሎሚ ብናጻ ቕዳሕካ ውሰድ።




SCAN ME

ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

# ዓለምለኻዊ ራእይ፣ ዓለምለኻዊ ባጀት ይሓትት

ናይ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ መሻርኽቲ (ለጋሲ) ኩን



ብሳላ ልግስኹምን፣ምትሕብባርኩምን ፋይናንሳዊደገፍኩምን ነዛ መጽሓፍ ጥዑም ብስራት መዓልታዊናብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ከነካፍልን ብዛዕባ እቲ ዘይተነግረክንነግርን ክኢልና ኣለና።
እዚ መልእኽቲድማ እቲ ብስራት ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ክቡር ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝምህሮ እዩ።
ነዚ መጽሓፍ ክንትርጉሞን ክንሓትሞንከምኡ ውን ብመንገዲ ናይ ተልእኾ መገሻታትና፡ GoodNews On-The-Go Campaign፡ ከምኡ'ውን Adopt a Nation/Language ክንዝርግሖክኢልና ኣለና።
ነዚ ወንጌል ብዝያዳ ንምዝርጋሕተሓባበሩና።
ኣብዚ ዓለምለኻዊ ራእይ፣ ተሓባበርትን መዳርግቲኣካላትን ብምዃን ነዚ መሎኮታዊመልእኽቲ ብመልክዕእዛ መጽሓፍ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ናብ መላእ ዓለም ንምብጻሕ ተሓባበሩና።

**ብነብይ ዩበርት ኤንጅል**

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

**PARTNER AT: WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM**

# እንቋዕ ናብ ናይ ኦንላይን ማእከልና ብደሓን መጻእኩም! ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

ኣብ መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM


@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL




ነፍሲ ወከፍ ወርሒ, ውፉያት ተሓባበርትና ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታማት፡ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን፡ .
ኣብያተ ትምህርትታትን፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ማእለያ ዘይብሎም ቦታታትን ብናጻ ይዝርግሑ ኣለዉ።
ከም ውጽኢት ናይዚ ዓለምለኻዊ ስርሓት ድማ ብዙሓት ምስክርነት ናይ ድሕነት፣ ፈውስን መለኮታዊ ቀረብን ተቐቢልና ኢና።
ንሓደ ሰብ ናይ ሓድሽ ምጅማር ዕድልን ተስፋን ብምሃብ ኣካል ናይዚ ክቡር መስርሕ ኣምላኽ ኩን።


For more information visit: www.goodnewsdailydevotional.com
You can also send an email to: gnd@goodnewsworld.com
Or Call At: **USA: +1 (240) 781-6942 UK: +44 333 344 8612**
**ZW: +263 773 195 955 RSA: +27 (51) 004-0209**

# ኩሉ ግዜ ኣብ




Spotify

ምስቶም መዓልቶም ብጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዚጅምሩ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሰማዕትና ሕበር
። ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ SPOTIFY እንዳ ሰማዕካ፣
ናብ ጉዕዞ መንፈሳዊ ዕቤትካን ምግላጽ ሓቅታት ቃል ኣምላኽን ብመሰረት ትምህርትታትን መግለጺታትን
ነቢ ዩበርት ኤንጀል ኣብ ሂወትካን ኣብ እትኸደሉ ዘለኻ እዋን፣ ነዛ መጽሓፍ መሳንይትኻ ግበራ።




# ኩሉ ግዜ ኣብ

Youtube

ፌእዛ መዓልታዊ ጥዑም ብስራት እትብለ ሕታም፣ኣብ መላእ ዓለም እተምጽኦ ዘላ ዓቢ ጽልዋ
ናይ ሂወት ምስክራት ውን ሒዛ ኣብ YouTube channel ትዝርጋሕ ኣላ።
ናይ ተስፋን ፍቅርን እምነትን መልእኽትታትሒዛ፣ ማእለያ ዘይብሉ ቁጽሪ ሂወት
ሰባት እንዳ ተንከፈትን እንዳለወጠትን፣ብልጽትን ቀዳመይትንዕለታዊ ንባብ
ኮይና ኣላ ። ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣በቲ ዓሚቕ ትምህርትታት ነብዩ ዩበርት ኤንጀል ዝተደረሰት ኮይና፣
ንውልቀ-ሰባትን፣ስድራቤታትን ፣ ህጻናትን ብምልዋጥ ከምኡ ውን ብዕላማንዕጋበትን
ንኽመላለሱ ብምግባርን ሓያል መሳርሒት ኮይና ኣላ።

## ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

SUBCRIBE NOW

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM


TheGoodNewsWorld Helplines
USA: +1 (240) 781-6942
UK: +44 333 344 8612
ZW: +263 773 195 955
RSA: +27 (51) 004-0209
www.goodnewsworld.com